ዩኒቨርሲቲ መቐለ

ኮሌጅ ሕብረተሰብ ሳይንስን ቋንቋታትን

ክፍሊ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ

ድህረ ምረቓ ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ

# ምትእስሳር ዕላማን ትሕዝቶን መርሃ ትምህርትን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ዝቐረበ ክእለት ፅሕፈት

ብምስትምሃር ቋንቋ ትግርኛ ዝቐረበ ካልኣይ ዲግሪ ንምርካብ ብኸፋል መማልኢ ኾይኑ ዝቐረበ መፅናዕታዊ ፅሑፍ

ብ

ኬርያ ኣዳነ ስጦታ

ን

ዋና አማኻሪ

ጌታሁን መሰለ(PHD)

ሓጋዚ አማኻሪ

አታኽልቲ መኮነን(MA)

2017 ዓ.ም

መቐለ

ትሕዝቶ ....... ገፅ

ምስጋና ....... IV

ማራ መፅናዕቲ ....... V

ምዕራፍ ሓደ ....... 1

1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ ....... 1

1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ ....... 2

1.3 ዕላማ መፅናዕቲ ....... 3

*1.3.1. ሓፈሻዊ ዕላማ ....... 3*

*1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት ....... 3*

1.4. ረብሓ መፅናዕቲ ....... 3

1.5. ደረት መፅናዕቲ ....... 3

1.6. ውስንነት መፅናዕቲ ....... 3

ምዕራፍ ክልተ ....... 4

ዳህሰሳ ተዛመድቲ ድርሳናት ....... 4

2.1. ዳህሰሳ ክልስ ሓሳባዊ ዕሑፋት ....... 4

*2.1.1. ፅሒፈት ....... 4*

*2.1.2. ዕላማ ምስትምሃር ፅሒፈት ....... 4*

*2.1.3. ጥሕዝቶታት ምስትምሃር ፅሒፈት ....... 4*

*2.1.4. መርሃ ትምህርቲ ምስትምሃር ፅሒፈት ....... 5*

*2.1.5. ዝምድናን ዕላማን ትሕዝቶን ኣብ ምስትምሃር ፅሒፈት ....... 7*

*2.1.6. መትከላት ፅሒፈት ....... 9*

*2.1.7. መርሃ ትምህርቲ ....... 10*

*2.1.8. ትሕዝቶ ትምህርቲ ....... 11*

*2.1.9. ረቛሒታት መምረፂ ትሕዝቶ ትምህርቲ ....... 11*

*2.1.10. መልመዲታት ፅሒፈት ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ ....... 13*

*2.1.11. መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ....... 13*

*2.1.12. መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ መምርሒ ንመምህር ....... 14*

*2.1.13. ተፍትሽ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ....... 15*

ምዕራፍ ሰለስተ ....... 16

ሜላ ኣፀናንዓ ....... 16

3.1. ንድፊ መፅናዕቲ ....... 16

3.2. ኣመራርፃ መርኣያ ....... 16

3.3. መርኣያ ተፀናዕቲ መምህራን ....... 16

3.4. ፍልፍል መረዳእታ ....... 16

3.5. መሳርሒታት መእከቢ መረዳእታ ....... 17

*3.5.1 ተፍትሽ ሰነዳት ... 17*

*3.5.2 ጉጅላዊ ዘተ ... 17*

*3.5.3. ቃለ-መሕትት ... 17*

3.6. ኣወዳድባ መረዳእታ ... 18

3.7. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ ... 18

ምዕራፍ ኣርባዕተ ... 19

ምቅራብ ፣ምትንታንን ምዝታይን ርካቦታት ... 19

*4.1.1. ሓፈሻዊ መረዳእታ ተሳተፍቲ መፅናዕቲ ... 19*

*4.1.2. ሓፈሻዊ ሓበሬታ ተፀናዕቲ ሰነዳት ... 19*

4.2. ሕቶታት መፅናዕቲ ምቕራብን ምትንታንን ... 20

*4.2.1. ሰደቓ ሓደ፣ ካብ ፍተሻ ሰነድ ዝተኣከበ ውፅኢት ዝምልከት ... 20*

*4.2.2. ኣብቲ ተፀንዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ዝተወሃበ ጠመተ ክንደየናይ እዩ? ... 21*

*4.2.3. ትሕዝቶኣዊ ግቡኡነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ይመስል? ... 24*

*4.2.4. ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ይመስል? ... 34*

ምዕራፍ ሓሙሽ ... 39

መጠቃለሊ፣መደምደምታን ለበዋን ... 39

5.1. መጠቃለሊ ... 39

5.2. መደምደምታ ... 42

5.3. ለበዋ ... 44

ዊኸሰት ድርሳናት ... 46

ሊጋብ ... 47

# ምስጋና

ብመጀመርታ ኣጀሚሩ ንዘፈፀመኒ ኣላህ ምስጋና ይብፃሓዮ። ብምቕፃል እዚ መፅናዕታዊ ፅሑፍ እንትፅሕፍ ደኺሙኒ ከይበሉ እኹል ድጋፍ እናገበሩ ኣብዙይ ክበፅሕ ዝሓገዙኒ ኣማኻርየይ ዶ/ር ጌታሁን መሰለ፣ ሓጋዚ ኣማኻሪ ኣይተ ኣታኽልቲ መኮነን ካብ ልቢ እናመስገንኩ ካብ ጎነይ ንዘይተፈለይኒ ንመሓዙተይን መሳርሕተይን እውን ኣዝየ የመስግን፡፡

# ማራ መፅናዕቲ

ዕላማ እዚ መፅናዕቲ ምትእስሳር ዕላማን ትሕዝቶን መርሃ ትምህርቲን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግርኛ ንተሸዓይ ክፍሊ ክእለት ዕሕፈት እዩ፡፡ እዚ መፅናዕቲ ፅሑፍ ንሜላታት መአከቢ መረዳእታ ቃል መሕተትን መምህራን ተፍትሽ ሰነድን ጉጅላዊ ዘተ ንመምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብምጥቃም አድለይቲ መረዳእታታት ተአኪቦም እዮም፡፡ አብዚ መፅናዕቲ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ተሸዓይ ክፍሊ ተሳተፍቲ ኮይኖም እዮም፡፡ አብዚ ዝተረኸበ ውፅኢት ድማ መፅናዕትን ትሕዝቶአዊ ጉቡእነት እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ትሕቲ ፍርቂ ማለት ዘፅግብ ውፅኢት ኮይኑ ተመዝግቡ አሎ፡፡ ተረኺቦም ዘለው ርካቦታት መፅናዕቲ ናብ ግብሪ ንምውዓል ብፍላይ አብያተ ትምህርቲ፣ ሰብ ሞያ ቋንቋ ትግርኛ፣ በቢብርኪ ዘለው ምድላውን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ፣ ካልኦት መዳርግቲ አካላትን ልምዲ ልውውጥ ክለሳ መፅሓፍን ብምግባር አብ ምዕባይ ጥበባዊ ክእለት ፅሕፈት እጃሞም ክዋፅኡ ይላቦ፡፡

# ምዕራፍ ሓደ

# መእተዊ

## 1.1 ድሕረ ባይታ መፅናዕቲ

Byrne(1988፥1) ብወገኖም ከም ዝገለፅዎ ፅሕፈት ኣብ ውሽጢ ሓደ ቋንቋ ዝርከቡ ፊደላት ምስ ድምፂ ብምትሕሓዝ ናይቲ ቋንቋ ሕጊ ሓሊኻ እዞም ፊደላት ኣብ ወረቀት ብምስፋር ሓሳብ ዝግለፀሉ ከይዲ እዩ። Widdonwson(1978፥57)፣ Hamer(1991፥16) ከምኡ እውን Rames(1983፥5) ከምዝገለፅዎ ፅሕፈት ብናይ ምርኣይ ምልክታት ተሓጊዙ ሰባት ሓሳብ ዝለዋወጥሉን ናይ ነብሲ-ወከፍ ርክብ ዝምስረተሉን ናይ ምርድዳእ መሳርሒ እዩ። ፅሕፈት ተጓንፎታት ንምምዝጋብ፣ ዝተፈላለዩ ፅሑፋት(ደብዳቤ፣ፀብፃብ፣መዘክር) ንምፅሓፍ፣ንምሕሳብን ንምምሃርን ዝረድእ መሰረታዊ ናይ ቋንቋ ትምህርቲ መሰረታዊ ክሂል እዩ(Troyka 1990፥2፣Hedge 1988፥5)። ካብ እዚ ሓፈሻዊ ዕላማ ብምብጋስ ድማ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ምስትምሃር ክእለት ምፅሓፍ ዘማእኸለ ሜላታት ምስትምሃር ተፍትሽ ክእለት ፅሕፈት ተምሃሮ ፅቡቓት መንበብቲ፣ ፀሓፍቲ፣ ተዛረብትን መድመፅትን ቋንቋ ትግርኛ ጌርካ ንምውፃእ እዩ፡፡ ሕብረተሰብ ፅርየቱ ዝሓለወ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ንኽረክብ ድማ ተምሃሮ ብቋንቋ ትግርኛ ብኣግባቡ ተሃኒፆም ክማሃሩ ኣለዎም ፡፡

ተምሃሮ ብኣግባቡ ንኽማሃሩ ካብ ዘኽእሎም ሓደ ድማ ብቅዓቶም ዝሓለወ መምህሪ መፅሓፍ ትግርኛ እንትህልዎም እዩ፡፡ ስለዚ መፅንዒት ኣብ ሓደ መምህሪ መፅሓፍ ትግርኛ ተሸዓይ ክፍሊ ማለት እውን ምትእስሳር ዕላማን ትሕዝቶን መርሃ ትምህርቲን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግርኛ ዝረበ ክእለት ፅሕፈት ብምድራት ዕላምኡ ኣዕዊቱ ፤ ተምሃሮ ዘሐሸ ፅሑፍ ንምድላውን ንምርግጋፅ ፍተሻ ተኸይዱ እዩ፡፡ ዕላማታት መምህሪ መፅሓፍ ካብ ረቋሕታት ስርዓተ ትምህርቲን መርሃ ትምህርቲን ሓደ ስለዝኾነን ግቡእነት መምህሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ኣብ ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ምስ መገምገሚ ስርዓተ ትምህርቲ ብምስላጥ ምፅናዕን ዝዓለመ እዩ፡፡ እዚ ዕውት ምኳኑን ዘይምኳኑን ንምርግጋፅ ከዓ ኣብቲ መምህሪ መፅሓፍ ተሓንፂያም ዘለዉ ዕላማታት ትምህርቲ ክእለት ፅሕፈት፣ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክእለት ፅሕፈት ፣ሜላታት ኣማሃህራ ክእለት ፅሕፈትን ሜላ ተፍትሽ ክእለት ፅሕፈትን ብኣግባቡ ዝተሓንፀፁ ምኳኑን ነንርእሱ ዘለዎ ምትእስሳርን ዝፍትሽ እዩ ፡፡ ስለዚ መፅንዒት “ግቡእነት መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ንተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ” ብዝብል ርእሲ መፅናዕቲ ግቡእነት መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ንተምሃሮ ታሽዓይ ክፍሊ ኣብ ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ዘሕድሮ

ዕልዋ ክፅናዕን እዩ። መፅኒዒት ኣብዚ ሞያ ንልዕሊ ዓሰርተ ክልተ ዓመታት ስለ ዝሰርሐት ኣብዚ ዘለኒ ትዕዝብቲ ነዚ መፅናዕቲ እታዎት ክኸውን ይክእል እዩ።

## 1.2 ሓተታ ፀገም መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ "ምትእስሳር ዕላማን ትሕዝቶን መርሃ ትምህርቲን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ዝቐረበ ክእለት ፅሕፈት ብዝብል ርእሲ መሰረት ጌሩ ኣብዚ ዓመት ተኻይዱ እዩ፡፡ ትኩረቱ ድማ ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ መምሃሪ መፅሓፍ ብኣግባቡ ንክእለት ፅሕፈት ብዘማዕብሉ መንገዲ ዝተቐረፁ ኮይኖም ኣብ ምርካብ ክፍተት ኣለዎ። እዚ ድማ ሓደ ንባዕለይ ኣብዚ ሞያ ካብ ዘለኒ ናይ ብርክት ዝበሉ ዓመታት ልምዲ ዝተዓዘብኩዎን ኣብ ገምጋም መፅሓፍቲ በቢዓመቱ እናተገበረ ዝመፀን እዩ። ካልኣይ ተምሃሮ ኣብ ክእለት ፅሕፈት ኣመልኪቱ ዝወሃቦም ምዘናታት ክፍሊ እንትረአ ተመሳሳሊ ክፍተት ዘለዎ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ብቕዓትን ዕሬትን እዚ መምሃሪ መፅሓፍ ዘለው ናይ ኣግባብነት፣ ግቡእነትን ክእለት ፅሕፈት ዘሎ ክፍተት እውን መሰረት ዝገበረ ምኽኑ እዩ። በዚ መሰረት ኣብዚ ዘሎ ክፍተት ብመፅናዕቲ ኣቢልካ ንምልላይን መፍትሒ ንምቕማጥን ተበግሶ ክወስድ ኣክኢሉኒ እዩ። ብካልኣይ ደረጃ ስዒቦም ዘለው ምሁራት ኣብ መፅናዕቶም ዝገለፅዎ እውን ኣብዚ መፅናዕተይ ንዝተጠቐመ ክፍተት ግቡእነት እዚ መፅሓፍ፣ሰዋስዋዊ ፍሰት፣ ኣጠቓቕማ ቃላትን ንክእለት ፅሕፈት ዘማዕብሉ መርትዖታትን እቲ ተወሳኽን ቀንድን መርኣይታት ክብደትን ሕልክላክነትን ክእለት ፅሕፈት እዮም። White(1980፡16) ፅሕፈት ካብ ምፍልፋል ምሉእ ሓሳብ ንላዐሊ ብምኳኑ ዝተኣሳሰሩን ቅደም ሰዓቦም ዝሓለውን ብሰዋስው ዝተኣሳሰሩ ምሉእ ሓሳባት ምፅሓፍ ምክኣል ከም ዘለና የረድኡ። ተስፋዬ ሽዋየ(1961፡61) ብወገኖም፣ "ፅሕፈት እንትበሃል ኣወዳድቃ ኢድ ፅሕፈት ጥራሕ ዝምልከት ኣይኮነን፤ ኣቀራርባ ሓሳብ፣ኣተሓራርያ ቃላትን ናይ ኣገላልፃ ስልትን ዝውክስ እዩ" ብምባል የረድኡ። Heton(1991፡135) ብግዲኦም ምምሃር ፅሕፈት ንኡሳን ክእለታት ግቡእነት ዘለዎም ምሉእ ሓሰባት ናይ ምፅሓፍ፣ስርዓተ ነጥብታት ብኣግባቡ ንግልጋሎት ናይ ምውዓል፣ተቀባልነት ዘለዎ ሓሳብ ናይ ምምራፅ፣ናይ ምፍልፋል ኣነልቢትካ ናይ ምቅራብ፣ዝድለ ሓሳብ ንምምሕላፍ ግቡእ ዝኮነ ናይ ኣፀሓሕፋ ቅዲታት ናይ ምሕራይ፣ ስርዓቱ ዝሓለወ ናይ ሙሉእ ሓሳብ፣ ናይ ዓንቀፅ ኣወቃቅራ ስርዓት ሓሊኻ ናይ ምፅሓፍ፣ ዝተለመደን መደበኛ ቋንቋ ናይ ምጥቃም፣ወዘተ ንምምዕባል ይረድእ። መፅንዒት ካብ ዘለዋ ልምዲ ስራሕን ትዕዝብትን ሓዊሱ እዚ መምሃሪ መፅሓፍ ክእለት ፅሕፈት ንምምዕባል ክንደየናይ ምዕቡል ኣደላልዋ፣ኣቀራርባን ጠመተን ከም ዘለዎ ንምፍታሽ ዘድሃበ መፅናዕቲ እዩ። በዚ መሰረት ኣብዚ መበገሲ ሓሳብ መፅናዕቲ ዝስዕቡ ወሰንቲ ሕቶታት ተቀሚጠም ኣለው።

1. ኣብቲ ተፀናዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ዝተወሃቦ ጠመተ ክንደየናይ እዩ?
2. ትሕዝቶዊ ግቡኡነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ እንታይ ይመስል?
3. ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ እንታይ ይመስል?

## 1.3 ዕላማ መፅናዕቲ

### 1.3.1. ሓፈሻዊ ዕላማ

ምትእስሳር ዕላማን ትሕዝቶን መርሃ ትምህርቲን መፅሓፍ ተምሃራይን ቋንቋ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ክእለት ፅሕፈት እንታይ ከም ዝመስል ምፍታሽ እዩ።

### 1.3.2 ዝርዝር ዕላማታት

ዝርዝር ዕላማታት እዚ መፅናዕቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡

1. ኣብቲ ተፀነዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ዝተወሃቦ ጠመተ ምፍታሽ።
2. ትሕዝቶዊ ግቡኡነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ እንታይ ከም ዝመስል ምዉሳን።
3. ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ከምዝመስል ምድህሳስ።

## 1.4. ረብሓ መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ምስተዛዘመ ኣብ ክእለት ፅሕፈት ምምዕባል ዝህልው ክፍተታት ንተጠቀምቲ እዚ ቋንቋ ዝኾኑ ናይ ሕብረተሰብ ክፋላት፣ ተምሃሮ፣ መምህራንን ዘለዎ ርክብን ምድምማፅን ዕቡቕን ዝተቕራረበን ክኸውን ክሕግዝ ይክእል። ብካልኣይ ደረጃ ተመራመርቲ እዚ ዘርፊ ኣብ ዝገብርዎ ምርምርን መፅናዕትን ከም መርኣይን ተወሳኺ መበገሲ ክፍተት እዚ ዓውዲ ኣብ ምትግባርን ኣስተዋፅኦ ክህልዎ ይክእል እዩ።

## 1.5. ደረት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ኮረም ዝርከብ ኮይኑ ዝተኸየደሉ ቦታ ሓፈሻዊ ካልኣይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ብሩህ ተስፋ እንትኸውን እዚ መምሃሪ መፅሓፍ ሒዝዎም ዘሎ ትሕዝቶታት ድማ ምድማፅ፣ምዝራብ፣ምንባብ፣ምፅሓፍ፣ቃላትን ስዋስውን እዮም ።ካብቶም ክእለታት ቋንቋ ሓደ ዝኾነ መፅንዒት ኣብ ክእለት ፅሕፈት ትኹረት ገይረ ኣለኹ፡፡

## 1.6. ውስንነት መፅናዕቲ

እዚ መፅናዕቲ ንምፅናዕ መፅንዒት ከም ቀንዲ ማሕለኻ ዝኾና ናይ መዋኸስቲ መፅሓፍቲ ሕፀረት፣ ትግርኛ መፅሓፍ ብምውጋድን ከምኡ'ውን ኢንተርኔት፣ኔትወርክ ብዘይምህላውን ብምኽንያት ናይ ኩናት ቦታን ወሰን ክልል ኣምሓራ እያ ዝነበረት እናተብሃለ ምችውነት ዘይምህላው ብቀንዲ መፅንዒት ከጋጥሙ ዝኽእሉ ክፍተታት እዮም ።

# ምዕራፍ ክልተ

# ዳህሰሳ ተዛመድቲ ድርሳናት

## 2.1. ዳህሰሳ ክልስ ሓሳባዊ ፅሑፋት

### 2.1.1. ፅሕፈት

ደቂ ሰባት ካብ ዝነበርሉ እዋን ጀሚሮም ብስርዓት ዝተዋቐሩ ፊደላት ወይ ወከልቲ ድምፅታት ምልክታት ብምጥቃም፣ ሓሳቦም፣ ኣመለኻኽትኦም ዘለዎም ፍልስፍና ፣ሰምዒቶምን ልምዶምን ንነዊሕ እዋን ኣብ በዓቲ፣ኣብ ዝባን እምኒ፣ብራና፣ ብስእሊ እናገለፁ መፂኦም እዮም፡፡ ድሕሪ ግዜ ድማ ምልክታት ምሂዞም መዓልታዊ ፍፃመታቶምን ሕልኽላኽ ሓሳባቶምን ብፅሑፍ እናወከሉ ይርከቡ፡፡ ስለዚ ፁሑፍ ማለት ሓሳባትካ ብትእምርትታት ምውካል ማለት እዩ(Grham& Perin፣2007)። ፅሕፈት ልክዕ ከም ዝርርብ መልእኽቲ ኣቀባሊ ክእለት እዩ፡፡ ፅሕፈት ክንብል ከለና ድማ ፊደላት ኣዋዲድካ ኣብ ልዕሊ ወረቐት ሓሳባት ምስፋር ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ የግዳስ ግቡእ ኣሰራርዓ ቃላት፣ ሓረጋት፣ ሙሉእ ሓሳባት፣ዓንቀፅን ድርሰትን ክህልዎ ይግባእ፡፡ ንክእለት ፅሕፈት ኣመልኪቱ፡፡ ታደሰ (2004፣84) ከምዚ ይብል፡፡

> *ፅሕፈት ስእላዊ ትእምርትታት ፈጢርካ ኣብ ወረቐት*
> *ወይድማ ኣብ ፀፊሕ ዝኾነ ነገር ካብ ምጥቃም ሓሊፉ ነቲ*
> *ዝግለፅ ፅንሰ ሓሳብ እውን ኣብ ፀፍሒ ዝኮነ ነገር ካብ ምጥቃም*
> *ሓሊፉ ነቲ ዝግለፅ ነቲ ፅንሰ ሓሳብ እውን ይሓውስ እዩ፡፡ ምስ*
> *እዚ ብምትሕሓዝ እንፅሕፎም ሓሳባት ነኒርእሶም ዝተሓሓዙ ፣*
> *ምኽንያታውነት ዘለዎም፣ ፍሰት ሓሳብ ሓሳቦም ዝሓለዉ፣*
> *ሓድነት ዘለዎም፣ ስርዓት እቲ ቋንቋ ዝተኸተሉን ጥምረት*
> *ዘለዎምን ክኾኑ ይግባእ ይብል፡፡*

ክእለት ፅሕፈት ማለት ስርዓታዊ ምውዳድ ሕድሕድ ኣብ ወረቐት ዝቕመጡ ቃላትን ሓረጋትን ነኒእሶም ዝተጣመሩን ፍሰት ዝሓለውን ሓሳባት ብፊደላት ወኪልካ መልእኽቲ ምምሕልላፍ ማለት እዩ።ፅሕፈት ከምዙይ እንተዘይ ኮይኑ ግና ፅሕፈት እዩ ኢልካ ኣይውሰድን፡፡ ከም ኣጋላልፃ ጌታሁን" (1999፣223) ፅሕፈት ምውዳድ ሓሳብ ኣሰራርዓ ነጥቢ፣ መረፃን ኣሰኻኽዓን ቃላት ብቕዓት ኣገላልፃን ዘመልክት ተግባር እዩ" ይብል፡፡

### 2.1.2. ዕላማ ምስትምሃር ፅሕፈት

ክእለት ፅሕፈት ዝመሓየሽ ብምልማድ እዩ፡፡ እቲ ልምምድ ፅሕፈት፣ ተምሃሮ ንኸለማመዱ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ብምቕማጥ ክፅሑፍን ክለማመዱን ኣለዎም፡፡ ስለዚ ምዕባለ ክእለት ፅሕፈት ህፃናት ንፁራት መምርሕታት ብምሃብ ምሕጋዝ ይከኣል፡፡

### 2.1.3. ጥሕዝቶታት ምስትምሃር ፅሕፈት

ኣብ ሓደ ደረጃ ክፍሊ ክመሃርወን ዝተደለየ ቋንቋ ትምህርቲ ፅሕፈት ከመይ ተመሪፁ ዝብል ጉዳይ ኮይኑ፣/1987/ "ንትምህርቲ ፅሕፈት ዝምረፅ ትሕዝቶ ናይ ተምሃራይ መንነት


ወይ ድህረ ባይታ፣ ድሌት ትምህርቲ፣ ልምድን ባህልን ኣብ ግምት ኣትዩ ናብቲ ዝድለ ሽቶ ንምብፃሕ በዘኽእል መንገዲ እንትዳሎ እዩ፡፡" እዚ ኣገላልፃ ተምሃሮ ኽእለት ፅህፈት ንምምዕባል ዝሕግዞም ከባቢኦም ምስ ዝፈልጥዎ ክቐርብ ከሎ እዩ፡፡ ተምሃሮ ምፅሓፍ ቕድሚ ምጅማሮም፣ዕላማ ፅሕፈት እንተዘይኣቐሚጦም፣ ግዚኡ ኣብ ደንገርግር እዩ ዘሕልፎ:: ፀሓፊ ቅድሚ ምፅሓፉ ንምንታይ? ንዝብል ሕቶ መልሲ ክቐምጥ ወይ ክህልዎ ይግባእ፡፡ እቲ ዝወሃቦም ርእሲ ድማ ምስ ዕለታዊ ህይወቶም ዝተኣሳሰረ እንተኾነ ይምረፅ ፡፡

## 2.1.4. መርሃ ትምህርቲ ምስትምሃር ፅሕፈት

ኣብ ውሽጢ መርሃ ትምህርቲ ምስትምሃር ፅሕፈት ኣቕሚ ተምሃሮ የማዕብሉ እዮም ዝብሃሉ ደረጃ ክፍሊ፣ ድሌትን ተምሃሮ ኣብ ዘእትው ኣቀራርባ ክህልዎ ኣለዎ፡፡ ሓሓሊፉ መምህራን ልምዳዊ ብዝኾነ ኣመሃህራ ፅሕፈት እንተምሁሩ ንዕዘብ ፡፡ ንኣብነት፡- ዓንቀፅ ፀሓፍ ወይ እውን እዚ ፅሑፍ ገልቢጥኩም ፀሓፉዎ ዝብል ትእዛዝ ብምሃብ ተምሃሮ ዓንቀፅ ንክፅሕፉ ይገብሩ እዮም፡፡ ኮይኑ ግና ሚንስተር ትምህርቲ 2007፣ 85-86 ሜላ መስተምሃሪ ክእለት ፅሕፈት ኢሉ ብዝርዝር ዘቐመጦም ነጥብታት ንርአ፡፡

### ሀ. ምውዳድ ስእሊ

ተምሃሮ ምፅሓፍ ቅድሚ ምጅማሮ ምስቲ ክፅሕፍዎ ዝሓስቡ ዝዛመድ ዝኸይድ ምውዳድ ስእሊ ተጠቒሞም ሓሳቦም ይፅሕፉ ድሕሪ እዚ ኣፍቲ መዋደዲ ስእሊ ዝተጠቐምዎም ሓሳባት መተሓሓዝቲ ቃላት ብምውሳኽ ዓንቀፅ ይፅሕፉ፡፡




እዚ ሜላ ተምሃሮ ኣብቲ ክፅሕፍሉ ዝሓሰብዎ ርእሲ ንኽሓስቡን ንክመራመሩን ይገብሮም እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን እቶም ዝፈልጥዎም ሓሳባት ምስቲ ርእሲ ተዛማዳይነት ዘለዎም ጠቐምቲ ሓሳባት ፈልዮም ብምውፃእ ዓንቀፅ ንኽፅሕፍ የክእሎም እዩ፡፡ መፅኒዒት ከም በዓል ሞያ እዚ ዓይነት ትምህርትን እውን ነዚ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ ንምግንዛብ ውሕሉል ክእለት ፅሕፈት ዘለኒቅቡልነት ልዑል እዩ ፤ ተምሃሮ ቅድሚ ዓንቀፅ ምፅሓፎም

ነፃ ኾይኖም ብዕምቆት ሓሲቦምን በቲ ስእላዊ ምውዳድ ኣቢሎም ሓሳቦም ብሙሉእ ሓሳብ ደረጃ ከፈልፍሉ ስለ ዘኽእሎም እዩ፡፡ ብምቕፃል እውን ሓሳቦም ብሙሉእ ሓሳብ ደረጃ ምስ ኣፈልፈሉ ህድእ ኢሎም ዝጎደሎም ሓሳብ ንክውስኹ፣ ዘየድሊ ሓሳብ እንተነይሩ ድማ እናውፅኡ፣ናብ ሓደ ክጥመሩ ዝግበኦም ሓሳባት እውን ንኽጠምሩን ዝተዛብዐ ቅደም ሰዓብ እንተነይሩ እውን ንኽስታኻኽሉን ስለ ዘኽእሎም እዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ በቲ ዘተመዓራረየ ሓሳብ ኣቢሎም መተሓሓዝቲ ቃላትን ሓረጋትን ብምውሳኽ ፅቡቕ ዝበሃል ዓንቀፅ ንክፅሕፉ የኽእሎም እዩ ብዝብል ኣምር እዚ ናይ ሚኒስተር ትምህርቲ ሰነድ የጠናኽሮ፡፡

ለ. ምሕሳብ፣ምፅማድ፣ምክፋል

ተምሃሮ ኣብ ክፍሊ ውሽጢ ፅሒፈት ቅድሚ ምፅሓፍ ምጅማሮም ዝተወሰነ ደቓይቕ ተዋሂቡዎም፤ ብዛዕባ እቲ ዝፅሕፍዎ ክሓስቡ፤ድሕሪ ምሕሳቦም ድማ ሓሳቦም ምስ ኮፍ መባህልቶም ይዛተይሉ፤ኣብ መወዳእታ ፅሒፎም የቕርቡ፡፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ ከም ናዚ ዓይነት ትምህርቲ በዓል ሞያን መፅንዒትን ምስትምሃር ክእለት ፅሒፈት ኣብ ምህላው ልዑል ተራ ኣለዎ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ፡፡ ምክንያቱ እዚ ሜላ ኣፀሓሕፋ ዓንቀፅ ተምሃሮ ምስ መፃምዶም ኮይኖም ልምዶም እናተላዋወጡ ዓንቀፅ ንክፅሕፉ ዘኽእሎም እዩ፡፡

ሐ. ተሓጋጊዝካ ምፅሓፍ

መምህርን ተምሃሮን ብሕብረት ምትሕግጋዝ ዛንታ ወይ ዛዕባ ንምፅሓፍ ዘገልግል ሜላ እዩ፡፡ መምህር ሓደ ዛዕባ ብምልዓል ሙሉእ ሓሳብ ንምፅሓፍ ዘኽእሉ ሓሳባት ካብ ተምሃሮ ይእከብ፡፡ መምህር ተምሃሮ ዝሃብዎ ሓሳብ ብኣግባቡ ብምውሳድ ኣብ ሰሌዳ ወይ ቻርት ይፅሕፍ፡፡ ኣብ መወዳእታ ተምሃሮ ነቶም ሓሳባት ብምእያም ነቲ ዛንታ ክፅሕፍዎ ምግባር ዝላዓለ ብፅሒት ኣለዎ፡፡ ኣብዚ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ መፅንዒት እዚ ሰነድ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ምስትምሃር ክእለት ፅሒፈት ዝላዓለን ሓጋዝን ብምዃኑ ኣብዚ ሞያ ብዘለኒ ልምድን ተመኩሮ ስራሕን እዚ ዓይነት ሜላ ምስትምሃር ክእለት ፅሒፈት ቅቡልነት ዘለዎ እዩ ይብል፡፡ ምክንያቱ እዚ ሜላ ተምሃሮ ካብ መምህሮም ግብረ መልሲ እናረኸቡ ዝፅሕፍሉ ዓይነት ኣመሃህራ ስለዝኾነ ኣብ ክእለት ፅሒፈት ተምሃሮ ዓብይ ግደ ኣለዎ፡፡

መ. ሰሰጊርካ ክፍቲ ብምግባር

እዚ ሜላ መምህር ሰሰጊሩ ክፍቲ ብምግባር ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥን ዓንቀፅ ብምድላው ዝትግበር እዩ፡፡ እቶም ተምሃሮ ድማ ብመምህር ኣብ ዝተዳለወ ፅሑፍ ተመርኲሶም ነቲ ዓንቀፅ ከማልኡ ናይ ምግባር ስልቲ ዝኽተል እዩ፡፡ እዚ ዓይነት ሜላ ምድንፋዕ ክእለት

*ፅሕፈት ከም ትዕዝብትን ተመኩሮ ስራሕ ክእለት ፅሕፈት መፅንዒትን ዝላዓለ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ ዝብል ሪኢቶ ብምሃብ እየ እዚ ሜላ ዝወስዶ፡፡ ምክንያቱ እዚ ሜላ ኣመሃህራ ፅሕፈት ንተምሃሮ ኣብ ምኽንያታውነትን ክእለትን ዝተመስረተ ዓርሰ እምነት ስለ ዘሕድረሎምን ተምሃሮ እዚ ዓውዲ ተጠቒሞም ናይ ምፅሓፍ ክእለቶም ንምምዕባል ዝሕግዝ እዩ፡፡*

## *ረ. ቅንብር መሕተት*

*እዚ ሜላ ተምሃሮ በቢዕለቱ ክእለት ፅሕፈት ንምምሃር ኣዝዩ ጠቃሚ እዩ፡፡ እዚ ንምትግባር መምህር ሰሓብቲ ሕቶታት ኣብ ሰሌዳ ይፅሕፍ፡፡ ተምሃሮ ድማ ንዝተፀሓፈሎም ሕቶታት ግቡእ መልሲ ኣብ ደፍተሮም የስፍሩ ፡፡ ተምሃሮ ቅንብር መሕተት ንክሰርሑ ደፍተርን ቢሮን ክህልዎም ግድን እዩ፡፡ ንቅንብር መሕትት ዝምረፁ ርእስታት ሰሓብትን ምስ ማሕበራዊ ህይወት ተምሃሮ (ድሕረ ባይታ ተምሃሮ ) ዝተሓሓዙ ክኾኑ ይግባእ ፡፡ እዚ ዓይነት ሜላ ኣመሃህራ ከም መፅንዒትን በዓልቲ ተመኩሮን እዚ ሞያ ሓጋዚ እዩ ዝበል ሪኢቶ ይካፈል ፡፡ ምኽንያቱ እዚ ሜላ ኣመሃህራ ፅሕፈት ተምሃሮ ብቐረባ ናይ መምህሮም ድጋፍ ዝረኽብሉ ስለዝኾነ እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን ተምሃሮ ካብ ዝፈልጥዎ ነገር ተበጊሶም ሙሉእ ሓሳባት ንኽሃንፁ ስለዝዕድም በቶም ዝሃንፅዎም ሙሉእ ሓሳባት ኣቢሎም ድማ ዓንቀፅ ብቐሊሉ ንኽሃንፁ ስለዘኽእሎም እዩ፡፡ ብሓፈሻ ተምሃሮ ብዝግባእ ፅሕፈት ንምምሃር እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ማለት እውን ምውዳድ ስእሊ፣ ተሓጋጊዝካ ምፅሓፍ ፣ ሰሰጊርካ ክፍቲ ብምግባር ፣ ቅንብር መሕትትን ምሕሳብ፣ ምፅማፅ፣ ምክፋል ተጠቒምካ ንምምሃርን ምስትምሃርን ኣድላይነት ኣለዎም ፡፡ ምኽንያቱ ተምሃሮ ነፃ ኮይኖም ባዕሎም እናሓሰቡን እናተመራመሩን ንኽፅሕፉ ዘኽእሎምን ዝተዋደደ ክእለት ፅሕፈት በሪ ዝኸፍትን እዩ፡፡*

## 2.1.5. *ዝምድናን ዕላማን ትሕዝቶን ኣብ ምስትምሃር ፅሕፈት*

*መምህሪ መፅሓፍ ኣብ ዝምድናን ዕላማን ትሕዝቶን ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ተምሃሮ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ዘለዎ ግደ ንምግምጋም ደድሕሪ እዚ መምህሪ መፅሓፍ ግቡኣት ትሕዝቶ ኣማሊኡ ዶ? ዝብል ገምጋም ምክያድ ግቡኣት ሜላ ኣመሃህራ ፅሕፈት ከ ኣማሊኡ ዶ ?ዝብል ገምጋም ምክያድ ኣድላዩ እዩ፡፡በዚ መሰረት ፅሕፈት ንምምሃር ወሳናይ ካብ ዝኮነ ሓደ ሜላ ኣመሃህራ ከይዳዊ ፅሕፈት ስለዝኮነ ደሓር ምትንታን ምእንታን ክጥዕም እንታይነት ከይዳዊ ፅሕፈት ዝብል ድርሳነ ፅሑፍ ኣብዚ ምቅራብ ኣድላይ እዩ፡፡ስለ ዝኮነ ውን እንታይነት ሜላ ኣመሃህራ ከይዳዊ ፅሕፈት ካብዚ ንታሕቲ ተዘርዚሩ ኣሎ፡፡ ከይድታት ፅሕፈት እንብሎም ቅድመ ፅሕፈት፣ምርቃኽ ፅሕፈት ምእያም/ምክላስ ፅሑፍ፣ምፅፋፍ ፁፍን ምሕታም/ምፅሓፍ/ን እዮም፡፡ ብርኪ ቅድሚ ፅሕፈት ኣብ እነስተምህረሉ ግዜ ተምሃሮ፣ርእሲ ከመይ ክምዝምረፁ፣ሓበሬታ ከመይ*

ከምዝእከብዎ፣ዝኣከብዎ ሓበሬታ ከመይ ከምዘንብብዎ፣ነቶም ሓበሬታት ከመይ ከምዘዋድዱን ብኣስተዋፅኦ ከመይ ክፈልጡ ይግባእ፡፡

ምምራፅ ርእስን ምንፃርን ዕላማን ኣብ ከይዲ ፅሕፈት ሓደ ጠቃሚ ተግባር እዩ፡፡ብቓል ካብ ዝመሓላለፍ ዛንታታት ፅቡቕ ምርካብ ይከኣል፡፡ ምክንያቱ ፀሓፍቲ ነቲ ዛንታ ብምትራኽ መፀሓፍቲ ብዝረከብዎ ግብረ መልሲ ፅቡቕ ርእሲ ምኽንን ዘይምኽንን ክፈልጡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ተምሃሮ ንፅሑፎም ዝከውን ርእሲ ንምምራፅ ዘለዎም ካልኣይ መንገዲ ድማ ባዕሎም ብዝመረፅዎ ርእሲ ኣብ ዝፅሕፍሉ እዋን ናብ ኣእምሮም ዝመፀ ሓሳብ ኩሉ እዮም ዝፅሕፍዎ፡፡ እዚ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ ዘርድኣና ፣ ፍታሕ ቃላትን ስእላዊ መዋደዲን ምስቲ ዝሓረኹዎ ርእሲ ተዛመድቲ ዝኾኑ ርእሲታት ዝርዝር ሓበሬታታት ምርካብ ዝሕግዙ ሜላታት እዮም፡፡ ምዕባለ ሓበሬታ፣ኣብ ከይዲ ፅሕፈት ኣዝዩ ጠቃሚ ብርኪ እዩ፡፡ ፀሓፍቲ ዕላማ ምርድዳእ፣ ትሕዝቶ፣ተደረስትን ረብሓ ሓበሬታን ኣብ ግምት ከእትው ኣለዎም፡፡ ከምኡ እውን ነቲ ፅሑፍ ክንደይ ዝኣክል ቦታ ከምዝምደብሉን ውዕኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ብኸመይ ከምዝፅሕፍ ኣብ ግምት ከእትው ኣለዎም፡፡ ምውዳድ ሓበሬታ ፣እዚ ብርኪ እዚ ፀሓፍቲ ብዛዕባ ምውዳድ ሓበሬታታት ኣብ ግምት ዘእትውሉ እዩ፡፡ ናይቶም ሓበሬታት ቅደም ሰዓብ፣ ብግዘ ቅደም ሰዓብ ዝተቓነየ ክኸውን ይኽእል፡፡ እዚ ድማ ብንኡስ ርእሲ ወይ ድማ ብመንፅር ሓባሪ ኣንፈት ዘለዎም ዝምድና ክዋደድ ይኽእል፡፡ ነቶም ሓበሬታ ናብ ሓደ ወረቐት ፈሊኻ ብምውፃእ ብቅደም ሰዓብ ንኽስርዑ ብምግባር እዩ፡፡ ምድላው ትልሚ ፣ ቀንዲ ቀንዲ ነጥብታት ፅሑፍካ ንበይኖም ምፍላይ እንትጅምርን ብቅደም ሰዓብ እንትንቕመጥን ትልሚ ሓበሬታታትና ከምዝኹኑ ምፍላጥ የድሊ፡፡ ብሓፈሻ ካብዚ ንላዕሊ ብዝርዝር ከም ዝረኣናዮ ፅሕፈት ንምፅሓፍ እንትንጅምር ፈለማ ተግባራት ብርኪ ቅድመ ፅሕፈት ምትግባር የድሊ፡፡ ደድሕሪ ተግባራት ቕድመ ፅሕፈት ሰዒቡ ዝመፅእ ከዓ ምርቃቕ ፅሕፈት ብምትግባር ትኹረትና ኣብ ምእራም ፊደላትን ቃላትን ሙሉእ ሓሳብን ግዜና ክነጥፍእ የብልናን፡፡ ምኽንያቱ እዚኣቶም ደሓር ክነተግብሮም ንኽእል ኢና፡፡ የግዳስ ዕላማና ኣብ እቲ ቀንዲ ቁም ነገር ወይ ትሕዝቶ ፅሑፍ ጠመተ ክንገብር ኣለና ፡፡

እዚ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ ፣ዘርደአና ኣብ ምርቃቕ ፅሕፈት ብዛዕባ እቲ ክንፅሕፎ ኣብ ዘድለናዮ ፅሑፍ ዝመፀልና ሓሳብ ሱቕ ኢልና ብዘይ ምቁራፅ እንፅሕፈሉ ምኳኑ ዘመላክት ኢዩ፡፡ ምክንያቱ ክንሓስብ ጠጠው እንተይልና ሓሳባት ንኽይነፈልፍል ስለዝውሰን እዩ፡፡ ኣብ እዚይ ብርኪ እዚይ ንዝፍጠሩ ጌጋታት ቃላት፣ስዋስውን ስርዓት-ነጥብን ግና ኣብ እዋን ምእያም ክስተኻኸሉ ኣለዎም፡፡ ምእያም ማለት እቲ ዝፀሓፍካዮ ፅሑፍ ጥንኩር ሓሳብ ምእንታን ከሕልፈልካ፣ደጊምካ ምፅሓፍ ማለት እዩ፡፡ ምእያም፣ገዛ ኣፅሪኻ፣ኣቁሑ ቦትኦም ምስ ምትሓዝ ይመሳሰል፡፡ ትሕዝቶ ሓደ ፅሑፍ ንምእያም እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክንምልስ ይግባእ፡፡ንሳቶም

እውን፣ኣብ መጀመርያ ዓንቀፅ ብግልፂ ዝተቐመጠ ዋና ሓሳብ ኣሎ ዶ? ፣ ኩሎም እቶም ደገፍቲ ሙሉእ ሓሳባት ብትክክል ናፍቲ ዋና ሓሳብ ዘትኩሩ ድዮም ? ፣ ንሕድሕድ ደጋፊ ሓሳብ ዝርዝር መርትዖ ኣለና ዶ? ፁሕፍና ንምውዳድ ንፁር መንገዲ ተኸቲልና ዶ ? ንመሰጋገርትን ካልኦት መተሓሓዝቲ ቃላት ተጠቂምና ዶ ? ዝብሉ እዮም (John፣2002)::

ምፅፋፍ፣ደድሕሪ ምእያም ዝመፅእ ብርኪ ፅሕፈት እዩ፡፡ ኣብ ፅሑፍና ጌጋ ኣጠቓቕማ ስዋስውን ስርዓተ ነጥብን ከይህሉ ነረጋግፀሉ እዩ ፡፡ ብተወሳኺ ምፅፋፍን ኣብ እዋን ምእራም፣እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ፡፡ንሳቶም ውን፣ኩሎም ሙሉእ ሓሳባት ዝተዛመዱ ምኻኖም ምርግጋፅ፣ፊደላት ስርዓተ-ነጥብታትን ምስትኽኻል ፣ብትኽክል ዘይኣትው ቃላት ምቕያርን ብትኽክልን ብፅፈትን እንደገና ምፅሓፍን ዝበሉ እዮም (John፣2002):: ልዕል ክብል ኣብ ዝተገለፀ ሓሳባት ደድሕሪ ረቂቕ ፅሑፍ ምእያም /ምኽላስ ፅሑፍ፣ምፅፋፍ ፅሑፍን ምሕታም /ምፅሓፍ ፅሑፍን ብተኸታታሊ ከምዝመፁ ንርዳእ፡፡ ምእያም ፅሑፍ እንትንብል ኣብ ፅሑፍና ውሽጢ ዝርከብ ቀንዲ ሙሉእ ሓሳባት መተሓሓዝቲ ቃላትን ሓረጋትን ብኣግባቡ ዝተዋደዱ ምዃኖም ንሪኣሉ ብርኪ ምዃኑ ዝሕብር እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን (በድሉ፣2007)ንክይድታት ፅሕፈትኣመልኪቱ፣ተምሃሮ ፅቡቕ ፅሕፈት ናይ ምፅሓፍ ክእለት ንከማዕብሉ ብቀዳምነት ፅሕፈት ኣብ ውሽጡ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ተግባራት ዝሓዘ ነዊሕ ከይዲ ከም ዘለዎ ክግንዘቡ ይግባእ ይብል።

## 2.1.6. መትከላት ፅሕፈት

ከም ኣገላልፃ ዮሃንስ(2007) መምህራን ክእለት ፅሕፈት ንምስትምሃር ዝተፈላለዩመትከላት ፅሕፈት ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎም ይብል፡፡እዚ ዝቐለለ ንክኾን ድማ መትከላት ፅሕፈት ብንፁር ኣብቲ መምህሪ መፅሓፍ ክፀሓፉን ተምሃሮ እውን ብትክክል ክፈልጥዎምን ኣለዎም። ከምኡ እውን መትከላት ፅሕፈት ኣመልኪቱ ዳንኤል(1998)ንዕውትነት ኣካዳምያዊ ፅሕፈት ተምሃሮን መምህራንን ተቀራሪቦም ክሰርሑ ይግባእ ይብል፡፡ እዚ ንኽኸውን ድማ መትከላት ፅሕፈት ብንፁር ኣብቲ መምህሪ ሞጅል ክፅሓፉ ይግባእ መምህር እውን ብመሰረት ኣብ እቲ መምህሪ መፅሓፍ ተፃሒፎምም ዘለዉ መትከላት ፅሕፈት ንተምሃርኡ ኣብነት ብምሃብ የምህር ፡፡ ብተወሳኺ እውን John (2005) ንመትከላት ምስትምሃር ፅሕፈት ኣመልኪቱ መትከላት ምስትምሃር ፅሕፈት አመልኪቱ፣መትከላት ምስትምሃር ፅሕፈት ብዕላማ ምፅሓፍ፣ንልምምድ ዝኮኑ ባይታ ምምችቻውን ትርጉም ዘለዎን ደጋፊን ግብረመልሲ ምሃብን ዝብሉል ነጥብታት ከማልኡ ኣለዎ ይብል፡፡

ስለዚ ካብ እዚ ንላዕሊ በዞም ሙሁራት ተገሊፆም ካብ ዘለው ሓሳባት፣ መትከላት ፅሕፈት ኣብ ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ኣድላይ ምኻኑ ንርዳእ፡፡ እቶም ዝተፈላለዩ ሙሁራት ዝገልፅዎም መትከላት ፅሕፈት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡ ንሳቶም እውን ርእሲ ምምራፅ፣ተምሃሮ ዝፅሕፍሉ ዕላማ ክፈልጡ ምግባር ፣ምፅሓፍ ዘክእሉ ኣጋጣምታት ምፍጣር ፣ዕዮታት ብውልቀ፣ፅምዲ ወይ ብጉጅለ ከመይ ከምዝሰርሑ ግልፂ ምግባር፣ዕዮታት ድሌት ተምሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ዓቕሚ ተምሃሮ ዝምጥኑ ምኻኖም ምርግጋግፅ ትርጉም ዘለዎን ደጋፊን ግብረ መልሲ ምሃብን ዝብሉ

እዮም፡፡ በድሉ (2007) እውን ተምሃሮ  ንክዕሕፍሉ ዝምረፅ ርእሲ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል ርእሲ ፅሕፈት ድሌት ተምሃሮ መሰረት ዝገበረ ክከውን ኣለዎ፡፡እዚ ማለት ድማ እቲ ክፅሕፍሉ ዝተወሃቦም (ዝሓረይዎ )ርእሲ ተምሃሮ ብድሌቶም ዝመርፅዎን፣ዝፍልጥዎን ክከውን ከምዝግባእ የርእየና፡፡

### 2.1.7. መርሃ ትምህርቲ

Taba (1962፣ 313) ንምግምጋም ስርዓት ትምህርቲ ኣመልኪታ "ገምጋም ካብ ምትላም ዕላማ ይጅምር፡፡ ዕላማ ትምህርቲ ብኣግባቡ ሽትኡ ንምፅዋት ምእንታን ከኽእሎ ድማ ገምገምቲ፣ትርጉም ዘለዎም መረዳእታታት ብምእካብ ውሳነ ዝህብሉ ከይዳዊ ትንተና እዩ። ከምኡ ውን ኣብ ናይ ተምሃሮ ጥንካረን ድኽመትን፣ኣብ ለውጥን ምምሕያሽን ስርዓተ-ትምህርትን ምስትምሃር ውሳነታት ዝህብ እዩ" ትብል፡፡ እዚ ከምዚ እናሃለወ እውን ንገምጋም ስርዓተ-ትምህርቲ ኣመልኪታ ገምጋም ትምህርታዊ ዕላማ ብትምህርቲ ስርዓተ ትምህርቲ ብትክክል ምትግባርን ዘይምትግባርን ብምፍታሽ ከይዳዊ ውሳነ ዝህብ እዩ፡፡ ስለዚ ገምጋም ማለት ኣብ ከይድታት መፅናዕቲ ንባህርያዊ ለውጥታት ቦታ ሂቡ ውሳነ ዝህብ እዩ ይብል፡፡ ኮይኑ ግና እዞም ኣብ ላዕሊ ዝቐረቡ ብያነታት ገምጋምን ገምጋም ስርዓተ-ትምህርቲን ሓፈሻዊነት ዘጥቅየም እዮም፡፡ ስለዚ ብመንፅር ዓላማ እዚ መፅናዕቲ ናብቲ ነጥቢ ዘምርሕ ገምጋም ምቕማጥ ኣድላዪ እዩ፡፡ ነዚ ዝምጥን ድማ ስርዓት ትምህርቲ ፈላሊካ ምግምጋም እዩ፡፡ Allan(1994፣105) ንፈላሊኻ ምግምጋም ስርዓተ-ትምህርቲ ኣመላኪቱ፣ስርዓተ-ትምህርቲ ብብርኪ ቤት ትምህርቲ ፈላሊኻ ምግምጋም ይካኣል እዩ፡፡ ካብቶም ዝግምገሙ ንፅል ርእስታት ድማ ትሕዝቶታት ምጉላህ፣ ክጭበጥ ዝደለየ ክእለት፣ ምዕባለ ትምህርቲ፣ናውቲ ትምህርቲ፣ወዘተ እዮም ይብል፡፡ ካብ እዚ ንላዕሊ ንገምጋም ስርዓት ትምህርቲ ኣመልኪቶም ዘቅርብዎ ሓሳባት እዞም ዝስዕቡ ንምባል ይከኣል፡፡ገምጋም ስርዓት ትምህርቲ ብሓፈሻ  እንተኮነ ናብ እቲ ዝድለ ነጥቢ ኣፀቢብካ ንምግምጋም ይከኣል እዩ፡፡ንኣብነት ናውቲ ትምህርቲ ኣብ ክንዲ ምባል ካብ ናውቲ ትምህርቲ ሓደ ዝኮነ መምህሪ መፅሓፍ ንምክያድ ዝከኣል ምኻኑ እዩ፡፡ስርዓተ ትምህርቲ ናብ ሓፈሻዊ ሸቶታት ክበፅሕ ዝኽእል ሰፊሕ ትርጉም ዝሓዘ ሓፈሻዊ ፍልስፍና ትምህርቲ እንትኾን ፣ብሂራዊ፣ባህላዊ፣ፖለቲካዊ፣ቑጠባዊ ወዘተ ኣረኣእያታት ዘንፀባርቕ እዩ (ዱቢንን ኣሊሹታይንን 1991፣34-5)

"ስርዓተ ትምህርቲ ሓደ ዘፈር ትምህርቲ (መርሃ ግብሪ)ምትላም፣ምትግባር ፣ ምግምጋምን ምምራሕን እዩ" (ኑርን 1988፣8) ይብሉ። ብሓፈሻ ስርዓት ትምህርቲ ዝበሃል ክልሰ ሓሳብ እንትግለፅ "ስርዓት ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ፣ትሕዝቶ ትምህርቲ ፣ ትልሚ ግብሪ ትምህርቲ ፣ ቅደም ሰዓብ ኮርስታት ወዘተ እዩ።" (ኣጠቃላይ የትምህርትና ስልጠና ረቂቅ ፖሊሲ ማብራርያ ጥራዝ ሁለት ፣198519-20)፡፡ መፅንዒት

ልዕል ኢሎም ዝተገለፁ ሓሳባት ዝተፈላለዩ መሁራን ሰብ ሞያን ዝሃብዎ ሓሳባት ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያ ዝተውሃበ መግለፂ እንታይነት ስርዓት ትምህርቲ ዋላኳ ከም ምእኹል ነጥቢ ክወስድ ዝኽእል ሓድነት ዘርኢ ኩነታት እንተሃለየ እውን ኣፈላላይ እውን ኣለዎ። ገምጋም መምህሪ መፅሓፍ እንትነካይድ ከለና ድማ ፈለማ ብዕላማ ትምህርቲ ክንጅምር ከምዘለና እዩ፡፡ ብምቕፃል ድማ ነቲ ዕላማ ትምህርቲ ሽትኡ ንምዕዋት ቀሪቦም ዘለዉ ባእታታት መርሃ-ትምህርቲ ፈትሺካ ውሳነ ምሃብ ማለት እዩ፤ ዝብል ሓሳብ ዝሓዘ እዩ፡፡ መፅንዒት እውን ነዚ ሓሳብ እዚ ቅቡል ብምግባር ካብ ገምጋም ስርዓት ትምህርቲ ዝብል ርእሲ፣ርእሱ ብምፅባብ ገምጋም ግቡእነት ኣቀራርባን ኣደላልዋን መምህሪ መፅሓፍ ፣ ሜላ ተፍትሽ ዕሕፈት እቲ መምህሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ፣ትሕዝቶ ዕሕፈት እቲ መምህሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ብትክክል ምቕራዖምን ዘይምቕራዖምን ክግምግም እየ፡፡

### 2.1.8. ትሕዝቶ ትምህርቲ

ትሕዝቶ ትምህርቲ ብሰፊሑ እንትግፅ ኣብ ከይዲ ምምሃር  ምስትምሃር ንተምሃሮ ዝወሃብ ዓይነት ትምህርቲ  ምኻኑን ዘይምኻኑን ንምትንታን እቶም ኣብ ላዕሊ ቀሪቦም ዘለዉ ሓሳባት ተጠቀምቲ እዮም፡፡

### 2.1.9. ረቛሒታት መምረፂ ትሕዝቶ ትምህርቲ

ክኢላታት ስርዓት-ትምህርቲ ትክክል ዝኮነ ትሕዝቶ ትምህርቲ ንክመርፁ ከም መገምገሚ እዞም ዝስዕቡ ትሸዓተ ነጥብታት የቕምጡ፡፡ ንሳቶም እውን፣ረብሓ፣ግቡእነት፣ማሕበራዊ ተቐባልነት፣ጠቃምነት፣ናይ ምምሃር ዓቕሚ ዘገናዘበ፣ድሌት ተምሃሮ፣ስፍሓት ወይ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርትን ክእለት ዕምቆት ምርዳእ ተምሃሮን ዝተፈላለዩ ዕላማታት ከዕውት ዝኽእልን ዘላቕነት እቲ ትሕዝቶን እዮም (ደባሲ፣ 2007)። ከም ዝስዕብ ድማ ተተንቲኖም ኣለው።

#### ሀ. ረብሓ

እቶም ዝተመረፁ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ነቲ ዓይነት ትምህርቲ ዝጠቕሙ (በቲ ዓይነት ትምህርቲ  ክመሓላለፉ ዝደለየ መልእኽቲ ንምምሕልላፍ ዘኽእሉ)እንተኾይኖም እቶም ዝተመረፁ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ረብሓ ኣለዎም ይበሃል፡፡

#### ለ. ግቡእነት ነቲ ዝተመደበሉ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን

እቲ ዝተመረፀ ትሕዝቶ ትምህርቲ ግቡእነት (ትክክለኛ) ሓቅነት ዘለዎ፣ወቅታዊ ግዜ ዘይሓለፎን ሓበሬታ ዝሓዘ እንተኾይኑ እዩ፡፡ ብተወሳኺ ግቡእነት (ትክክለኛ)ትሕዝቶ

ትምህርቲ ብኣንፃር ምትእስሳር ትሕዝቶ ትምህርትን ዕላማ ትምህርትን እውን ይግለፅ እዩ፡፡

ሐ. ማሕበራዊ ተቐባልነት

ሓደ ስርዓተ-ትምህርቲ ንከይዲ ምምሃር ፅቡቅ እዩ ክበሃል እንተኾይኑ እቶም ዝተቐመጡ ትምህርታዊ ዕላማታትን ዝተመረፁ ትሕዝቶታትን ማሕበራዊን ባህላውን ኩነታት ኣተሓሳስባ ፤ማሕበራዊ ፀገማትን ነቲ ሕብረተሰብ ዘገናዝቡ ክኾኑ ኣለዎም፡፡

መ. ጠቓምነት

እዚ መምዘኒ ነጥቢ ምስ መምዘኒ ነጥብታት ረብሓን ማሕበራዊ ተቐባልነትን ዝብሉ ተመሳሳሊ ትርጉም ዘለዎ ኮይኑ ካብኦም ዝፈልዮ ነገር ድማ ተምሃሮ ንዳሕረዋይ ህይወቶም ድልዊ ክኾኑ ንምግባር ዘለዎ ጥቕሚ መሰረት ብምግባር ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝምረፀሉ መምዘኒ ነጥቢ እዩ፡፡

ረ. ናይ ምምሃር ዓቕሚ ዘጋናዝበ

ዝምረፁ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ድሌት ድሕረ ባይታን ክእለትን ተምሃሮ ዘገናዝበ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ምስ እዚ መምዘኒ ነጥቢ ተኣሳሲሩ ክረአ ዝግበኦ ናይ ተምሃሮ ድልውነት እዩ፡፡

ሸ. ስፍሓት

ናይ ተምሃሮ (ዕምቆት) ምርዳእን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርትን ዝተመጣጠነ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ዕምቆት ምርዳእ ማለት ዕንሰ ሓሳባት ሙሉእ ብሙሉእ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ኣቀራርበኦም ፣ ኣዳላልዎኦም ፣ እንታይነቶምን ተግባራዊነቶምን ምርዳእ ማለት እዩ፡፡

ቀ. ዝተፈላለዩ ዕላማታት ከዕውት ዝኽእል

ውፅኢታዊ ዝኾነ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝሓዘ ስርዓተ-ትምህርቲ ውስናት ዕላማታት ኣብ ምዕዋት መሰረት ዝገበረ ዘይኮነስ ቡዝሓት ትምህርቲዊ ዕላማታት ምዕዋት ዝኽእል እዩ፡፡ኣብነት፡- ተምሃሮ ሓዱሽ ፍልጠት ይረኽቡ፣ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን ኣመላኻኽክታን ይህልዎም፣ፅቡ`ቕ ክእለት የጥርዩ… ወዘተ።

## በ. ዘላቕነት እቲ ትሕዝቶ

እቲ ዝተመረፀ ትሕዝቶ ኣድላዪ ኮይኑ ክንደይ ግዜ ክፀንሕ ይኽእል ኢልካ ኣቐዲምካ ምውሳን ኣፀጋሚ እዩ፡፡ እቲ ዝተመረፀ ትሕዝቶ ትምህርቲ ካሊእ ሓዱሽ ለውጢ ክሳብ ዝመፅእ ዘገልግል ክምዝኾነ ኣብ ግምት ምእታው የድሊ እዩ፡፡ ክምኡውን መርሃ ትምህርቲ ትሕዝቶ ትምህርቲ ሓደ መደብ ወይ ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ብሓፈሻ ከይዲ ኣቀራርበኡን ኣገማግምኡን ወዘተ ብዝርዝር ዝገልፅን ከም ሓደ ኣካል ስርዓት ትምህርቲ ክረአይ ዘኽእልን ሰነድ እዩ ክምኡ ድማ ናውቲ መምርሒ ትምህርቲ ዝብሃሉ ድማ ከም ፖሊስ ትምህርቲ ፣ስርዓት ትምህርቲ፣መርሃ ትምህርቲ ዝበሉ እዮም፡፡

### 2.1.10. መልመዲታት ፅሕፈት ኣብ መምሃሪ መፅሓፍ

ኣብ እዋን ትምህርቲ ፅሕፈት መልመዲታት ፅሕፈት ምሃብ ንትምህርቲ ፅሕፈት የጠናኽሮ እዩ፡፡ እዚ ንምትግባር ድማ ኣቀራርባን ኣዳላልዋን እቲ መምህሪ መፅሓፍ ምስቲ ትሕዝቶ ፅሕፈት ዝኸዱ መልመዲታት ክቀርቡ ኣለዎም፡፡

### 2.1.11. መምሃሪ መፅሓፍ ተምሃራይ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ

መፅሓፍ ተምሃራይ ቋንቋ ትግርኛ ታሽዓይ ክፍሊ ኣብ 2008ዓ.ም ዝተሓተመ ኾይኑ መስከረም 2009ዓ.ም ኣብ ተግባር ውዒሊ ተምሃሮ እንዳተገልገሉ ይርከቡ፡፡እዚ መፅሃፍ ሓምለዋይ ሕብሪ ዘለዎ ኾኑ ሽፋኑ ሓውልቲ ኣክሱም ባንዲራ ኢትዮጵያ፣ ስለ ልሳን፣ ምንባብ፣ ፅሕፈት ቃላትን ምድማፅን ዝበሉ ፅሑፋት ኣካቲቱ ዝሓዘ እዩ፡፡ እቲ ዋጋ መፅሓፍ ብር 65.40 ኾይኑ 168 በዝሒ ገፃት ኣለዎ፡፡ ኣብ መፅሓፍ ተምሃረይ ዘለው ትሕዝቶታት ብዝርዝር ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳብ ምዕራፍ ዓሰርተ ዝሓዘ እዩ፡፡ መምህሪ መፅሓፍ ቋንቋ በቢእዋኑ ምግምጋም ንፅሬት ትምህርቲ ሓጋዚ ብምዃን ኣድላይ እዩ፡፡በዚ መሰረት McDebauch(1933)፣እዋኖም ዝሓለፎም ትሕዝቶታት ቋንቋ ብሓደሽ ትሕዝቶታት ንምትካእን ሓደሽቲ ፅንሰ ሓሳባት ንምውሳኽ መምህሪ መፅሐፍቲ ቋንቋ በቢእዋኑ ምግምጋም ኣድላዪ እዩ ይብሉ፡፡ብተወሳኺ እውን መፅሓፍቲ ብመንፅር ድሌት ተምሃራይ ኣብ ምንባብ እቲ መፅሓፍቲታት መልመዲታት ትእዛዝ ኣመልኪትካ ኣብ ቅድመ ኣገልግሎት፣እዋን ኣገልግሎት፣ ድሕረ ኣገልግሎትን ምግምጋም ይከኣል፣ Cunning Worth(1995) ይብል፡፡ ስለዚ መምሃሪ መፅሓፍ ቋንቋ ትግሪኛ ብመንፅር ድሌት ፅሕፈት ተምሃሮ ሙሉእነት ፅሕፈታት ባይታታት ፅሕፈትን ግቡእነት ኣደላልዋን ኣቀራርባን መልመዲታት ፅሕፈትን ኣመልኪትካ ምግምጋም ንምፅባለ ክእለት ፅሕፈት ተምሃሮ ሓጋዚ እዩ፡፡ መፅንዒት እውን ካብ እዚ ንላዕሊ ምሁራን ብዝጠቐስዎ መሰረት ታሽዓይ ክፍሊ ዝብል መምህሪ መፅሓፍ ኣብ ከይዲ ስራሕ እንደሃለወ ኣብ ውሽጢ ዘለዉ ኣቀራርባን ኣደላልዋን ትሕዝቶ ፅሕፈት እንታይ ከም ዝመስሉ ምፍታሽ እዋኖም ዝሓለፎም ትሕዝቶታት እንድሕር ሃሊዮም ብሓደሽቲ ትሕዝቶታት ብምትካእ ኣድላዪ

ኮይኑ እንተተረኺቡ ድማ ሓደሽቲ ፅንሰ ሓሳባት ፅሕፈት ንምውሳኽ ምእንታን ከክእል ፈተሻ ተኻዱ እዩ፡፡

2.1.12. ***መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ መምርሒ ንመምህር***

*መምርሒ ንመምህር ቆፅላዋ ሕብሪ ዘለዎ ከይኑ ኣብ ማእኸሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ክቢ ሓውልቲ ኣክሱምን ኣብ ዙርያ እታ ክቢ ንባብ፣ ስነ ልሳን፣ ቃላት፣ ምድማፅን ፅሕፈትን ዝበሉ ዝሓዘ እዩ፡፡ ኣብ ላዕለዋይ ሽፋን እዚ መፅሓፍ ባንዲራ ኢትዮጵ ይርከብ፡፡ ኣብትሕትኡ ድማ ቋንቋ ትግርኛ ብቢጫ ሀብሪ ብገዚፍ ተፃሒፉ ይርከብ፡፡ ኣብቲሀቲኡ ድማ ብፃዕዳ ሕብሪ መምርሒ ንመምህር ታሽዓይ ክፍሊ ዝብል ፅሑፍ ይርከብ፡፡ ዋጋ እዚ መፅሓፍ ብር* 65 *እዩ፡፡ ኣብ* 20008*ዓ.ም ድማ ታሓቲሙ ኣብ* 2009*ዓ.ም ኣብ ስራሕ ውዒሉ፡፡ ኣብ ውሽጢ መምርሒ ንመምህር ቋንቋ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ዘለው ትሕዝቶታት ካብ ምዕራፍ ሓደ ክሳን ምዕራፍ ዓሰርተ ዝሓዘ እዩ፡፡ መገምገሚ ነጥብታት መምሃሪ መፅሓፍ ዝህልዎም ኣብ ኣቀራርባን ኣደላልዋን ተኸታታሊነት፣ትሕዝቶ ትክክለኛነት፣ግልፅነትን ግብኡነትን ትሕዝቶን እዮም፡፡ ብመሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ፣መምሀሪ መፅሓፍቲ ቋንቋ ትግርኛ ባእታታት ፅሕፈት ብተኸታታላይነት ብትክክልን ብግልፅን ግቡኣት መልመዲታት ዝሓዘ ምዃኑ ኣመልኪቱ ምግምጋም ከምዘድሊ ንርዳእ ከምኡ እውን ኣብ መልመዲታት ፅሕፈት ኣመልኪቱ* Rimes (1983) *ካብ ዝዘርዘሮም ነጥብታት መልመዲታት ብመንፅር ሜላ ኣፀሓሕፉ ክእለት ፅሕፈቶም ዝህቦ ደገፍትን ከምኡ እውን ኣወዳድባ ሕቶታትን ምግምጋም ይከኣል እዩ፣ ዝብል ሓሳብ ኣብ እዚ ኣድላዪ ኮይኑ ይርከብ፡፡ ምክንያቱ መልመዲታት ፅሕፈት ንስሙ ዝቐርቡ እንተኮይኑስ እቶም ሕቶታት ብኣግባቡ ተዋዲዶም ክእለት ፅሕፈት ሰልጠንቲ ክሕግዙ ዝኽእሉ ስለ ዘለዎም እዩ፡፡መፅኒዒት እውን በዚ ኣብ ላዕሊ ካብ* Rimes *ቀሪቡ ዘሎ ሓሳብ መሰረት ኣብ እቲ መምሃሪ መፅሓፍ ዘለዉ ትሕዝቶታት ፅሕፈት እንትትንትን ብመንፅር ተኸታታልነቶም፣ትኽክለኛቶም፣ግልፅነቶም ግቡእነት ኣቀራርባን ኣደላልዋን እናገናዘብኩ ንምግላፅ ስለ ዝኽእለኒ እቶም ሓሳባት ኣብ ምፍታሽ ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ ይኹን ግቡእነት ኣደላልዋ ደጋፊ እዩ ዝብል ሪኢቶ ይካፈል፡፡ ብተወሳኺ እውን ኣብ እቲ መምሃሪ መፅሓፍ ዘለዉ መልመዲታት ፅሕፈት እንትትንትን ብመንፅር ሜላ ኣፀሓሕፈኦም ንምምዕባል ክእለት ፅሕፈት ዝህቦ ደገፍን ኣወዳድባ ሕቶታትን ንምግምጋም ስለ ዘኽእለኒ ኣብላዕሊ ካብ ምሁራን ቀሪቦም ዘለው ሓሳባት ነዚ ዳህሳስ ዝተውሃቦ ጠመተ ይኹን ዘለዎ ትሕዝቶኣዊ ግቡእነት ብዕምቆት ክፍትሽ ሓጋዚ ኮይኑ ረኺበዮ ኣለኹ፡፡*

### 2.1.13. ተፍትሽ መርሃ ትምህርቲ ቋንቋ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ

እዚ መፅናዕቲ ከም ፍልፍል መረዳእታ ካብ ዝተጠቐምሽሉ ሰነዳት እቲ መረሃ ትምህርቲ ታሽዓይ ክፍሊ ቋንቋ ትግርኛ እዩ፡፡ መርሃ ትምህርቲ ዓርሱ ክኢሉ ዝተዳለወ መፅሃፍ ዘይኮነስ ትሕዝቶታት ምስ መምርሒ ንመምህር ኣብ መወዳእታ መፅሓፍ ካብ ገፅ 137 ክሳብ 171 ዝተቐመጠ ኾይኑ ናይ ሕድሕድ ርእሲ ምዕራፋት ዝተመደበሉ ክፍለ ግዜ፣ ኣግባብ ገምጋም ዝሓዘ እዩ፡፡ መምሃሪ መፅሓፍቲ ንምግምጋም ዝተፈላለዩ ምሁራት ዝተፈላለዩ መርኣያታት ኣቕሪቦም እዮም፡፡(እቶም መርኣያታት ድማ በቢዘመኑ እናተመሓየሹ መፂኦም እዮም፡፡ ንኣብነት፡- ታይለር (1943) ምድላው መሳርሕታት ስርዓተ ትምህርቲ ማለት ከም መምሃሪ መፅሓፍቲ፣ መምርሒ ንመምህር፣ መርሃ ትምህርቲ፣ ማን ዋል... ወዘተ ዝኣመሰሉ ነገራት ምድላው ማለት እዩ፡፡ ደረጃታት ምትላም ስርዓተ-ትምህርቲ ድማ ዕላማ እቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ምቅማጥ፣ ትሕዝቶታት ትምህርቲ፣ንጥፈታት ሚላታት ምምራፅ፣ትሕዝቶታት ትምህርቲ፣ንጥፈታት ሚላታት ምምሃርን ብኣግባቡ ክዋደድ ም ግባርን ሚላታት ተፍትሽን ምንፃር እዮም፡፡ ታባ (1962) ድማ ንብርክታት ምድላው ስርዓተ ት ምህርቲ ኣመልኪታ፣ ደረጃታት ምድላው ስርዓተ ትምህርቲ ድሌት ምንፃር፣ዕላማ ምቅማጥ፣ ት ሕዝቶታት ምንፃር፣ምውዳድ ትሕዝቶታት ሚላታት ምምሃር ምምራፅ፣ ምውዳድ ሚላታት ምምሃርን ሚላታት ተፍትሽ ምቕማጥን እዮም ትብል፡፡ መፅንዒት ኣብዚ ካብ ዘለዋ ትዕዝብቲ ምስ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለዉ ናይ ክልተ ሙሁራት መርኣያታት መብዛሕትኦም ተመሳሰልቲ እዮም፡፡ ናይ ታይለር ብርክታት ምድላው ስርዓተ-ትምህርቲ እዮም ካብ ትዕዝብትን ሪኢቶ እዞም ምሁራት ኣብ ኣደላልዋ፣ ኣቀራርባን ግቡእ ኣወሃህባ ጠመተ ትሕዝቶ ክእለት ፅሕፈትን እዚ መፅሓፍ ትግሪኛ ክፍተት ዘለዎ እዩ። ብፍላይ ኣብ ኣደላልዋን ኣቀራርባን ትሕዝቶ ክእለት ፅሕፈት ዝቐረቡ መርኣይታትን መግለፂታትን ኣብ ኣፅጋቢ ብቕዓት ምምሃርን ምስትምሃርን ክእለት ፅሕፈት ዝወነነን ኣብ ምዃን ክፍተት ዘለዎ እዩ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ሜላ ኣፀናንዓ

### 3.1. ንድፊ መፅናዕቲ

ያለዉ 2006 ንትልሚ መፅናዕቲ ኣመልኪቱ ትልሚ መፅንዒት እቲ መፅናዕቲ መዓዝ ኣብ መን ብኸመይ ኩነታት ክካየድ ከም ዘለዎ ኣብ ርእሲ ምዉሳኑ ሜላታት ኣተናትና መረዳእታ እዉን ይጥቀም ይብል።መፅንዒት  እዉን እዚ መፀናዕቲ ኣብ 2017 ዓ/ም "መምሃሪ መፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ንተምሃሮ ታሽዓይ  ክፍሊ ኣብ ክእለት ፅሒፈት" ዝብል ትሕዝቶ ጥራሕ ነፂሉ ብምዉፃእ መፅናዕታ ኣካይዳ እያ። ብተወሳኺ እዉን መፅንዒት ዝተጠቐመትሉ ፍልፍል መረዳእታ ቀዳማይን ካልኣይን ፍልፍል መረዳእታ ብመልክዕ ኣሃዛውን ዓይነታውን ድሕሪ ምቕራብ ተንቲና እያ። ከምኡ እዉን መሳርሒታት መእከቢ መረዳእታ  ዳህሳስ ሰነድ፣ ጉጅላዊ ዘተን ቃለ-መሕትትን ምስ መምህራን ትግርኛ ተኻይዱ እዩ። መፅናዒት ዳህሳሳዊ ከይዲ መፅናዕቲ ምስ ዓይነታውን ኣሃዛውን ኣተኣካክባ መረዳእታ ብምውዳድን ብምጥርናፍን መልክዑ ትንተና ተኻዱ እዩ፡፡

### 3.2. ኣመራርፃ መርኣያ

ኣብዚ መፅናዕቲ ዝሳተፉ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ኣርባዕቲኦም ብምስታፍ ኣካል ናይዚ መፅናዕቲ ክኾኑ እዮም፡፡ ብድምር ናይቶም ዘለው ብምውሳድ መፅንዒት ኣብ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ዝተጠቐመትሉ ዓይነት ኣወሳስዳ መርኣያ ተፀናዓይ ብዕላማ ኮነ ኢልካ ዝተወሰዱ እዮም። እዚ ከዓ ጠቓምን ትኽክለኛን መረዳእታን ሓበሬታን ንምእካብ ዘይትካእ ተራ ስለ ዘለዎም እዩ። ያለው (2009፣135) ንሓፈሻዊ ሜላ መርኣያ ኣመልኪቱ፣"መፅንዒት ዝረከበቶም ኩሎም ኣባላት ተፀናዕቲ ኣብ እቲ መፅናዕቲ እንተተሳቲፎም ሓፈሻዊ ሜላ መርኣያ ይበሃል" ይብል፡፡ መፅንዒት እውን ሓፈሻዊ መርኣያ ሜላ ኣወሳስዳ ሓበሬታ ዝመረፀትሉ ምኽንያት በዝሒ እቶም መምህራን ብቁፅሪ ውሑዳት ስለዝኾኑን ካብ ኩሎም ሓሳባት ንምውሳድ እኹል ሓበሬታ ወሲድካ ነቲ መፅናዕቲ ንምስላጥ ዝዓለመ እዩ፡፡ ስለዚ መፅንዒት ኩሎም ማለት እውን  መምህራን ቋንቋ ትግርኛ መርኣያ መፅናዕታ ገይራ ብምውሳድ ሓበሬታታት ተኣኪቡን ተተንቲኑን እዩ፡፡

### 3.3. መርኣያ ተፀናዕቲ መምህራን

ኣብ ዞባ ደቡብ ከተማ ኮረም ዝርከቡ ኾኖም ሓፈሻዎ ካልኤ ብርኪ ንዘምህሩ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብምልኦም ኣብቲ መፅናዕቲ ተሳቲፎም እዮም፡፡ ቋንቋ ትግርኛ ዘምህሩ በዝሖም ኣርባዕተ እዮም፡፡

### 3.4. ፍልፍል መረዳእታ

መፅኒዒት ቀዳማይን ካልኣይን ፍልፍል መረዳእታ ተጠቕማ እያ፡፡ ካብ ቀዳማይ ፍልፍል ኣተኣኻክባ መረዳእታ ኣብቲ መምሃሪ መፅሓፍ ርኢቶኦም ዘቅምጡ ጉጅላዊ ዘተ መምህራን

ቋንቋ ትግርኛ ብምጥቃም ብካልኣይ ፍልፍል መረዳእታ ድማ ፍተሻ ሰነድ መፅሓፍ ትግርኛ ኣብ ግቡኡነትን ኣቀራርባን ብምክያድ መፅናዕታ ጠመተ ተገይሩ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ቃለ-መሕትት ብምክያድ ካብ ዝተመረፁ መርኣያታት መረዳእታ ብምእካብ ውፅኢት ዓይነታዊ ትንተና ተሳሊጡ እዩ።

## 3.5. መሳርሒታት መአከቢ መረዳእታ

መፅንዒት ዝተጠቐመትሉ መሳርሒታት መአከቢ መረዳእታ ቃለ- መሕትት ንመምህራን፣ ተፍትሽ ሰነድን ጉጅላዊ ዘተን መምህራን ቋንቋ ትግርኛ ብቀንዱ ይርከብዎም፡፡ እዞም ዝተጠቐመትሉ ምኽንያትን ረብሓን ድማ ከም እዚ ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለው ፡፡

### 3.5.1 ተፍትሽ ሰነዳት

ዳህሳስ ኣብ ስነ-ፅሕፈት መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ን9ይ ክፍሊ ይኩን መምርሒ ንመምህር ኣብ ኣቀራርባን ኣደላልዋን ዘለዎ ብቅዓት፣ ናይዚ መፅሓፍ፣ሲለበስን መምርሒ ንመምህርን ዳህሳስን ተንተናን ተኻይዱ እዩ። ያለው (2009፣196) ንዳህሳስ ሰነዳት ኣመልኪቱ፣ መፅንዒት ብዛዕባ ዝሓለፈ ይኹን እዋናዊ ዛዕባ መረዳእታ ንምእካብ እንትላዓል ዝተጠቀምኩሉ እዩ" ይብል፡፡ ስለዚ መፅንዒት ብመንፅር ዕላማ እቲ መፅናዕቲ ዳህሳስ "ምዕባለ ክእለት ፅሕፈት ተኻይዱ እዩ፡፡ እዞም ሰነዳት ንምድህሳስ ዝተጠቐመትሉ መርኣያ ድማ ሕዋስ መርኣያ እዩ፡፡

### 3.5.2 ጉጅላዊ ዘተ

ያለው (2009፣ 197) ንጉጅላዊ ዘተ ኣመልኪቱ "ጉጅላዌ ዘተ ኣብ እቲ ዙርያ ፀገም እኹል ሓበሬታ ክህልዎም ይኽእል እዩ ተባሂሉ ምስ ዝእመነሉም ሰባት እናተመያየጥካ ሓበሬታ ዝእከበሉ እዩ ፡፡ በዝሒ ተሳተፍቲ እውን ክሳብ 12 ክኾኑ ይኽእሉ እዮም ይብል " እዚ ዓይነት መአከቢ ሓበሬታ ድማ ምስ እዚ መፅንዒት ይኽይድ እዩ ፡፡ እዚ መፅናዕቲ እውን ግቡእነት መምሃሪ መፅሓፍ ትግርኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ኣብ ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ዝብል 9ይ ንዘምህሩ መምህራን ማለት እውን ንክልትኦም መምህራን ጉጅላዊ ተኻይዱ እዩ ፡፤ ያለው (2009፣ 152 ) ንክፉታት ሕቶታት ኣመልኪቱ ፣ ‹ክፉታት ሕቶታት መፅንዒት ሕቶታት ንመለስቲ ኣቕሪቡ መልሲ ካብ ተሓታቲ ዝረኽበሉ እዩ " ይብል፡፡ መፅንዒት እውን እዚ ዓይነት መአከቢ ሓበሬታ ምስ እዚ መፅናዕቲ ይኽይድ ኢለ ስለዝኣመንኩሉ ፣ንጉጅላዊ ዘተ ክፉታት ሕቶታት ቐሪቡ እዩ፡፡

### 3.5.3. ቃለ-መሕትት

ቃለ መሕትት ንኣርባዕቲኦም መምህራን ኣብ ኣቀራርባን ኣደላልዋን እዚ መፅሓፍን ስለበስን ጠመተ ብምሃብ ተሳሊጡ እዩ።

## 3.6. ኣወዳድባ መረዳእታ

መፅንዒት ኣብዚ ብርኪ እዚ ሓበሬታታት ንምውዳብ መጀመሪያ ካብ ጉጅለ ዘተ ካብ ዳህሳስ ሰነዳት ይኹን ቃል መሕትት ዝተረከበ ሓበሬታታት በቢዓይነቶም ወዲባ ተተንቲኑ እዩ፡፡ ብምቕፃል ኣብ ሕድሕድ ቦታ ተቐሚጦም ዘለዉ ተመሳሰልቲ ሓበሬታታት ፍልያ ብምውፃእ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ዓይነታዊ መረዳእታታት ብሓደ ብምስራዕ ተቐሚጦም እዮም፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ብገለፃ መልክዕ ተተንቲኑ ቐሪቡ እዩ፡፡

## 3.7. ሜላ ኣተናትና መረዳእታ

መፅንዒት ብዓይነታዊ ሜላ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ መልክዕ ካብ ዳህሳስ ሰነዳት ቀዊሉ ድማ ካብ ጉጅላዊ ዘተ መምህራን ትግርኛን  መረዳእታታት ተኣኪቡ እዩ፡፡ እቶም ዝተኣከቡ መረዳእታታት ድማ ብመሰረት ሒዞምዎ ዝተላዓሉ ዕላማ ብዓይነት ብዓይነቶም ከም ዝስዕብ መልክዑ ኣዳልየ ኣቕርበ እየ፡፡ ኣብቲ መፅሓፍ ዝተቐመጡ ዕላማ ፅሒፈት ነቲ ትሕዝቶ ትምህርቲ ፅሒፈት ዝምጥን ምኳኑ ንምግላፅ ፤ ንዝብል ዕላማ መሰረት ዝገበሩ መረዳእታታት ንምእካብ ፣ኣግባብነት ዘለዎ ሓፈሻዊ ዕላማ ፅሒፈት ኣብቲ መምህሪ መፅሓፍ ኣሎ ዶ? ፣ ዝርዝር ዕላማታት ፅሕፍት እቲ መፅሓፍ እንታይን እንታይን እዮም? ፣ ዝርዝር ዕላማታት ፅሒፈት እቲ መፅሓፍ ግቡኣት ድዮም? ፣ ሓፈሻዊን ዝርዝር ዕላማታት ፅሒፈት እቲ መምህሪ መፅሓፍ ምስ ትሕዝቶ ፅሒፈት ፣ሜላ ኣመሃህራ ተኣሳሲሮም ድዮም? ፣ ዕላማ ፅሒፈት እቲ መፅሓፍ ምስ ትሕዝቶ ፅሒፈት ፣ ሜላ ኣመሃህራ ፅሒፈትን ሜላ ተፍትሽ ፅሒፈት ፣ ተዛሚዶም ዶ? ንዝብሉ ሕቶታት ቀሪቦም፡፡ ብምቅፃል ንዕላማ ክልተ ማለት እውን ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ክእለት ፅሒፈት ተምሃራይ ከማዕብሉ ዝኽእሉ ምኳኖም ምፍታሽ፤ ንዝብል ዕላማ መሰረት ዝገበሩ መረዳእታታት ንምእካብ፣ እንታይ ዓይነት ትሕዝቶታት ፅሒፈት ኣብቲ መፅሓፍ ግቡእነት ኣቀራርባን ኣደላልዋን ኣለዎም ዶ?  ሜላ ኣማሃህራ ፅሒፈት ፣ሜላ ተፍትሽ ፅሒፈት ተዛሚዶም ዶ?  እቲ መፅሓፍ ዝሓዞ ሜላ ኣመሃህራ ፅሒፈት ግቡእነት ኣለዎ ዶ ? ንእቶም ሜላ ኣመሃህራ ፅሒፈት ምስ ሜላ ተፍትሽ ተዛሚዶም ዶ ? ዝብሉ ሕቶታት ቀሪቦም ኣብ መወዳእታ ድማዕላማ ኣርባዕተ ማለት እውን ንቲ ትሕዝቶ ፅሒፈት ዝምጥኑ ሜላታት ተፍትሽ ኣብቲ መምህሪ መፅሓፍ ምህላዎም ምርግጋፅ ፤ ንዝብል መሰረት ዝገበሩ መረዳእታታት ንምእካብ ፣ እቲ መምህሪ መፅሓፍ ሜላታት ተፍትሽ ፅሒፈት ተሓንጊፁሉ ዶ? ንዝብሉ ሕቶታት ኣቕሪበ ፤ ካብ እቶም ዝቐረቡ ሕቶታት ዝተረኽቡ መረዳእታታት ድማ ሰለስተ ብርክታት ትንተና ዓይነታዊ መረዳእታ ተኻይዱ እዩ፡፡ ኣብ መወዳእታ ድማ መጠቓለሊ ሓሳብ ብምሃብ ቐሪቡ እዩ ፡፡

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## ምቅራብ ፣ምትንታንን ምዝታይን ርካቦታት

## ሓፈሻዊ መርዳእታ

### 4.1.1. ሓፈሻዊ መረዳእታ ተሳተፍቲ መፅናዕቲ

| ሪጋ | በዝሒ ተሳተፍቲ መፅናዕቲ | | | ዕድመ | | | ደረጃ ትምህርቲ | | | ልምዲ ስራሕ/ግልጋሎት ብዓመት | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| | ተባ | ኣነ | ድምር | 20-30 | 31-50 | ልዕሊ 50 | ትሕቲ ዲፕሎማ | ዲፕሎማ | ዲግሪን ልዕሊኡን | 1-3 | 4-7 | 8-11 | 12ን ልዕሊኡን |
| | 1 | 3 | 4 | ---- | 4 | --- | --- | --- | 4 | -- | --- | 1 | 3 |

ተሳተፍቲ እዚ መፅናዕቲ ኩሎም ናይ ቋንቋ ትግሪኛ መምህራን ኮይኖም ኩሎም ብደረጃ ዲግሪ ዝተመረቑ እዮም። ኣብቲ ሞያ ዕምቆት ፍልጠት ዘለዎምን ዘማዕበሉን ኮይኖም ንምርካብ ሓደ መሰረታዊ እታዎት እዩ ። ልምዲ ስራሕ እዞም ሰብ ሞያ እውን እንትረአ ኩሎም 11 ዓመትን ልዕሊኡን ኮይኖም ተመሳሳሊ ብርኪ ተመኩሮን ልምድን ዘማዕበሉን እዮም። ልዕሊ 18 ዓመታት ልምዲ ስራሕ ዘለዎም ኣብዚ መፅናዕቲ ክልተ ኣለው። እዚ ድማ ልዑል ናይ ተግባር ተመኩሮን ምስክርነትንኣብ ምሃብ ተጠቃሚ ይገብሮ። ብደረጃ ዕድመ እንትንረአ እዞም ተሳተፍቲ ካብ 31 ክሳብ 50 ዕድመ ክልል ዘለው እዮም። እዞም ተሳተፍቲ ከዓ ሰፊሕ ልምድን ኣስዋፅኦን ኣብቲ ሞያ ክህልዎምን ክገብሩን ዕድል ዘለዎ እታዎት ይገብሮ።

### 4.1.2. ሓፈሻዊ ሓበሬታ ተፀናዕቲ ሰነዳት

ግቡእነት ተፀናዓይ መፅሓፍ ትግሪኛ 9ይ ክፍሊ ኣብ ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ብኣንፃር ዝተውሃቦ ኣድህቦ፣ትሕዝቶ ግቡእነትን ኣቀራርባን ኣደላልዋን ክእለት ፅሕፈት ንምዕባይ ዓሊሞም ዝተቐረፀ ስርዓተ ትምህርትን መርሃ ትምህርትን ዕላማታትን ትምህርቲ ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ፣ክምኡ እውን ነዚ ብሓጋዝነት ዝተቐመጡ እታዎታት ከም ስለበስን መምርሒ ንመምህርን ምስ እዚ ኣገናዝብኻ ብምድህሳስን ውፅኢትን ርካባትን እዚ መፅናዕቲ ንምቅማጥ ዓሊሙ ዝተሳለጠ መፅናዕቲ እዩ። በዚ መሰረት መፅንዒት ኣብዚ መፅሓፍ ካብ ባዕላ ብዘለዋ ተመኩሮን ትዕዝብትን እውን ሓዊሱ፣ ተፍትሽ እዚ መፅሓፍ፣ ብጉጅላዊ ምይይጥ ዝተረኽበ መረዳእታ፣ ካብ ቃለ መሕትት ብዝተረኽበ መረዳእታን ጥሉል ሓበሬታን መሰረት ብምግባር ተተንቲኑ እዩ፡፡ ኣብዚ ዝተረኽበ መጠቓለል ካብዚ ንታሕቲ ቀሪቡ ኣሎ። ካብ ቃለ መሕትትን ጉጅላዊ ዘተን ዝተረኽቡ ትንተና ተሳተፍቲ ምስቶም ሰለስተ ሕቶታት መፅናዕትን ዕላማን እናገናዘብኻ ክቀርቡ ተጌሩ ኣሎ። ካብ ተፍትሽ እዚ ሰነድ ዝተረኽቡ ውፅኢታት ድማ ኣብዚ ቀፂሉ ዘሎ ሰደቓ

ክቀርብ ድሕሪ ምግባር ኣብ ሰለስቲኦም መሰረታዊያን ሕቶታት እዚ መፅናዕቲ ከከም ኣድላዩነቶምን ተዛማድነቶምን ተጌሩ ኣሎ።

## 4.2. ሕቶታት መፅናዕቲ ምቕራብን ምትንታንን

### 4.2.1. ሰደቓ ሓደ፣ ካብ ፍተሻ ሰነድ ዝተኣከበ ውፅኢት ዝምልከት

ስዒቦም ዘለው ሕቶታት ኣብ ግቡእነት ክእለት ፅሕፈት፣ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ፍሰትን ክእለት ፅሕፈት ምምሕያሽ  ተፀንዓይ መፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ን9ይ ክፍሊ ንክእለት ፅሕፈት ዝተውሃቦ ጠመተን ዳህሰስን  መለክዕታት ኮይኖም ካብ ኣዝዩ ልዑል ክሳብ አዝዩ ትሑት ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ ዝሓዙ ኮይኖም ዝተዳለው እዮም ኔሮም። ውፅኢቶም ድማ ከም ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ። አብ ንኡስ ድምር 1፣ ንኡስ ድምር 2ን ንኡስ ድምር 3ን ዘለው ሕቶታት ብቅደም ሰዓብ ምስ ሕቶታት መፅናዕቲ ሓደ፣ክልተን ሰለስተን ተዛሚዶም ንምፍታሽ ዝተጠቐምኩሎም መመዘኒታት እዮም። ኣብዚ ዝተረኸበ ውፅኢት እዚ ተፀንዓይ ሰነድ ኣብ ሕድሕዶም ሕቶታት መፅናዕትን ብድምር ኣብ ሰለስቲኦምን ተተንቲኖም ኣለው። ብዝበለፀ ኣብቲ ሰደቓ ዘሎ ምርአይ ይካኣል።

| ሪጋ | ዝርዝር ናይዚ ሰነድ መፈተሺ/መመዘኒ ነጥብታት/ረቛሒታት | ኣዝዩ ልዑል | ልዑል | ዘዕግብ | ትሑት | ኣዝዩ ትሑት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 5 | 4 | 3 | 2 | 1 |
| 1 | ደጋዊ ክፍሊ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣቀራርባን ሰሓባይነትን፣ ዝሓዞ ሓበሬታ፣ ግልፅነት ሓበሬታ ሕብሪ መፅሓፍ እንትርአ፣ | | | 3 | | |
| 2 | ንግቡእነት ኣቀራርባ ቃላትን ንውሑትን ፍሰትን ምሉእ ሓሳባትን ዝተውሃቦ ጠመተ፣ | | | 3 | | |
| 3 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ሜላ ኣቀራርባ ትምህርትን ኣሳታፋይነትን ትሕዝቶ ዘተውሃቦ ተኹረትን እንትምዘን፣ | | | | 2 | |
| ንኡስ ድምር 1 | | --- | --- | 6 | 2 | ---- |
| ብምእታዊ | | ---- | ---- | 40 | 13.33 | ---- |
| 1 | እዚ መፅሓፍ ብመሰረት ስለበስን ኣዕጋቢ ብቅዓት ምምህርን እንትርአ፣ | | | | 2 | |
| 2 | ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለው ንጥፈታት፣ኣብነታትን መምርሒታትን ትሕዝቶታት ባህሊ፣ እምነት፣ ኢኮኖሚያዊ ባይታ ዘገናዘቡ ኣብ ምዃን ዘሎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ቅድን፣ | | | 3 | | |
| 3 | ዕላማ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ምትእስሳርን ክእለት ፅሒፈት ንምዕባይ ዘለዎ ግቡእነትን እንትድህሰስ፣ | | | 3 | | |
| 4 | ተፀናዓይ መፅሓፍ ምስቲ ደረጃ ክፍልን ኣዕጋቢ ብቕዓት ምምሃር ንምምላእ ዘለዎ ምትእስሳርን ምዕሩይነትን እንትፍተሽ ዘለዎ ግቡእነት፣ | | | | 2 | |
| 5 | ትሕዝቶታት መምርሒ ንመምህርን ሲለበስን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ዝምድና ኣብ ዝተመረፁ ርእሲታት/ትሕዝቶታት ቅድመ-መብርሂ ኣብ ምሃብን ኣቀራርባ ትሕዝቶ ማሕበራዊ ክእለትን ጋንታዊ ስራሕን ኣብ ምንፅብራቕን ዘለዎ ግቡእነት፣ | | | | 2 | |
| 6 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ብዕላማ ምፅሓፍ፣ ንልምምድ በሪ ዝኸፈተ፣ ደጋፊ ግብረ-መልሲ ምምላእን ተቐራሪብካ ምስራሕን ዝብሉ መትከላት ክእለት ፅሒፈት ዘማልአ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ ምህላው፣ | | | 3 | | |
| 7 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ካብ ምትላም ዕላማ ጀሚሩ ትርጉም ዘለዎ መረዳእታታት ብምእካብ በቢ መርሃ ግብሩን በቢ ግዚኡን ከይዳዊ ትንተናን ገምጋምን ስርዓተ ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ላዕለዋይ ብርኪ/ሚኒስተር ትምህርቲ ይሳለጥን ኣብ ግብሪ ይውዕልን ኣብ ምዃን፣ | | | 3 | | |
| 8 | ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ብመንፅር ረብሓ፣ ግቡእነት፣ ማሕበራዊ ተቀባልነት፣ጠቓምነት፣ ናይ ምምሃር ዓቕሚ ዘገናዘበ፣ድሌት ምምሃር ተምሃሮ፣ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ፣ ዕምቆት ምርዳእ፣ ዕላማታት ዘዕውትን ዘላቕነት ትሕዝቶን እንትርአ፣ | | | | 2 | |
| 9 | ተፀናዓይ መፅሓፍ ሜላታት መስተምሃሪ ክእለት ፅሒፈት ከም ምውዳድ ፅሒፈት፣ምሕሳብን ምፅማድን፣ ተሓጋጊዝካ ምፅሓፍ ፣ ሰሰጊርካ ምፅሓፍ፣ ክፍቲ ብምግባር ምፅሓፍ፣ ቅንብር መሕትት፣ መሰረት ዝገበረ ዓንቀፅ ምምስራትን ዘማልአ ኮይኑ ኣብ ምድላው ዘለዎ ግቡእነትን ፍሰትን እንትምዘን፣ | | | | | 1 |
| ንኡስ ድምር 2 | | ---- | ---- | 12 | 8 | 1 |
| ብሚኢታዊ | | ---- | ---- | 26.67 | 17.78 | 2.22 |
| 1 | ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ፉሉይ ድሌትን ከባብን ዘገናዘበ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ኣብ ምዃን፣ | | | | 2 | |
| 2 | ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ርክብን ብቅዓት ትሕዝቶኣዊ ግቡእነትን ኣምርን እንትርአ፣ | | | 3 | | |
| 3 | ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ዘለዎ ድጋፍን ደረጃ ክብደት ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ቋንቋን ምስ ቅደም ሰዓቦም ኣቀራርባን ክእለት ፅሒፈት ዘለዎ ፍሰት ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምዃን፣ | | 4 | | | |
| 4 | ምዕሩይነት እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣመራርፃን ኣቀራርባን ቃላት፣ ቅለትን ክብደትን ሙሉእ ሓሳባትን፣ ፍሰት ሙሉእ ሓሳባትን ንጥፈታትን እንትርአ፣ | | | 3 | | |
| 5 | ካብ ቀረባ ናብ ርሑቅ ዘሎ ፍሰት ኣቀራርባን ግልፅነትን ዘለው ሕቶታት፣ መልመጂታትን መምርሒታትን ክእለት ፅሒፈት ዘማዕብሉ ኣብ ምዃን፣ | | | | 2 | |
| 6 | ኣጠቃቀማ መሰጋገሪ ቃላት፣ ሙሉእ ሓሳባትን ዓንቀፅን ነቲ ርእሲ/ትሕዝቶ ዝገለፅ ናይ ኣቀራርባ ብቕዓት ኣብ ምህላው ፣ | | | 3 | | |
| 7 | መምሃሪ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣደላልዋን ኣቀራርባን፣ ተኸታታልነት፣ትሕዝቶ ትክክለኛነት፣ ግልፅን ግቡእነትን ትሕዝቶ መገምገሚ ስርዓተ ትምህርቲ ጌርም ይወስዱ ምዃኖም፣ | | | | 2 | |
| 8 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ዓምዳውን ጎናውን ምትእስሳር፣ | | 4 | | | |
| ንኡስ ድምር 3 | | --- | 8 | 9 | 6 | |
| ብሚኢታዊ | | --- | 20 | 22.5 | 15 | |
| ጠቕላላ ድምር( ንኡስ ድምር 1 ክሳብ 3) | | 0 | 8 | 27 | 16 | 1 |
| ብሚኢታዊ /%/ | | 0 | 8 | 27 | 16 | 1 |

## 4.2.2. ኣብቲ ተፀንዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሒፈት ዝተወሃቦ ጠመተ ክንደየናይ እዩ? ሰደቓ ክልተ፣ ትንተና ተፀንዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሒፈት ዝተውሃቦ ጠመተ ኣብ ዝምልከት፣

| ሪጋ | ዝርዝር ናይዚ ሰነድ መፈተሺ/መመዘኒ ነጥብታት/ረቛሒታት | ኣዝዩ ልዕል | ልዑል | ዘዕግብ | ትሑት | ኣዝዩ ትሑት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 5 | 4 | 3 | 2 | 1 |
| 2.1 | ደጋዊ ክፍሊ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣቀራርባን ሰሓባይነትን፣ ዝሓዞ ሓበሬታ፣ ግልፅነት ሓበሬታ ሕብሪ መፅሓፍ እንትርአ፣ | | | 3 | | |
| 2.2 | ንግቡእነት ኣቀራርባ ቃላትን ንውሑትን ፍሰትን ምሉእ ሓሳባትን ዝተውሃቦ ጠመተ፣ | | | 3 | | |
| 2.3 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ሜላ ኣቀራርባ ትምህርትን ኣሳታፋይነትን ትሕዝቶ ዘተውሃቦ ተኹረትን እንትምዘን፣ | | | | 2 | |
| ንኡስ ድምር 1 | | --- | --- | 6 | 2 | ---- |
| % | | ---- | ---- | 40 | 13.33 | ---- |

ተፀንዓይ መፅሓፍ ተምሃሮ ማሕበራዊ ምትእስሳር ህይዎቶም ዝበለፀ ንምዕባይ ዘለዎ ደገፍን ነዚ ብዘራጉድ መልክዑ ዝተሓንፀፀ ኣብ ምዃንን ዝሓሸ ጠመተ ዝተውሃቦ እኳ እንተኾነ፣ ክእለታት ፅሕፈት እዚ መፅሓፍ በዚ መፅቢሉን ተስተማቂሩን ክክሽን ኣብ ንምግባር ዝተውሃቦ ሞያዊ ኣድህቦን ጥበባዊ ምፅሩይነት ይንእስ እዩ ዝብል ግብረ-መልሲ ተሳተፍቲ እዚ መፅናዕቲ ዓብላልነት ኣለዎ። ኣብ ድዛይንን ስእላዊ መግለፅን ተፀናዓይ መፅሓፍ እንትን ምልከት እኳ ብቀሊሉ እንተሪኢና ኣርባዕቲኦም ክእለታት ፅሕፈት እንታይነቶም ንምፍላጥ ብዘክእል ዝተዋደደ ናብ ዘምስል ዝተቀረፀ ይበዝሑ፣ ንምርምር ዝተኸሸነ ክእለት ፅሕፈት ዝዕድሙ ስእላዊ መግለፂታት፣ መልመዲታት፣ ናይ ምርምርን ተደጋጊፍካ ምስራሕን ስእላዊ ምዝማድን ትንተናን ኣስጢሙ ዝሓዘ ኣይኮነን ዝብል ኣብዝሓ ሪእይቶ ጉጅላዊ ምይይጥን ውፅኢት ቃለ መሕትትን እዮም። ኣብ ዝተሳለጠ ቃለ-መሕትት ካብቶም ተሳተፍቲ ናይ ክልተ ዝነበረ ሓሳብ ጠሚርካ እንትድመፅ ዝስዕብ ይመስል፣

*"ብንፁር ኣብ ክእለት ፅሕፈት ኣድሂብካ ብቋንቋ ትግርኛ ውሕሉል ፅሕፈት ክትፅሕፍ እዚ ነቲ ጋህዳዊ ዓለም መነባብሮ ሕብተሰብና ክገልፅን ክግልገለሉን ዝስሕብን ኮይኑ ክዳሎ ኣብ ምግባር ንክእለት ፅሕፈት፣ በዚ ኣቢልካ ንክእለት ክየናን ጥበባዊ ውፅኢትን ዝተውሃበ ጠመተስ ይትረፈና ንቋንቋ ትግርኛ ዝተውሃበ ጠመተ እንታይ ይመስል ምባል ዶ ኣይምሓሸን እቲ ሕቶ? ቋንቋ ትግርኛ ምስ ክእለት ፅሕፈቱ ንድሕሪት ተሪፉ እኮእዩ ፀንሑ! ፣ ቑሩብተይ ታተ ምባል ጀሚሩ ዝነበረ ሐዚ ድማ ንቋንቋ ትግርኛ ክጠፍእ ዝፅዕሩ ከም ዘለው ይሕብሩ፡፡"*

ካብዚ ምርዳእ ዝከኣል ኣብዚ ተፀናዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ንምዕባይ ዝተውሃበ ኣድህቦን ዕምቆትን ነቲ ብርኪ ይኹን ነቲ ጋህዳዊ ምንቅስቃስ ሕብረተሰብና ዝምጥንን ኾይኑ ኣብ ምርካብን ውሽጣዊ ትሕዝቶታትና ዝገልፅ ኮይኑ ኣብ ምርካብን ይንእስ ምዃኑ እዩ። ክእለት ፅሕፈት ዘለዓዕሉን ኣብቲ መፅሓፍ እኹል ዝኾነ ስእላዊ መረዳታታት ኣብ ምህላው፣ እቲ ዝርካቦም ዝቐረቡ ስእልታትን መግለፅታትን ሰሓባይን ተበግሶ ወሲድካ ክትፅሕፍን ኣብ ምግባር ብውስንነታት ዝተሓፀሩ እዮም። እቶም ዘለው ስእላዊ መግለፅታት ግልፅነትን ምዕሪቶ ሓልዮም ዝተቀመጡን ምግለፂ ዘለዎምን እዮም ዝብል ናይ ዝበዝሑ ተሳተፍቲ ሓሳብ እዩም። ዝቐረቡ ፎቶ ግራፋት ፣ ንድፍታት ፣ ወዘተ ምስቲ ትሕዝቶ ርእሲ ተዛማድነት እውን ዘለዎም እዮም። ፆታዊ ማዕርነት፣ ፅሑፋት እቲ መፅሓፍ ዓቐኖም ፣ ኢታሊክ፣ ኣጠቓቅማ ቦልድ፣ ወዘተ ንተምሃሮ ብዝስሕብን ንፀሓፋይ ብዘተባብዕን ኣብ ምኽን ስፍሓት ዘለዎ ክፍተት የብሎምን። ኮይኑ ግና ንፈጠራ ክእለት ፅሕፈት ብዘላዓዕል ንድፍታትን ስእልታትን ኣፀሓሕፋ ዓንቀፅ ይኹን ካልኦት ትሕዝቶታት ጠመተ ይውሕዶም እዩ ዝብል ሪእይቶ እዩ ዘሎ። ስእልታት ዲዛይናት ግልፅነት ዘለዎም ፣ ዝተዋደደ ሕብሪ ፣ ቀጥታዊ ትርጉም ዝህቡን ዘየመናትኡ

ኮይኖም ዝቀረቡ እዮም። ስእልታት ዖታዊ ዝንቅን ባህልን ዘገናዝቡ ኮይኖም ዝተሓንፀፁ ዙርያ መለሽ ድሕረ-ባይታ ተምሃሮ ዘካተተን ናብ ረብሓ ዘውዕለን ኣብ ምኳን ክፍተት ዘለዎ እዩ ዝብል ሓሳብ ይካፈሉ ኣብዝሓ ተሳተፍቲ እዚ ፅንዓት ብድምር እዚ መፅሓፍ ብኣንፃር ክእለት ፅሕፈት ዘለዎ ሰሓባይነት፣ ኣድላይነት ዝሓዞ ሓበሬታ፣ ግልፅነት ሓበሬታ፣ ካብሕብሪ ሽፋን መፅሓፍን ክሳብ ኣብ ውሽጢ ትሕዝቶ ዘሎ ስእላዊ ኣቀራርባን ዝተውሃቦ ጠመተን ብዓይኒ ተሳተፍቲ እዚ መፅናዕቲ ንምርምርን ተበግሶ ምውሳድ ክእለት ፅሕፈትን ዘነቓቕሑ ኮይኖም ኣብ ምርካብ ናይ ክእለትን ጠመተን ጉድለት ዘለዎም እዮም። ስዒቡ ዘሎ ርእይቶ ተሳተፍቲ ኣብቲ ብዕምቆት ንሰለስተ መዓልቲታት ዝተሳለጠ ዘተ ጉጅላውን ቃለ መሕትታውን ተሳተፍቲ ዝተረኽበ ጠቓሚ ውፅኢት እዩ። እዚ እውን፤

*"እዚ መፅሓፍ ታሽዓይ ክፍሊ ዝምሃርሉ ዜጋ ተሃኒያም ዝወፀሉ መፅሓፍ ምኳኑ፣ ብክእለት ፅሕፈቶምን ማሕበረ- ኢኮሚያዊ፣ፖለቲካዊ፣ ባህላውን ድሕንነታውን ምንቅስቃስ ማሕበረ ሰብ ዝገልፅን ኣብቲ ቦታ ከምዝነበሩን ከምዘለውን ገይሮም ልበወለድ ይኹን ኢ ልበወለድ ከም እኒ ነጋድራስ ገብረሂወት ባይከዳኝ፣ ደብተራ ፍስሃ ጊዮርግስ ኣብየ እግዚ፣ ከያኒ ዶክተር ኪሮስ ኣለማዮህን ኢያሱ በርሀን … ዝበሉ ስሙያት ፀሓፍትን ከየንትን ከፍርዩ ዝክእሉ ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉን፣ ነዚ ዝኸውን ስሙያት ፀሓፍቲ መምሃሪ ዝውፅል መፅሓፍ ብልዑል ጠመተን ጥበባዊ ክእለት ፅሕፈት ዓሪፍዎን እንትቀርብ እዩ። ነይዚ ፅሓፍ ክፍተት ካብዚ ፀገም ዝወፀ ኣይኮነን።"*

ካብዚ ርእይቶን ውፅኢት ምይይጥ ተሳተፍትን እንርድኦ ኣብ ኣደላልዋ፣ ኣቀራርባ ትሕዝቶን ግቡእነት ኣቀራርባን እዚ መፅሓፍ ብእኹል ጥበብ ፅሕፈት ሰብ ሞያ ወሕሊሉን ዓቅሚ ናይዚኦምን ዓሪፍዎ ብልዑል ትኹረትን ኣድህቦን ኣብ ምድላው ሰፊሕ ክፍተት ከም ዘለዎ መብዛሕትኦም ነዚ ኣምር ብምድጋፍ ኣብ መብዛሕትኡ ርእይትኦም ይስማዕምዑ።

ኣብ ሪጋ 2.1፣ ደጋዊ ክፍሊ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣቀራርባን ሰሓባይነትን፣ ዝሓዞ ሓበሬታ፣ ግልፅነት ሓበሬታ ሕብሪ መፅሓፍ እንትርእ፣ ዝተረኽበ ውፅኢት 60% እዩ። ሽፋን እዚ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ውሽጣዊ ምልዕዓል ዝተኣሳሰረ ጎናውን ዓምዳዊ ርክብ ብዘርኢ ኣመፃፅኣ፣ ምዕባለን ምውርራስን ቋንቋ ትግርኛ ምስ ቋንቋ ግእዝ ኣብ ዘይምርኣይ ክፍተት ኣሎ። ኣመፃፅኣን ስልጣነን ቋንቋ ትግርኛ፣ ፍሰትን ተመጋጋብነትን ኣርባዕቲኦም ክእለታት ምዝማድ ምስ በዚ ሞያ ውፅኢታውያን ዝኾኑ ስሙያት ፀሓፍቲ ብዘንፀባርቅ ኣብ ሰሓብነቱ ምርዛን ሕፅረት ኣለዎ። እዚ ዘመላክቶ እዚ ሰነድ መምሃሪ መፅሓፍ ካብ ኣቀራርባ ሓበሬታ ይኹን ሰሓባይነቱ ውስንነት ከም ዘለዎ እዩ።

ኣብ ሪጋ 2.2 ንግቡእነት ኣቀራርባ ቃላትን ንውሓትን ፍሰትን ምሉእ ሓሳባትን ዝተውሃቦ ጠመተ ኣብ ዝተኻየደ ተፍትሽ እዚ ሰነዳት እዚ ፅንዓት ከም ዝተቐመጠ ካብ 60 ሚኢታዊ ዘይዛይድ እዩ።

*ኣብ ሪጋ 2.3፣ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ሜላ ኣቀራርባ ትምህርትን ኣሳታፋይነትን ትሕዝቶ ዘተውሃቦ ተኹረትን እንትምዘን ውፅኢት ተገምጋማይ ሰነድ 2(40%) እዩ። ኣቀራርባ ትሕዝቶታት ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ዘለዎም ርክብ እንትርአ ንክእለት ፅሕፈት ዘማዕብል ኮይኑ ኣብ ምቕራቡ ጉድለት ኣለዎ። ኣገባብ ኣመሃህራ ይኹን ኣገባብ ገምጋም ክእለት ፅሕፈት ተኮር ኣብ ምኳንን ኣብ ትሕዝትኡ ንዝዓሞቔ ምርምር ዘየድህብን ኣብ ከይዲ ቀረፅኡ መምህር ተኮር ዝዳፍኦን የመዝን። ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ሜላ ኣቀራርባ ትምህርትን ኣሳታፋይነትን ትሕዝቶ ዝተውሃቦ ትኹረትን እንትምዘን፣ ክእለት ፅሕፈት ዘማዕብሉ ናይ ውልቀን ናይ ሓባርን ዕዮታት ኣብ ምሃብ፣ ግብረ-መልሲ ኣብ ምሃብን፣ነዚ ከምዚ ዝበለ ተግባርን ሜላን ልዑል ቆላሕታ ሂብካ ኣብ ምኻድን ካብ ፍታሕን ትርጉም ቃላትን ዝዘለለ ኣብ ከምዚ ዝበለ ሸክሚ ኣእትዩ ክእለቶም ዘማዕብሉ ኩነት ኣብ ምፅማድ ትኹረት ይጓደሎ እዩ ዝብል ውፅኢት ርእይቶ እዩ ዘለዎም። ከምኡ እውን ብቕዓት ትሕዝቶ ወይ ኣምር እቶም ትሕዝቶታት ኣብ ክንዲ ልዑል ጠመተ ንክእለት ፅሕፈት ምሃብ፣ ኣብ ዝርርብን ምድማፅን ስዋስዉን ዘድሃቡን ዘዘንበሉን ናይ ምኳን ተርእዮ ኣለዎም።*

*ብድምር ኣብ ሰደቓ ክልተ በቶም መፈተሺ ሰነዳት ዝተኣከበ መረዳእታን ውፅኢት ገምጋምን ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘሎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ፣ ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈትን ነዚ ዝተውሃቦ ጠመተን እንትጥርነፍ ካብ 6(40%)ኣብ ዘዕግብ ብርክን ክሳብ 2(13.33%)ትሑት ገምጋምን ዝሸፈነ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ። እዚ ዘመላኽተና እዚ ሰነድ በቶም ዝተቐመጡ መመዘኒታት እንትንወስድ ክእለት ፅሕፈት ንምምሕያሽ ልዑል ትኹረት ዝስሕቡ ዘይተዓበሱ ክፍተታት ምህላዎም ይጥቁመና።*

### 4.2.3. ትሕዝቶኣዊ ግቡኡነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ይመስል?

**ሰደቓ ሰለስተ፣ ትንተና ኣብ ትሕዝቶኣዊ ግቡእነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ትግሪኛ ንታሽዓይ ክፍሊ**

| ሪጋ | ዝርዝር ናይዚ ሰነድ መፈተሺ/መመዘኒ ነጥብታት/ረቛሒታት | ኣዝዩ ልዕል | ልዑል | ዘዕግብ | ትሑት | ኣዝዩ ትሑት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 5 | 4 | 3 | 2 | 1 |
| 3.1 | እዚ መፅሓፍ ብመሰረት ስለበስን ኣዕጋቢ ብቅዓት ምምህርን እንትርአ፣ | | | | 2 | |
| 3.2 | ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለው ንጥፈታት፣ኣብነታትን መምርሒታትን ትሕዝቶታት ባህሊ፣እምነት፣ ቁጠባዊ ባይታ ዘገናዘቡ ኣብ ምኳን ዘሎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ቅድን፣ | | | 3 | | |
| 3.3 | ዕላማ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ምትእስሳርን ክእለት ፅሕፈት ንምዕባይ ዘለዎ ግቡእነትን እንትድህሰስ፣ | | | 3 | | |
| 3.4 | ተፀናዓይ መፅሓፍ ምስቲ ደረጃ ክፍልን ኣዕጋቢ ብቅዓት ምምሃር ንምምላእ ዘለዎ ምትእስሳርን ምዕሩይነትን እንትፍተሽ ዘለዎ ግቡእነት፣ | | | | 2 | |
| 3.5 | ትሕዝቶታት መምርሒ ንመምህርን ሲለበስን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ዝምድና ኣብ ዝተመረፁ ርእሲታት/ትሕዝቶታት ቅድመ-መብርሂ ኣብ ምሃብን ኣቀራርባ ትሕዝቶ ማሕበራዊ ክእለትን ጋንታዊ ስራሕን ኣብ ምንፅብራቅን ዘለዎ ግቡእነት፣ | | | | 2 | |
| 3.6 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ብዕላማ ምፅሓፍ፣ ንልምምድ በሪ ዝኸፈተ፣ ደጋፊ ግብረ-መልሲ ምምላእን ተቐራሪብካ ምስራሕን ዝብሉ መትከላት ክእለት ፅሕፈት ዘማልአ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ ምህላው፣ | | | 3 | | |
| 3.7 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ካብ ምትላም ዕላማ ጀሚሩ ትርጉም ዘለዎ መረዳእታታት ብምእካብ በቢ መርሃ ግብሩን በቢ ግዚኡን ከይዳዊ ትንተናን ገምጋምን ስርዓተ ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ላዕለዋይ ብርኪ/ሚኒስተር ትምህርቲ ይሳለጥን ኣብ ግብሪ ይውዕልን ኣብ ምኳን፣ | | | 3 | | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 3.8 | ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ብመንፅር 9 ኦም መስፈሪታት ትሕዝቶ ትምህርቲ (ረብሓ፣ ግቡእነት፣ ማሕበራዊ ተቀባልነት፣ጠቓምነት፣ ናይ ምምሃር ዓቅሚ ዘገናዘበ፣ድሌት ምምሃር ተምሃሮ፣ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ፣ ዕምቆት ምርዳእ፣ ዕላማታት ዘዕውትን ዘላቕነት ትሕዝቶን) እንትርአ፣ | | | | 2 | |
| 3.9 | ተፀናዓይ መፅሓፍ ሜላታት መስተምሃሪ/ምዕባለ ክእለት ፅሕፈት ከም ምውዳድ ፅሕፈት፣ምሕሳብን ምፅማድን፣ ተሓጋጊዝካ ምፅሓፍ፣ ሰሰጊርካ ምፅሓፍ፣ ክፍቲ ብምግባር ምፅሓፍ፣ ቅንብር መሕትት፣ መሰረት ዝገበረ ዓንቀፅ ምምስራትን ዘማልአ ኮይኑ ኣብ ምድላው ዘለዎ ግቡእነትን ፍሰትን እንትምዘን፣ | | | | | 1 |
| ንኡስ ድምር 2 | | ---- | ---- | 12 | 8 | 1 |
| ብሚኢታዊ | | ---- | ---- | 26.67 | 17.78 | 2.22 |

ኣብ ሰደቓ ሰለስተ ሪጋ 3.1፣ ምምልካት ከም ዝካኣል ተፀናዓይ መፅሓፍ ምስቲ ደረጃ ክፍልን ኣፅጋቢ ብቅዓት ምምሃር ንምምላእ ዘለዎ ምትእስሳርን ምፅሩይነትን እንትፍተሽ ዘለዎ ግቡእነት ኣብ ዝብል በዚ መምዘኒ ነጥቢ ዝተረኽበ ውፅኢት ትሕቲ ማእኸላይ ውፅኢት 2(40%) የመላኽት። እዚ ዘሪኣና እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ብመሰረት ሲለበስን ኣፅጋቢ ብቅዓት ምምሃርን ኣብ ምድላው ክፍተት ዘለዎ ምዃኑ እዩ።

ኣብ ሪጋ 3.2.፣ ሰነዳዊ ዳህሰሳ ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለው ንጥፈታት፣ኣብነታትን መምርሒታትን ትሕዝቶታት ባህሊ፣እምነት፣ ቁጠባዊ ባይታ ዘገናዘቡ ኣብ ምዃን ዘሎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ቅድን ዘሎ ውፅኢት እንትንርኢ 3(60%) እዩ። እዚ ዘመላኽተና ድማ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርናን ቅድን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ትግርኛ ን9ይ ክፍሊ ዘለው ንጥፈታት፣ ኣብነታትን መምርሒታትን፣ ባህላዊ ኣጠቃቅማን ኣገላልፃን፣ እምነት ተጠቃሚ እዚ ልሳን ኣብ ምግላፅ፣ብርኪ ቁጠባዊ መሰረት ኣብቲ ጋህዳዊ ዓለም ከመይ ይነብር ምህላው ኣገናዚብካ ማሳማስኡ በዚኦም ኣቢልካ ኣብ ምግላፅ ናብ 40% ዝኸውን ጉድለታት ምህላዎም እቲ ሚዛን ይሕብረልና። መልመዲታት ክብደት ዘለዎ ትሕዝቶ ብምቕራብ ክእለት ፅሕፈት ዘማዕብልን ንሕንሕ ስነ-ፅሕፈት ብዘታኣታትውን ኣብ ምዃን ጉድለታት ይስትውዐልዎ እዮም። እዚ ሰነድ ይኹን ዝቐረቡ መልመዲታት ንተሓላቕነት ባህላዊ ትሕዝቶኻ ዝዕድምን በዚ ተሓቢንካ ክትመራመርን ትሕዝትኡ፣ላዝኡን ከይለቐቕካ ከሺንካ ክትፅሕፍን ክትትውንን...ወዘተ ኣብ ምኽኣል ዘለዎ ህርመት፣ ግቡእነትን ትሕቶኣዊ ቅድን ካብ ክፍተት ኣይወፀን። ዝቐረቡ ጉጅላዊ ዕዮታት ንክእለት ፅሕፈት ዝፍትሹን ዝድህሱሱን ኣብ ምዃን ዘይተርኣየ ይመስል። ዝቐረቡ መምርሒታት ብዙሕ ንምርዳእ ዘፀግሙ እኳ እንተዘይኮኑ፣መምርሒ ዕዮታት እዚ መፅሓፍ ንክልቲኡ ፆታ ብሓባር ብወዲ ተባዕታይ ናይ ምጥቃም ክፍተት ኣሎ።

ኣብ ሪጋ 3.3፣ተፀንዓይ መፅሓፍ ን9ይ ክፍሊ፣ ዕላማ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ምትእስሳርን ክእለት ፅሕፈት ንምግዋድ ዘለዎ ግቡእነትን እንትድህሰስ ውፅኢት ዳህሰሳ እዚ ሰነድ እንትስፈር 3(60%) ኮይኑ ተመዚኑ። ኣብዚ መስፈሪ ዘሎ ውፅኢት ብድምር ልዕሊ 50 ሚኢታዊ እኳ እንተኾነ ዕላማታት ምስ ሕዝቶታት ትምህርቲ ዘለዎ ዝምድና ዝተኸሸነ ክእለት ፅሕፈት ንምድንፋዕ ሐዚ እውን ካብ ውስንነት ዘይወፀ ምዃኑ እቲ ውፅኢት ይጥቁመና። እዚ ድማ ብዋናነት ኣብ ዝቐረቡ ትሕዝቶታት ነቲ ክእለት ፅሕፈት ምምሕያሽ ዝተዓለመ ዕላማ ሽትኡ ኣብ ምዕዋት ክፍተት ምህላው ዘረጋግፀልና

ይኸውን። ርእስታት እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ሰለስቲኦም ዓበይቲ ርእሰ-ጉዳያት ዝተቖረፁ ኣብ ምዃን፣ ዕብየት ክእለት ፅሕፈት ንምዕንታር፣ ክብርታት፣ ትውፊታት፣ዛንታ፣ውፅኢት ኪነት፣ ብ ዓዓና ዘለው ፀጋታትን...ወዘተ ሕ/ሰብ ጎልጕልካ ኣውፂኻ ኣብ ምግላፅ ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ብዝምጥን ኣብ ምቕራብን ማእኸል ስሕበት ምግዋድ ጥበባዊ ክእለትን ግቡእነትን ፅሕፈት ጌርካ ኣብ ምቕራቦም ክፍተት ኣለዎ። ርእስታት እዚ መፅሓፍ ንምርምርን ምዕሟቕ ክእለት ፅሕፈት ብዘራጉድን ኣብ ምዃን ሰፊሕ ክፍተት ኣለዎ። ኣቀራርባ ትሕዝቶ ዝተለመዱ ዓይነት ድዩ ወይ ሓደሽቲ ምህዞታት መነቓቓሕቲ ሜላታት ኣብ ምጥቃም ክፍተት ኣለዎ። ኣቀራርባ ትሕዝቶታት ኣብ ፍልጠት ፣ ክእለትን ኣረኣእያን (ሰለስቲኦም ዶሜናት) ዝፍትሽ ኣብ ምዃን ውስንነት ይረኣዮ እዩ። ዕላማ ትምህርቲ ብኣግባቡ ሽትኡ ንምፅዋት ምእንታን ከኽእሎ ድማ ገምገምቲ፣ትርጉም ዘለዎም መረዳእታታት ብምእካብ ውሳነ ዝህብሉ ከይዳዊ ትንተና እዩ። Allan(1994፣105) ንፈላሊኻ ምግምጋም ስርዓተ- ትምህርቲ ኣመላኪቱ፣ስርዓተ-ትምህርቲ ብብርኪ ቤት ትምህርቲ ፈላሊኻ ምግምጋም ይካኣል እዩ፡፡ ካብቶም ዝግምገሙ ንፅል ርእስታት ድማ ትሕዝቶታት ምጉላህ፣ ክጭበጥ ዝደለየ ክእለት፣ ምዕባለ ትምህርቲ፣ናውቲ ትምህርቲ፣ወዘተ እዮም ይብል፡፡

ኣብ ሪጋ 3.4፣ ተፀናዓይ መፅሓፍ ምስቲ ደረጃ ክፍልን ኣዕጋቢ ብቕዓት ምምሃር ንምምላእ ዘለዎ ምትእስሳርን ምዕሩይነትን እንትፍተሽ ዘለዎ ግቡእነት ኣብ ዝተሳለጠ ገምጋም እዚ ሰነድ ትሕቲ ማእኸላይ ውፅኢት 2(40%) እዩ ቐሪቡ ዘሎ። እዚ ድማ እዚ ተፀናዓይ መፅሓፍ ነቲ ዝተዳለወሉ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ተደላዪ ፍልጠት፣ ክእለትን ኣረኣእያን ኣብ ኣመሊኡ ምርካብን ዘለዎ ምዕሩይነትን እንትርአ ኣብ ሰፊሕ ናይ ክፍተት ዝወደቐ ኮይኑ ኣሎ ዝብል መልእኽቲ የመሓላልፍ። ክእለት ፅሕፈት ንምምዕባልን ግቡእነት ዘለዎን ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝምጥን መምሃሪ መፅሓፍ ንምድላውን ምዕሩይ ኣብ ምግባርን እዚ ተፀናዓይ መፅሓፍ ገዚፍ ሓጓፍ ምህላው የንፀባርቀልና እዩ።

ኣብ ሪጋ 3.5፣ ትሕዝቶታት መምርሒ ንመምህርን ሲለበስን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ዝምድና ኣብ ዝተመረፁ ርእሲታት/ትሕዝቶታት ቅድመ-መብርሂ ኣብ ምሃብን ኣቀራርባ ትሕዝቶ ማሕበራዊ ክእለትን ከም ጋንታዊ ስራሕ ንጥምረትን ሓላፍነት ምቕባልን ኣብ ምንፅብራቕን ዘለዎ ግቡእነት ኣብ ዝብል መፍለይ ረቛሒ እውን 2(40%) እዩ። እዚ ድማ ማእኸላይ ውፅኢት እዩ። ኣብ መምርሒ ንመምህር ዘለው ትሕዝቶታት ምስ መምሃሪ መፅሓፍ ፅቡቕ ምዝማድ ኣለዎ። ኣብ ስለበስን መምርሒ ንመምህርን ነዚ ደገፍቲ ዝኾኑ እታዎታትን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ኣብ ክእለት ፅሕፈት ንምምዕባል ዓሊሞም ዝተዳለው ትሕዝቶታት ቅድመ-መብርሂ ኣብ ምሃብን ውሕሉልን ጥበባዊ ክእለት ዝዓረፎ ፅሕፈት ዘማዕበለ በዓል ሞያ ንምፍራይን ዘለዎ ኣቀራርባ ብውስንነት ዝተሓፀረ እዩ። ዝቐረቡ

ኣገባብ ኣመሃህራ ፣ ንጥፈታት ምምሃርን ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን ምስቲ ዝቐረቡ ዕላማታት ትምህርቲ ተዛሚዶም ኣብ ምቕራብ መሰረታዊ ክፍተት ኣሎ ዝብል ውፅኢት ገምጋም እኳ ዘየሎ እንተኾነ፣ እዚ ሰነድ ዝተጠቀመሎም ኣገባብ ኣመሃህራ ግና ንብሉፅነት ክእለት ፅሒፈት ዝዕድም ኣብ ምኳን ክፍተት ኣለዎ። ዝተዳለወ መምርሒ ንመምህር ዝተፈላለዩ ሜላ ኣመሃህራ ፣ ሳይንሳዊ ሓቅታትን ትንታነታትን ካልኦት ተወሳኺቲ መራጎድቲ ፅሑፋትን ኣብ ምጥቃም ነቲ ኣብዚ ፅንዓት ክዕመም ተዓቒኑ ዘሎ ጥበባዊ ክእለት ፅሒፈት ምምዕባል ዝምጥን ኣብ ምኳን ክፍተት ዘለዎ እዩ። ማሕበራዊ ክእለት ፀንቂቕካ ንምጥቓምን፣ሓበራዊ ስራሕ ብምምዕባል ዘለዎ ግቡእነት ነቲ ዝተዳለወሉ ደረጃ ክፍሊ ካብ ሓፁር ውስንነት ኣይተናገፈን ዝብል ርእይቶ የሪአና። ኣብ መምርሒ ንመምህር ዝተቀመጠ ክፍለ ግዜ ትምህርቲ ምስ ኣብ ሲለበለ ዝተቀመጠ ክፍለ ግዘ ዝተጠዓዓመ እኳ እንተኾነ ብኡኡ ተገዚእኻ ኣብ ክእለት ፅሒፈት ኣብ ምድንፋዕን ተግባራዊ ኣብ ምግባርን ጉድለታት ምህላው ካብቲ ዝተኻየደ ቃለ መሕትትን ጉጅላዊ ዘተን ምርዳእ ተኻኢሉ እዩ። ዝተመደበሉ ሓደ ክፍለ ግዜ ትምህርቲ ነዚ በዚ መፅናዕቲ ዝተሓንፀፀ ክእለት ፅሒፈት ንምምዕባል ትሑት እዩ ዝብል ርእይቶ እዚ መፅናዕቲ እዩ ዘሎ፡፡ መምርሒ ንመምህር ካብ ንዝቐረቡ ሕቶታት መልሲ ምሃብን ሓበሬታ ምቕማጥን ንመምህር ተወሰኺቲ ዕዮታትን ፈጠራታትን ፅሒፈትን ንምምዕባል ዝሕግዙ ስልቲታት ተኸቲልካ ኣብ ምቕራብ ጉድለት ኣለዎ። መወከስቲ መፅሓፍቲ ኣብ መወዳእታ እዚ መፅሓፍ የብሉን። መምርሒ ንመምህር ቅበላ ትምህርቲ ተምሃሮን ምምሕያሽ ክእለት ፅሒፈትን ንምርግጋፅ ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ኣገባብ ገምጋምን ፈተሻን ኣካቲቱ ኣብ ምሓዝ ክፍተት ኣለዎ። እቲ መምርሒ ፍሉይ ክእለት ፣ ተውህቦን ሓገዝን ዘድልዮም ተምሃሮ ንምምሕያሽ ዝድግፍ ኮይኑ ኣብ ምድላው ጉድለት ኣለዎ። ኣብዚ መምርሒ ንመምህር ክእለት ፅሒፈት ንምምሕያሽ ዝሕግዙ እታዎታት ከም መጣቐሲ ፣ኢንተርኔት ተመሳሰልቲ ፍልፍላትን ንመምህር ቀሪቦም ኣብ ምቅራብ ሕፅረት ከም ዘለዎ ካብቶም ተሳተፍቲ መረዳእታ ንምእካብ ተኻኢሉ እዩ።

ኣብ ሪጋ 3.6፣ ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ብዕላማ ምፅሓፍ፣ ንልምምድ በሪ ዝኸፈተ፣ ደጋፊ ግብረ-መልሲ ምምላእን ተቐራሪብካ ምስራሕን ዝብሉ መትከላት ክእለት ፅሒፈት ዘማልአ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ ምህላውኣብ ዝብል መለክዒ ውፅኢት ዳህሰሳ ሰነድ 3(60%) የሪአና። እዚ ብፍላይ ኣብ ብዕላማ ኣብ ምፅሓፍን ንልምምድ በሪ ዝኸፈተን ደጋፊ ግብረ-መልሲ ምሃብን ዕምቆት ዘለዎ ኣብ ምኳንን ዘላቕነትን ተኸታታልነት ኣብ ምህላውን ናብ 40 ሚኢታዊ ዝምዘን ክፍተት እኳ እንተሃለዎ ዝሓሸ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣለዎ ዝብል የመዝን። መትከላት ፅሒፈት ኣመልኪቱ ከም ኣገላልፃ ዮሃንስ(2007)፣ መምህራን ክእለት ፅሒፈት ንምስትምሃር ዝተፈላለዩ መትከላት ፅሒፈት ኣብ ግምት ከእቱ ኣለዎም

ይብል፡፡ እዚ ዝቐለለ ንክኾን ድማ መትከላት ፅሕፈት ብንፁር ኣብቲ መምህሪ መፅሓፍ ክፀሓፉን ተምሃሮ እውን ብትክክል ክፈልጥዎምን ኣለዎም። ከምኡ እውን መትከላት ፅሕፈት ኣመልኪቱ ዳንኤል(1998)ንፅውትነት ኣካዳምያዊ ፅሕፈት ተምሃሮን መምህራንን ተቀራሪቦም ክሰርሑ ይግባእ ይብል፡፡ እዚ ንኽኸውን ድማ መትከላት ፅሕፈት ብንፁር ኣብቲ መምህሪ ሞጅል ክፅሓፉ ይግባእ መምህር እውን ብመሰረት ኣብ እቲ መምህሪ መፅሓፍ ተፃሒፎምም ዘለዉ መትከላት ፅሕፈት ንተምሃርኡ ኣብነት ብምሃብ የምህር ፡፡ ብተወሳኺ እውን John (2005) ንመትከላት ምስትምሃር ፅሕፈት ኣመልኪቱ መትከላት ምስትምሃር ፅሕፈት ኣመልኪቱ፣ መትከላት ምስትምሃር ፅሕፈት ብዕላማ ምፅሓፍ፣ንልምምድ ዝኮኑ ባይታ ምምችቻውን ትርጉም ዘለዎን ደጋፊን ግብረመልሲ ምሃብን ዝብሉል ነጥብታት ከማልኡ ኣለዎ ይብል፡፡ መትከላት ፅሕፈት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡፡ ንሳቶም እውን ርእሲ ምምራፅ፣ተምሃሮ ዝፅሕፍሉ ዕላማ ክፈልጡ ምግባር ፣ምፅሓፍ ዘክእሉ ኣጋጣምታት ምፍጣር ፣ዕዮታት ብውልቀ፣ፅምዲ ወይ ብጉጅለ ከመይ ከምዝሰርሑ ግልፂ ምግባር፣ዕዮታት ድሒት ተምሃሮ ኣብ ግምት ዘእተወ ዓቅሚ ተምሃሮ ዝምጥኑ ምኻኖም ምርግጋፅ ትርጉም ዘለዎን ደጋፊን ግብረ መልሲ ምሃብን ዝብሉ እዮም፡፡ በድሉ (2007) እውን ተምሃሮ ንክፅሕፍሉ ዝምረፅ ርእሲ ኣመልኪቱ ከምዚ ይብል ርእሲ ፅሕፈት ድሒት ተምሃሮ መሰረት ዝገበረ ክከውን ኣለዎ፡፡ እዚ ማለት ድማ እቲ ክፅሕፍሉ ዝተወሃቦም ርእሲ ተምሃሮ ብድሌቶም ዝመርፅዎን፣ዝፍልጥዎን ክከውን ከምዝግባእ የርእየና፡፡

ኣብ ሪጋ 3.7፣ተፀንዓይ መፅሓፍ ካብ ምትላም ዕላማ ጀሚሩ ትርጉም ዘለዎ መረዳእታታት ብምእካብ በቢ መርሃ ግብሩን በቢ ግዚኡን ከይዳዊ ትንተናን ገምጋምን ስርዓት-ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ላዕለዋይ ብርኪ/ሚኒስተር ትምህርቲ ይሳለጥን ኣብ ግብሪ ይውዕልን ኣብ ምኳን ኣብ ዝብል መስፈሪ ውፅኢት እዚ ሰነዳዊ ተፍትሽን ገምጋምን 3(60%) የርእየና። እዚ ውፅኢት ብርግፅ ልዕሊ ማእኸላይ ውፅኢት እዩ። ኮይኑ ግና ውሕሉልን ጥበባዊ ክእለት ዘማልአን ክእለት ፅሕፈት ንምምዕባል ተፀናዓይ መፅሓፍ ካብ ምትላም ዕላማ ትምህርቲ ፊሊሙ ከይዳዊ ትንተናን ገምጋምን ክለሳን ኣይምን ስርዓተ ትምህርቲ ብምክያድ ዋሕዙ ሓልዩ ካብ ተጠቃሚ/ክፍሊ ክሳብ ሚኒስተር ትምህርቲ ዝተኻየደ ገምጋም ኣብ ግብሪ ኣብ ምውዓልን በቢ መርሃ-ግብሩ ኣብ ዝማሓየሹ ነጥብታት ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝምጥን ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ ምህላውን ዘይተሰገረ ክፍተት ምህላው እዩ ዘመላኽተና። መምህሪ መፅሓፍ ቋንቋ በቢእዋኑ ምግምጋም ንፅሬት ትምህርቲ ሓጋዚ ብምኳን ኣድላይ እዩ፡፡ በዚ መሰረት Mc Debauch(1933)፣እዋኖም ዝሓለፎም ትሕዝቶታት ቋንቋ ብሓደሽ ትሕዝቶታት ንምትካእን ሓደሽቲ ፅንሰ ሓሳባት ንምውሳክ መምህሪ መፃሕፍቲ ቋንቋ በቢእዋኑ ምግምጋም ኣድላይ እዩ

ይብሉ፡፡ብተወሳኺ እውን ናይ መፅሓፍቲ ብመንፅር ድሌት ተምሃራይ ኣብ ምንባብ እቲ መፅሓፍቲታት መልመዲታት ትእዛዝ ኣመልኪትካ ኣብ ቅድሚ ኣገልግሎት፣እዋን ኣገልግሎት፣ ድሕረ ኣገልግሎትን ምግምጋም ይከኣል Cunning Worth(1995) ይብል፡፡

ኣብ ሪጋ 3.8፣ ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ብመንፅር ትሽዓቲኦም ረቛሒታት መምዘኒ ትሕዝቶ ትምህርቲ ኪኢላታት እዚ ዘርፊ (ረብሓ፣ ግቡእነት፣ ማሕበራዊ ተቐባልነት፣ጠቓምነት፣ ናይ ምምሃር ዓቅሚ ዘገናዘበ፣ድሌት ምምሃር ተምሃሮ፣ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ፣ ዕምቆት ምርዳእ፣ ዕላማታት ዘዕውትን ዘላቅነት ትሕዝቶን) እንትርአ ዝተረኽበ ውፅኢት ገምጋም 2(40%) እዩ። እዚ ውፅኢት ገምጋም ኣብ ምምዕባል ጥበባውን ውሕሉልን ክእለት ፅሕፈት ዝላዓለ ትርጉም ዘለዎ እዩ። ምዕራፋት ኩሎም ብንኡሳን ትሕዝቶታት ክስነዩን ክርበቡን ኣብ ምግባር ጉድለት ኣለዎ።

ተፀንዓይ መፅሓፍ በዞም ትሽዓተ ረቛሒታት መመዘኒ/መምረዒ ትሕዝቶ ትምህርትን ብመንፅር ተረኺቡ ዘሎ ውፅኢትን እንትርአ ኣብ ረብሓ፣ ግቡእነት፣ ማሕበራዊ ቅቡልነት፣ጠቓምነት፣ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ኣቀራርባ ትሕዝቶ፣ድሌት ምምሃር ተምሃሮ ዝፈተሸ ኣብ ምኳን፣ ዝተመጣጠነ ስፍሓት ትሕዝቶ፣ ክእለት ብዕምቆ ምርዳእ፣ ዝተኣደኑ ዕላማታት ኣብ ምስኻዕን ዘላቅነት ትሕዝቶን ዝብሉ መስፈሪታት 60% ኣየማልአን ዝብል ግበረ-መልሲ ተረኺቡ ኣሎ። ናዞም መሰረታውያን መለክዒታት ትሕቲ ፍርቂ(40%) ሒዝካ ድማ ዝተኸሸነ ክእለት ፅሕፈት ዘማዕበለ በዓል ሞያ ንምፍራይ ድማ ድሩትነት ዘለዎን ዘየተኣማምንን ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ዘለዎ ሰነድ እዩ። እዚ ክፍተት ዝዓብስ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ  ዘየተመዓራረየሉ ኣብ ክንዲ ናይቲ ተጠቃሚ ሕብረተ ሰብ ብጥበቡ ተወኪሉ ዝትውን፣ዝደርስ፣ውሕሉልን ተሃራፍን ፅሕፈት ዝፅሕፍን ዝክይንን በዓል ሞያ ንምፍጣርስ ይትረፍ እንታይነትን ኣድላይነትን ክእለት ፅሕፈት ተረዲእካ ኣብ ምውፃእ ባዕሉ ጊዜ ዝሓትት ይኸውን።

ብመሰረት ሰነዳዊ መረዳእታ ደባሲ (2007) ፣ ረቛሒታት መምረዒ ትሕዝቶ ትምህርቲ ክኢላታት ስርዓተ-ትምህርቲ ትክኽል ዝኾነ ትሕዝቶ ትምህርቲ ንክመርፁ ከም መገምገሚን መምዘንን እዞም ዝስዕቡ ትሽዓተ ነጥብታት የቕምጡ፡፡ንሳቶም እውን፣ ረብሓ፣ግቡእነት፣ማሕበራዊ ተቐባልነት፣ተጠቓምነት፣ናይ ምምሃር ዓቕሚ ዘገናዘበ፣ድሌት ተምሃሮ፣ስፍሓት ወይ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርትን ክእለት ዕምቆት ምርዳእ ተምሃሮን፣ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ከዕውት ዝኽእል ዘላቕነት እቲ ትሕዝቶን እዮም፡፡ ብመሰረት ዝተኻየደ  ውፅኢት ፍተሻ ሰነድ፣ ውፅኢት ዘተን ቃለ መሕትትን ተሳተፍቲ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዝስዕቡ ተወሰኽቲ መብርሂታት ተወሲዶም ኣለው።

ቀዳማይ፣ረብሓ እቶም ዝተመረፁ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ነዚ ዓይነት ትምህርቲ ዝጠቕሙ (በቲ ዓይነት ትምህርቲ ክመሓላለፍ ዝተደለየ መልእኽቲ ንምምሕልላፍ ዘኽእሉ) እንተኾይኖም እቶም ዝተመረፁ ትሕዝቶታት ትምህርቲ ረብሓ ኣለዎም ብዝብል ዝተገምገመ ውፅኢት ምስ ናይቲ ሰነድ ኣብ ምዕባይ ክእለት ፅሕፈት ክመሓላለፍ ዝተደለየ መልእኽትን ክዕወት ዝተደለየ ሽቶን ሕፅረት ብምህላው እዩ።

## ካልኣይ፣ ግቡእነት ነቲ ዝተመደበሉ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን

ኣብ ዝብል መሰረታዊ መመዘኒ ዘሎ ገምጋማዊ ውፅኢት እዚ ሰነድ ኣብ ዝብል እቲ ዝተመረፀ ትሕዝቶ ትምህርቲ ግቡእነት (ትክክለኛ) ሓቅነት ዘለዎ፣ወቅታዊ ግዜ ዘይሓለፎን ሓበሬታ ዝሓዘ እንተኮይኑ ዝብል ሓደ ናይቲ መለክዒ ኣካል ኮይኑን ፣እቲ መሰረታዊ ክፍተት ምስ ግቡእነት (ትክክለኛ)ትሕዝቶ ትምህርቲ ብኣንፃር ምትእስሳር ዕላማ ትምህርትን ትሕዝቶ ትምህርትን ኣብ ዝብል እቲ ዝተደለየ ክእለት ፅሕፈት ኣብቲ ዝተደለየ ደረጃ ትምህርቲ ዘሎ ትሕዝቶ ስነ-ፅሑፋዊ ጥበብ ዝምጥን ኮይኑ ኣብ ምርካብ ክፍተት ኣለዎ ዝብል እዩ ዘመላክተና፡፡

## ሳልሳይ መነፅር፣ ማሕበራዊ ተቐባልነት

ዝተቐመጡ ትምህርታዊ ዕላማታትን ዝተመረፁ ትሕዝቶታትን ማሕበራውን ባህላውን ኩነታት ኣተሓሳስባ ፣ማሕበራዊ ፀገማትን ነቲ ናይ ሕብረተ ሰብ ትውፊታት ዘገናዘቡን ዝገልፁን ኮይኖም ኣብ ምርካብን እዚ ድማ ብዝወሕለለ ብክእለት ፅሕፈት ንምግላፅ ዝተውሃቦ ጠመተ፣ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝምጥን ግቡእነት ኣቀራርባን ብኣንፃር ክጭበጥ ዘለዎ ክእለት ፅሕፈት፣ፍልጠት ስነ-ፅሕፈትን ኣረኣእያን/ስነ-ምግባር እንትርአ ውፅኢቱ ካብ ክፍተት ዝወፀ ኣይኮነን።

## ራብዓይ፣ ጠቓምነት

እዚ መምዘኒ ነጥቢ ምስ መምዘኒ ነጥብታት ረብሓን ማሕበራዊ ተቐባልነትን ተመሳሳሊ ትርጉም ዘለዎ ኮይኑ፣ ካብኦም ዝፈልዮ ነገር ድማ ተምሃሮ ንዳሕረዋይ ህይወቶም ድልዊ ክኾኑ ንምግባር ዘለዎ ጥቅሚ መሰረት ብምግባር ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝምረፀሉ መምዘኒ ነጥቢ እዩ፡፡ ከም ውፅኢት ገምጋም እዚ ሰነድ ይኹን ውፅኢት ዘተን ቃለ መሕትትን 9ይ ዝምሃሩ ዜጋ ብዘጥረዩ ጥበባዊ ክእለት ፅሕፈት ዘለዎ ድልውነትን ዓርሰ-እምነትን ኣብ ትሑት ብርኪ ዝርከብ ምኳኑ ጥማር ዝተኣከበ መረዳእታ የረድእ።

ሓምሻይ መነፅር፣ ናይ ምምሃር ዓቕሚ ዘገናዝበ

ኣብ ስራሕ ዘሎ  ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝተፈላለየ ድሌት፣ ድሕረ-ባይታን ክእለትን ተምሃሮ ዘገናዝበ  ኮይኑ ኣብ ምርካብ እቲ ግድድ ዝበለ ክፍተት እዚ ሰነድ እዩ፡፡ እዚ ካብ ዘይምግንዛብ ተምሃሮ ኣብ ሰለስተ ብርኪ ምምዳብ (ብሉፃት፣ማእኸለዎትን ታሕተዎትን) ብዓቅሞም ፈሊኻ ናይ ምምሃር ልሙድ ኮይኑ ይርከብ። ዝፈሪ ሓይሊ ብንፅር ዘለዎ ድሌት ምምዕባል ውሕሉል ክእለት ዕሕፈትን ድልውነትን እንትምዘን እውን ካብዚ ክፍተት ዘድሕን ኮይኑ ኣተረኺበን።

ሻድሻይን ሻውዓይን መነፅር፣ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርትን ክእለት ዕምቆት ምርዳእ ተምሃሮን

ናይ ተምሃሮ (ዕምቆት) ምርዳእን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርትን ኣብ ክእለት ዕሕፈት ምምሕያሽ ዝተመጣጠነ ክኸውን  ዝምከር እኳ እንተኾነ፣ ዕምቆት ምርዳእ ፅንሰ ሓሳባት ምሉእ ብሙሉእ ግልፂ ብዝኾነ መንገዲ ኣቀራርበኦም ፣ ኣዳላልዎኦም ፣  እንታይነቶምን ተግባራዊነቶምን ምርዳእ ኣብ ምርዳእን ተመጣጣንነት ኣብ ምህላውን ዘክእል ሜላ ኣቀራርባ ትሕዝቶን ግቡነትን ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ ክፍተት ከም ዘለዎ የመላክት።

ሻምናይ መነፅር፣ ዝተፈላለዩ ዕላማታት ከዕውት ዝክእል

ውፅኢታዊ ዝኾነ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዝሓዘ ስርዓተ ትምህርቲ ውስናት ዕላማታት ኣብ ምዕዋት መሰረት ዝገበረ ዘይኮነስ ቡዝሓት ትምህርቲዊ ዕላማታት ምዕዋት ዝኽእል እዩ፡፡ ኣብነት፡ ተምሃሮ ሓዱሽ ፍልጠት ይረክቡ፣አወንታዊ ኣተሓሳስባን  ኣመላካክታን(Optmistic) ይህልዎም፣ዝማዕበለ ክእለት የጥርዩ ዕሕፈት... ወዘተ። ውፅኢት ፅንዓት እዚ ሰነድ ብዝተኻየዱ መረዳእታ ናይ ምጥርናፍ ስልቲታት ብፍላይ ምስ ምዕንታር ክእለት ዕሕፈትን ምውናን ኣዎንታዊ ኣተሓሳስባን ስነ-ምግባርን ተዛሚዱ እዚ ሰነድ ነቲ ዝኒህ ዓውዲ ዝገልፅን ዝምጥንን ኣብ ምኺን ካሊእ ምምሕያሽ ዝሓትት እዩ ዝብል ሓሳብ ይካፈል።

ታሽዓይ መነፅር፣ ዘላቕነት እቲ ትሕዝቶ

እቲ ዝተመረፀ  ትሕዝቶ  ክንደይ ግዜ ክፅንሕ ይኽእል? ኢልካ  ኣቐዲምካ ምውሳን ኣፀጋሚ እዩ፡፡ እቲ ዝተመረፀ  ትሕዝቶ  ትምህርቲ  ካሊእ  ሓዱሽ  ለውጢ  ክሳብ ዝመፅእ  ዘገልግል ከም ዝኾነ ኣብ ግምት  ብምእታው ዝተሰርሐ እኳ እንተኾነ ከም ሓደ ዝሓሸ ክያዶ ካብ ዘለው ትሽዓተ-መነፅራት ግና በቢ ሓሙሽተ ዓመቱ ዝግምገምን ዝመሓየሽን ትሕዝቶ ምኺኑ እቲ ዝተረኺበ መረዳእታ የርኢ። ኮይኑ ግና፣ክንዲ እቲ

ዝመሓየሽሉ ድግግም በቢ መርሃ-ግብሩ ኣብ ንክእለት ፅሒፈት ኣድህቦ ሂብካ ዝግበር ምምሕያሽ ግን ካብ ክፍተት ኣይወፀን ዝብል መረዳእታ ተሳተፍቲ ንረክብ።
ብድምር ኣብዚ ውፅኢት መፅናዕቲ ካብ እዞም ትሸዓተ- መመዘኒታት ትሕዝቶ ትምህርቲ እቶም ክልተ፣ ሳልሳይን ታሽዓይን መነፅራት ዝሓሸ ሚዛን ዝረኸቡ ኮይኖም እቶም ዝተረፉ ሽዱሽተ ረቋሒታት ሓዊሱ ትሕቲ ፍርቂ (40%) ውፅኢት ስለ ዘመላክት ኣብ ምዕንታር ክእለት ፅሒፈት ልዑል ትኹረት ዝስሕቡ መመዘኒታት ይገብሮም።
ኣብ ሪጋ 3.9፣ተፀናዓይ መፅሓፍ ሜላታት መስተምሃሪ/ምዕባለ ክእለት ፅሒፈት ከም ምውዳድ ፅሒፈት፣ምሕሳብን ምፅማድን፣ ተሓጋጊዝካ ምፅሓፍ፣ ሰሲጊርካ ምፅሓፍ፣ ክፍቲ ብምግባር ምፅሓፍ፣ ቅንብር መሕትት መሰረት ዝገበረ ዓንቀፅ ምምስራትን ዘማልአ ኮይኑ ኣብ ምድላው ዘለዎ ግቡእነትን ፍሰትን እንትምዘን ኣብ ዝብል መሰረታዊ ሕቶ መፅናዕቲ ዝተኣከበ መረዳእታ 1(20%) ምኺኑ እቲ ውፅኢት ርእይቶ የመላኽት።

እዚ ውፅኢት ሰነዳዊ ዳህሰሳዊ ተፀናዓይ መፅሓፍ ኣብ ሜላታት መስተምሃሪ ምዕባለ ክእለት ፅሒፈት ከም ምውዳድ ፅሒፈት፣ ብምሕሳብን ምፅማድን ኣቢልካ ክእለት ፅሒፈት ኣብ ምጥንኻር፣ ተሓጋጊዝካን ሰሲጊርካን ብምፅሓፍ ኣቢልካ፣ ክፍቲ ብምግዳፍ ኣቢልካ፣ ብጥበብ ብቅንብር መሕትት ኣቢልካ ዓንቀፅ ብምምስራትን ዝማዕበለ መፅሓፍ ግቡእነቱን ዋሕዙን ሓልዩ ኣብ ምድላውን ውፅኢት ፍተሻ እዚ ሰነድ ኣዝዩ ትሑት (20%) ዝብል ገምጋም ዝዓረፎ እዩ ኮይኑ ተረኺቡ።

ኣብ ዝተኻየደ ቃለ-መሕትት ከይዲ ፅሒፈት ንክእለት ውሕሉል ፅሒፈት ዘለዎ ኣስተዋፅኦ እንትግለፅ፣

> *"ናይ ልዕሊ 23 ዓመታት ልምዲ ስራሕ ኣለኒ፣ ክእለት ፅሒፈት ኣብ እነስተምህረሉ ግዜ ተምሃሮ፣ርእሲ ከመይ ክምዝምረፁ፣ሓበሬታ ከመይ ከም ዝእከብ፣ዝኣከብዎ ሓበሬታ ከመይ ከም ዘንብብዎ፣ ነቶም ሓበሬታት ከመይ ከም ዘዋድዱን ዘረድኡን ዘለዎም ሳይንሳውን ጥበባውን ክእለት ፅሒፈት ከውፅኡን ብውሕሉል ፅሒፈቶምን ክእለቶምን ኣቢሎም ኣብ ልቢ ተጠቃሚ እቲ ቋንቋ ክሕድሩን ኣብ ምግባር እዚ ሰነድ ን ኣሃዱ ኢሉ ዝመሃርስ ይትረፍ፣ ንባዕለይ ከም በዓል ሞያ ሓሳበይ እንትህብ ናይ ስነ-ፅሑፍ ብፍላይ ከይድታት ፅሒፈት(ቅድ ፅሒፈት፣ ምርቃቅ፣ምእያምን ምፅሓፍን) ክእለታት ፅሒፈት ንምምዕባል ዝምጥን እዩ ዝብል ርእይቶ የብለይን፤ ብዝብል ይገልፆ።"*

ምምራፅ ርእስን ምንፃርን ዕላማን ኣብ ከይዲ ፅሒፈት ሓደ ጠቃሚ ተግባር እዩ፡፡ ተምሃሮ ንፅሑፎም ዝኸውን ርእሲ ንምምራፅ ዘለዎም ካልኣይ መንገዲ ድማ ባዕሎም ብዝመረፅዎ ርእሲ ኣብ ዝፅሕፍሉ እዋን ናብ ኣእምሮም ዝመፀ ሓሳብ ኩሉ እዮም ዝፅሕፍዎ፡፡ምእያም፣ገዛ ኣፅሪኻ፣ኣቂሑ ቦትኦም ምስ ምትሓዝ ይመሳሰል፡፡ ትሕዝቶ ሓደ ፅሑፍ ንምእያም እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ክንምልስ ይግባእ፡፡ንሳቶም እውን፣ኣብ መጀመርያ ዓንቀፅ ብግልፂ

ዝተቐመጠ ዋና ሓሳብ ኣሎ ዶ? ፣ ኩሎም እቶም ደገፍቲ ሙሉእ ሓሳባት ብትክክል ናፍቲ ዋና ሓሳብ ዘትኩሩ ድዮም? ፣ ንሕድሕድ ደጋፊ ሓሳብ ዝርዝር መርትዖ ኣለና ዶ? ፁሕፍና ንምውዳድ ንፁር መንገዲ ተኸቲልና ዶ ? ንመሰጋገርትን ካልኦት መተሓሓዝቲ ቃላት ተጠቂምና ዶ ? ዝብሉ እዮም (John፣2002):: ምፅፋፍ፣ደድሕሪ ምእያም ዝመፅእ ብርኪ ፅሕፈት እዩ፡፡ኣብ ፅሑፍና ጌጋ ኣጠቓቕማ ስዋስውን ስርዓተ ነጥብን ከይህሉ ነረጋግፀሉ እዩ ፡፡ ብተወሳኺ ምፅፋፍን ኣብ እዋን ምእራም፣እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ኣብ ግምት ክኣቱ ኣለዎ፡፡ንሳቶም ውን፣ኩሎም ሙሉእ ሓሳባት ዝተዛመዱ ምኻኖም ምርግጋፅ፣ፊደላት ስርዓተ-ነጥብታትን ምስትኽኻል ፣ብትኽክል ዘይኣትው ቃላት ምቕያርን ብትኽክልን ብፅፈትን እንደገና ምፅሓፍን ዝበሉ እዮም (John፣2002):: ምእያም ፅሑፍ እንትንብል ኣብ ፅሑፍና ውሽጢ ዝርከብ ቀንዲ ሙሉእ ሓሳባት መተሓሓዝቲ ቃላትን ሓረጋትን ብኣግባቡ ዝተዋደዱ ምኻኖም ንሪኣሉ ብርኪ ምኻኑ ዝሕብር እዩ፡፡ ብተወሳኺ እውን (በድሉ፣2007)ንከይድታት ፅሕፈትኣመልኪቱ፣ተምሃሮ ፅቡቕ ፅሕፈት ናይ ምፅሓፍ ክእለት ንከማፅብሉ ብቀዳምነት ፅሕፈት ኣብ ውሽጡ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ተግባራት ዝሓዘ ነዊሕ ከይዲ ከም ዘለዎ ክግንዘቡ ይግባእ ይብል።

ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ጥማር ውፅኢት ገምጋም   ሕቶ መፅናዕቲ ትሕዝቶኣዊ ግቡእነት(ሰደቓ ሰለስተ) 12(26.67%) ኣብ ዘፅግብ ፣ ብተመሳሳሊ ውፅኢት 8(17.78%) ኣብ ትሑት ብርኪ ኮይኑ 1(2.22%) ድማ ኣብ ኣዝዩ ትሑት ብርኪ ምኻኑ እቲ ውፅኢት የሪኣና።

### 4.2.4. ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ይመስል?

ሰደቓ ኣርባዕተ፣ ትንተና ሕቶታት ተፍትሽ ሰነዳት ኣብ ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ተፀንዓይ መፅሓፍ፣

| ሪጋ | ዝርዝር ናይዚ ሰነድ መፈተሺ/መመዘኒ ነጥብታት/ረቛሒታት | ኣዝዩ ልዕል | ልዑል | ዘዕግብ | ትሑት | ኣዝዩ ትሑት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 5 | 4 | 3 | 2 | 1 |
| 4.1 | ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ፉሉይ ድሌትን ከባብን ዘገናዘበ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእ ኣብ ምዃን፣ | | | | 2 | |
| 4.2 | ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ርክብን ብቅዓት ትሕዝቶኣዊ ግቡእነትን ኣምርን እንትርአ፣ | | | 3 | | |
| 4.3 | ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ዘለዎ ድጋፍን ደረጃ ክብደት ግቡእነት ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ቋንቋን ምስ ቅደም ሰዓቦም ኣቀራርባን ክእለት ፅሕፈት ዘለዎ ፍሰት ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምዃን፣ | | 4 | | | |
| 4.4 | ምዕሩይነት ቋንቋ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣመራርፃን ኣቀራርባን ቃላት፣ ቅለትን ክብደትን ሙሉአ ሓሳባትን፣ ፍሰት ሙሉእ ሓሳባትን ንጥፈታትን እንትርአ፣ | | | 3 | | |
| 4.5 | ካብ ቀረባ ናብ ርሑቅ ዘሎ ፍሰት ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ዘለው ሕቶታት፣ መልመዲታትን መምርሒታትን ክእለት ፅሕፈት ዘማዕብሉ ኣብ ምዃን፣ | | | | 2 | |
| 4.6 | ኣጠቓቕማ መሰጋገሪ ቃላት፣ ሙሉእ ሓሳባትን ዓንቀፅን ነቲ ርእሲ/ትሕዝቶ ዝገለፅ ናይ ግቡእነት ኣቀራርባ ብቅዓት ኣብ ምህላው፣ | | | 3 | | |
| 4.7 | መምሃሪ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣደላልዋን ኣቀራርባን፣ ተኸታታልነት፣ትሕዝቶ ትክክለኛነት፣ ግልፅን ግቡእነትን ትሕዝቶ መገምገሚ ስርዓተ ትምህርቲ ጌሮም ይወስዱ ምዃኖም፣ | | | | 2 | |
| 4.8 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ምስ ዓምዳዊ ርክብ ወይ ምትእስሳር ን ጎናዊ ምትእስሳርን ዘለዎ ግቡእነት ኣቀራርባ፣ | | 4 | | | |
| ንኡስ ድምር 3 | | --- | 8 | 9 | 6 | |
| ብሚኢታዊ | | --- | 20 | 22.5 | 15 | |

ኣብ ሪጋ 4.1፣ ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ፉሉይ ድሌትን ከባብን ዘገናዘበ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእ ኣብ ምዃን ኣብ ዝብል መስፈሪ ዝተረኸበ ውፅኢት ሰነዳዊ ገምጋምን ውፅኢት ዘተን ተሳተፍረቲ ናብ 2(40%) እትው ዝበለ እዩ። እዚ ማለት ድማ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ዝፈሪ ዜጋ፣ ትምህርቲ ፅንባረን ከባብያዊ ዓውድን ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእን ሚዛናውነት ሃልይዎ ክእለት ፅሕፈት ብዘማዕብል ኣብ ምቅራፁ ናብ ፍርቂ ዘይበፅሐን ሰፊሕ ክፍተት ከም ዘለዎን ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ የሪአና።

ኣብ ሪጋ 4.2. ፣ ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ርክብን ብቕዓት ትሕዝቶኣዊ ግቡእነትን ኣምርን እንትርአ ናብ 3(60%) ቀጥታዊ ርክብን ትሕቶኣዊ ግቡእነትን ከም ዘለዎ የሪአና። ኮይኑ ግና እዚ ውፅኢት ናብ 40% ዝኸውን ክምላእ ዘለዎ ውስንነታት ከም ዘለውዎ ክዝንጋ" ዘይብሉ ምዃኑ እዩ። ሓደ ትሕዝቶ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ዘለዎ ርክብ እንትርአ ንክእለት ፅሕፈት ዘማዕብል ኮይኑ ኣብ ምቅራቡ ጉድለት ኣለዎ ዝብል ግብረ- መልሲ ተሳተፍቲ ልዕልነት ከም ዘለዎ የንፀባርቕ።

ኣብ ሪጋ 4.3፣ ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ዘለዎ ድጋፍን ደረጃ ክብደት ግቡእነት ኣቀራርባ ትሕዝቶ ቋንቋን ምስ ቅደም ሰዓቦም ኣቀራርባን ክእለት ፅሕፈት ዘለዎ ፍሰት ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምዃን ኣብ ዝብል መመዘኒ ነጥቢ እስካብ ሐዚ ካብ ዝተሰፈሩ ረቛሒታት እቲ ዝሓሸ ውፅኢት ገምጋም 4(80%) ዝተመዝገበሉ እዩ። እዚ

ውፅኢት ገምጋም ድማ ብቅዓት ናይቲ ሰነድ  ኣብ ምዕባይ ጥበባዊ ክእለት ዕሕፈት ተመዙኑ ዘይኮነስ ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ሰነድ ዘሎ ዋሕዚ ካብ ዝቀለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምኽንን ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ብዘለዎ ምትእስሳርን እዩ ዝብል ካብቲ ዘተን ቃለ መሕትት ተሳተፍቲ ንምግንዛብ ተኻኢሉ እዩ። ደረጃ ክብደት ትሕዝቶ ክብደት ቋንቋ ትግሪኛ ን9ይ ክፍሊ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ብመሰረት ዝተኻየደ ተፍትሽ ሰነድን ገምጋም ትሕዝቶን ኣቀራርባን ነቶም ኣብ ውሕሉል ክእለትን ፀብለልታ ዘርእዩን ፋሉይ ተውህቦ ዘለዎም ተምሃሮን ፋሉይ ናይ ክእለት ዕሕፈት ደገፍ ዝጠልቡ ተምሃሮ ይኹን ተዛማድነት ዘለዎ ሜላ ኣመሃህራ ዝጥቀም በዓል ሞያ ዘለዎ ዓቕሚ ጎልጒሉ ብዘውፅእን ብዘማዕብልን  ኣብ ምኺን ሰፊሕ ክፍተት ከም ዘለዎ የገንዝብ።

ኣብ ሪጋ 4.4፣ ምዕሩይነት ቋንቋ  እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ  ኣመራርፃን  ኣቀራርባን ቃላት፣ ቅለትን ክብደትን ሙሉእ ሓሳባትን፣ ፍሰት ሙሉእ ሓሳባትን ንጥፈታትን እንትርአ ውፅኢቱ 3(60%) የሪአና። እዚ ውፅኢት ልዕሊ ፍርቂ ዕግበት ዘለዎን ከስርሕ ዝክእል ምኺኑን እኳ እንተተሓበረ ኣብዚ መፅናዕቲ ንዝተኣደነን ክዕወት ዝተሓሰበ ንድፈ-ሓሳብ ጥበባዊ ክእለት ዕሕፈት ምድንፋዕ ግን ክምዕብሉ ዘለዎም ኣቀራርባ ቃላት/ሓረጋት፣ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝምጥን ፀፍሒ ክብደት ሙሉእ ሓሳብን ዓንቀፃትን ግን ናብ 40% ዝኣክል ክፍተት ምህላው የሪአና። ዝቀረቡ ቃላትን ሙሉእ ሓሳባትን እዚ መፅሓፍ  እቲ ቀንዲ ትሕዝተኦም ከይለቀቑ ብምቅራብ  ሰሓብነትን ክህልዎም ኣብ ምግባር  ክፍተት ኣለዎም።

ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለው ጉድለት  ትሕዝቶን ግቡእነትን ኣቀራርባ ፊደላት፣ ቃላት፣ ሓረጋት፣ዋሕዚ ሙሉእ ሓሳባትን ምስላታትን መምርሕታትን ዘይምቕማጥ ከም መርኣያ ዝስዕብ ቀሪቦም ኣለው።

- ጉድለት ኣሰኻኹዓ፣ ኣሰቋቁራን ፍሰትን ፊደላትን ቃላትን ንምጉላዕ ውሕሉል ክእለት ዕሕፈት ዝምጥን ኣይኮነን።
- ንኣብነት :- ምዕራፍ ሓደ ኣብ ገፅ 8 ምርፃም ዝብል ቃል ከባብያዊ ማእኸል ዝገበረ(ላህጃ) እምበር ኣብ መብዛሕትኡ ክልል ትግራይ ዝፍለጥ ቃል ኣይኮነን፡፡
- ምዕራፍ ሓደ ኣብ ገፅ 9 መምርሒ “ሐ” ቐፂሎም ንዝቐረቡ ሓሳባት ብዕምቕት ብምፍታሽ ብመሰረት እቲ ኣብነት ምኽንያት መንቀልን ውፂእትን ፊልኹም ኣቐምጡ ዝብል መምርሒ ኣሎ፡፡ እንተኾነ ግና ዝተውሃበ ኣብነት የለን፡፡
- ምዕራፍ ክልተ፡- ኣብ ገፅ 24  መምርሒ “ለ” ርእሲታት ብምምራፅ ፀሓፍ ዝብል ዝተውሃበ ኣብነት የለን፡፡
- ኣብ ምዕራፍ ክልተ፡- ኣብ ገፅ 24 እኽሊ እናፀፀየ ዝብል “እኽሊ” ንዝብል ቃል ጣፍ ብዝብል እንትትካእ ጣፍ እናፀፀየ ብዝብል ምዕሩይነት ኣለዎ፡፡

- ምዕራፍ ሰለስተ፡- ኣብ ገፅ 35 ተራቑፅሪ ኣርባዕተን ተራቑፅሪ ሽዱሽተን ሓደ ዓይነት ፍታሕ ዝመስል ዝተቐራረበን ተምሃራይ ዘመናትእ ፍታሕ ኣለዎ፡፡ ንኣብነት፡- ስሓባይ፡- መሳጣይ፣ መራኽይ
    - ማራኺ፣ ስሓቢ፣ መሳጢ
- ምዕራፍ ሓሙሽተ፡- ኣብ ገፅ 66 መምርሒ ሓደ ኣደረ ዝብል ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ብኣምሓርኛ ዝተፅሓፈ እዩ፡፡
- ምዕራፍ ሓሙሽተ፡- ኣብ ገፅ 71 ተራ ቑፅሪ ሰለስተ

  ብዓል ኣሜባ ሓቢ ብልሃርዝያ

  ጎንደራ ኣስካሪያሲስ ፈገ ጃያርድያ

  ድፋዕ ባሕሪ ከብዲ ኩዕቶም ዓሪዶም

  ውፅኢ ኢሎምዋ ንልቢ ኣዲሞም፡፡
- ንምምሕያሽ ክእለት ፅሕፈት ቋንቋ ትግርኛ ግቡእነትን ቅቡልነትን ንክህልዎን ቅድሚት ዝወሃቦም ኣይኮኑን፡፡
- ምዕራፍ ሓሙሽተ፡- ኣብ ገፅ 74 ለገበ እንትፎክስ ዝህቦ ትርጉም ጠበቐ ዝብል ዝተቐመጠ ትርጉም ኣልቦ ስለዝኾነ "በ" ብ "ሸ" እንትውክል ጠሸቐ ዝብል ትርጉም ዘለዎ ቃል ይህበና፡፡
- ምዕራፍ ሽዱሽተ፡- መምርሒ ሰለስተ ኣብ ገፅ 93 ብመሰረት ዝተውሃበ ኣብነት ካብዞም ዝስዕቡ ሙሉእ ኮይኖም ዝተውሃቡ ምስላታት ነቶም ልሙዳት ዝኾኑ ገለፃታት ብነጠብጣብ ብምትካእ ፀሓፍ ዝብል
    1. ማይ ዝሰተየ ጨና'ብሉ፡- ከውሒ ዝረገፀ ኣሰር የብሉን፡፡
    2. መን ዘይኸውን ጋሻ፡- መን ዘይኸውን ሬሳ፡፡
    3. መለበምን ኣይግበርኻ፡- መለበምን ኣይኽላእኻ፡፡
    4. ልቢ ሰብ ክትፈልጥ፡- ብናትኻ ጀምር፡፡

ኣብ ናይ ተምሃራይ መፅሓፍ ሕቶን መልስን ዝተቐመጠ እንትኸውን ኣብ መምርሒ ንመምህር ግና ሕቶ ኣሎ መልሲ ግና ኣይተቐመጠን፡፡

- ምዕራፍ ሸውዓተ ፡- ኣብ ገፅ 117 መምርሒ ሓደ ርእሲታት ሓደ ብምምራፅ ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ሓሳባት ብምእካብ ዓንቀፅ ፀሓፍ ዝብል ዝተውሃበ ኣብነት የለን፡፡
- ኣብ ምዕራፍ ሸሞንተ ኣብ ገፅ 124 "ዋርሲም" ዝብል ቃል ከባቢ ኢሮብ ዝጥቀምሉ ህዝቢ እምበር ኣብ መብዛሕቲኡ ክልል ትግራይ ዝፍለጥ ቃል ኣይኮነን፡፡

- ምዕራፍ ሸሞንተ፡- ኣብ ገፅ 129 ደብዳበ ስራሕ ፀሓፍ ዝብል ኣሎ፡፡እንተኾነ ግና ዝተውሃበ ኣብነት የለን፡፡

  ኣብ ሪጋ 4.5፣ ካብ ቀረባ ናብ ርሑቅ ዘሎ ፍሰት ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ዘለው ሕቶታት፣ መልመዲታትን መምርሒታትን ክእለት ፅሕፈት ዘማዕብሉ ኣብ ምኻን ካብ ዘተ፣ቃል መሕትትን ገምጋምን እዚ ሰነድ ብዝተኣከበ መረዳእታ ካብ ቀረባ ናብ ርሑቅ፣ካብ ዝፈለጥ ናብ ዘይፍለጥ ዘሎ ፍሰት ዘሎ ዋሕዚ ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ኣብዚ ሰነድ ዘለው ዕዮታትን መምርሒታትን ንውሕሉል ክእለት ፅሕፈት ዝምጥን ኣቀራርባ ግቡእነት እዚ ደረጃ ክፍሊ ኣብ ምምላእ ኣብ ትሑት ናይ ሚዛን ብርኪ እዚ ድማ 2(40%) ኮይኑ ይርከብ። እዚ ውፅኢት ዝማዕበለ ክእለት ፅሕፈት ንምህላው ዝተሓተ ህርመት ምኻኑ እዩ። ኣብዚ መፅሓፍ ካብ ቀሊል ናብ ከቢድ ዘሎ ዋሕዚ ብኣንፃር ኣብዚ ፅንዓት ዝተኣደነ ክእለት ፅሕፈት እንትርአ ፍሰት ካብ “ቀሊል ናብ ከቢድ” ህርመት ሒዙ ዝኸድ ትሕዝቶ ኣለዎ፡፡

ኣብ ሪጋ 4.6፣ ኣጠቃቀማ መሰጋገሪ ቃላት፣ ሙሉእ ሓሳባትን ዓንቀፅን ነቲ ርእሲ/ትሕዝቶ ዝገለፅ ናይ ኣቀራርባ ግቡእነት ብቕዓት ኣብ ምህላው ዘሎ ገምጋምን ውፅኢት ዘተን ተሳተፍቲ እንትንርኢ ናብ 3(60%)ሓፍ ዝበለ ውፅኢት ንረክብ። ነቲ ብክእለት ፅሕፈት ትውፈታት ማሕበረ-ሰባዊ መበቆሉ ይኹን ዓለም፣ ከባብን ሰፈርን ሰሓቢ ብዝኾነ ስነ-ፅሑፋዊ ጥበብ ኣይምካ ንምፅሓፍ፣ ንምድራስ፣ ንምክያንን ምትዋንን...ወዘተ ግቡእነት ይጎድሎ እዩ።

ኣብ ሪጋ 4.7፣ መምሃሪ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣደላልዋን ኣቀራርባን፣ ተኸታታልነት፣ትሕዝቶ ትኽክለኛነት፣ ግልፅን ግቡእነትን ትሕዝቶ መገምገሚ ስርዓተ ትምህርቲ ጌሮም ይወስዱ ምኻኖም ኣብ ዝብል መመዘኒ ነጥቢ ዝተረኸበ ውፅኢት ፍተሻ 2(40%) እዩ። እዚ ድማ ትሕቲ ፍርቂ ኮይኑ ኣሎ፣ ነዚ ምክንያት ዝኾነ ድማ ኣብ ኣደላልዋ፣ ኣቀራርባን ግቡእነትን ትሕዝቶ መገምገምን በቢ መርሃ-ግብሩ ኣብ ዝሕደስ መፅሓፍ 9ይ ክፍሊ ዘየማልእ ኮይኑ ኣብ ምርካብ ዘሎ ሓጓፍ እዩ።

ኣብ ሪጋ 4.8፣ ተፀንዓይ መፅሓፍ ምስ ዓምዳዊ ርክብ ወይ ምትእስሳርን ጎናዊ ምትእስሳርን ዘለዎ ግቡእነት ኣቀራርባ፣ 4(80%) ውፅኢት ዘርኢ ኮይኑ እቲ ዝሓሸ ሚዛን ዘለዎ ውፅኢት ፍተሻ እዩ። ኣብዚ ዘሎ ናይ 20% ክፍተት ምስ ዓምዳዊ ዘሎ ምትእስሳር ነቲ በዚ ፅንዓት ዝተኣደነ ጥበባዊ ክእለት ፅሕፈት ዝምጥን ግቡእነት ዘሎ ውስንነት እዩ።

ብድምር ኣብ ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ዝተረኸበ ውፅኢት እዚ ፍተሻ ሰነድ 20% ኣብ ልዑል፣ 22.5% ኣብ ዘዕግብ ብተመሳሳሊ 15% ኣብ ትሑት የርኢ።

ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ሰለስቲኦም መሰረታውያን ሕቶታት ዝተመዝገበ መጠቃለሊ ውፅኢት እንትንትረአ፣ ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ክእለት ፅሕፈት ንምግዋድ ተኣሳሲሩ ዝተውሃቦ ጠመተ፣ ንትሕቶኣዊ ግቡእነት፣ ግቡእነት ኣቀራርባን ኣደላልዋን ብድምር በቶም ዝተወሰዱ መስፈሪ ነጥብታት ዝተመዝገበ ውፅኢት ኣብ ትሑትን ኣዝዩ ትሑትን ፀፍሒ ውፅኢት 17-ሚኢታዊ እዩ። ብኣንፃሩ ብመሰረታዊ ርድኢቱ ትሕቲ ፍርቂ እኳ እንተኾነ፣በቲ መስፈሪ መሰረት ግና ኣብ ዘዕግብ ብርኪ ድማ 27-ሚኢታዊ ጥራሕ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ 8-ሚኢታዊ ድማ ኣብ ልዑል ብርኪ ግብረ-መልሲ ዝተመዝገበሉ ውፅኢት ፅንዓት እዩ። ካብዚ ምርዳእ ከም ዝካኣል ንኣደላልዋን ግቡኡነት ኣቀራርባን፣ ትሕዝቶዊ ግቡእነትን ዝተውሃቦ ትኹረትን ንምምዕባል ውሕሉል ስነ-ፅሕፈት ልዑልን እዋናውን ምምሕያሽ ዝጠልብ ምዃኑ እዩ።

## ምዕራፍ ሓሙሽ

## መጠቃለሊ፣መደምደምታን ለበዋን

### 5.1. መጠቃለሊ

**ኣብዚ ተፀናዓይ ሰነድ ዝነበሩ መሰረታዊ ሕቶታት መፅናዕቲ ዝስዕቡ እዮም።**

ሀ. ኣብቲ ተፀነዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ዝተወሃቦ ጠመተ ክንደየናይ እዩ?

ለ. ትሕዝቶዊ ግቡኡነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ እንታይ ይመስል?

ሐ. ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ እንታይ ይመስል?

- ብድምር ኣብ ሰደቓ ክልተ በቶም መፈተሺ ሰነዳት ዝተኣከበ መረዳእታን ውፅኢት እንትርአ ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘሎ ኣብ ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ፣ ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈትን ዝተውሃቦ ጠመተን እንትጥርነፍ ካብ 6(40%)ኣብ ዘዕግብ ብርክን ክሳብ 2(13.33%) ትሑት ገምጋምን ዝሸፈነ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ። እዚ ዘመላኽተና እዚ ሰነድ በቶም ዝተቐመጡ መመዘኒታት እንትንወስድ ክእለት ፅሕፈት ንምዕባይን ንምምሕያሽን ልዑል ጠመተ ወይ ትኹረት ዝስሕቡ ዘይተዓበሱ ክፍተታት ምህላዎም ይጥቁመና። ሓደ ትሕዝቶ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ዘለዎ ርክብ እንትርአ ንክእለት ፅሕፈት ዘማዕብል ኮይኑ ኣብ ምቅራቡ ጉድለት ኣለዎ። ከምኡ እውን ብቅዓት ትሕዝቶ ወይ ኣምር እቶም ትሕዝቶታት ኣብ ክንዲ ልዑል ጠመተ ንክእለት ፅሕፈት ምሃብ፣ ኣብ ዝርርብን ምድማፅን ስዋስውን ዘድሃቡን ዘዘንበሉን ናይ ምኳን ተርእዮ ኣለዎም። ነቲ ዝተዳለወሉ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ትሕቶኣዊ ኣቀራርባን ግቡእነትን ኣብ ምህላውን ሰለስቲኦም ዓበይቲ ርእሰ ጉዳያት(ፍልጠት፣ክእለትን ኣረኣእያን) ብዝዕቅን ንምግባር ዝተውሃቦ ጠመተ ትሑት እዩ።

- ተፀንዓይ መፅሓፍ በዞም ትሽዓተ ረቋሒታት መመዘኒ/መምረፂ ትሕዝቶ ትምህርትን ብመንፅር ተረኺቡ ዘሎ ውፅኢትን እንትርአ ኣብ ረብሓ፣ ግቡእነት/ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ፣ ማሕበራዊ ቅቡልነት፣ጠቓምነት፣ ፣ድሌት ምምሃር ተምሃሮ ዝፈተሸ ኣብ ምኳን፣ ናይ ምምሃር ዓቅሚ ዘገናዘበ፣ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ክእለት ዕምቆት ምርዳእ፣ ዝተፈላለዩ ዝተኣደኑ ዕላማታት ከዕውት ዝክእል፣ ዘላኽነት እቲ ትሕዝቶን ዝብሉ መስፈሪታት 60% ኣየማልአን ዝብል ግበረ-መልሲ ተረኺቡ ኣሎ። በዞም መሰረታውያን መለክዒታት ትሕቲ ፍርቂ(40%) ሒዝካ ድማ ዝተኸሸነ ክእለት ፅሕፈት ዘማዕበለ በዓል ሞያ ንምፍራይ ድማ ድሩትነት ዘለዎን ዘየተኣማምንን ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ግቡእነትን ዘለዎ ሰነድ እዩ። እዚ ክፍተት ዝዓብስ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ ዘየተመዓራረየሉ ኣብ ክንዲ ናይቲ ተጠቃሚ ሕብረተ ሰብ ብጥበቡ ተወኪሉ ዝትውን፣ዝደርስ፣ውሕሉልን ተሃራፍን ፅሕፈት ዝፅሕፍን ዝክይንን በዓል ሞያ ንምፍጣርስ ይትረፍ እንታይነትን ኣድላይነትን ክእለት ፅሕፈት

ተረዲእካ ኣብ ምውፃእ ባዕሉ ጊዜ ዝሓተት ይኸውን። ብድምር ኣብዚ ውፅኢት መፅናዕቲ ካብ እዞም ትሽዓተ- መመዘኒታት ትሕዝቶ ትምህርቲ እቶም ክልተ፣ ሳልሳይን ታሽዓይን መነፅራት ዝሓሸ ሚዛን ዝረኸቡ ኮይኖም እቶም ዝተረፉ ሽዱሽተ ረቛሒታት ሓዊሱ ትሕቲ ፍርቂ (40%) ውፅኢት ስለ ዘመላከት ኣብ ምዕንታር ክእለት ፅሒፈት ልዑል ትኹረት ዝስሕቡ መመዘኒታት ይገብሮም። እዚ ውፅኢት ሰነዳዊ ዳህሰሳዊ ተፀናዓይ መፅሓፍ ኣብ ሜላታት መስተምሃሪ ክእለት ፅሒፈት ከም ምውዳድ ፅሒፈት፣ ብምሕሳብን ምዕማድን ኣቢልካ ክእለት ፅሒፈት ኣብ ምጥንኻር፣ ተሓጋጊዝካን ሰሰጊርካን ብምፅሓፍ ኣቢልካ፣ ክፍቲ ብምግዳፍ ኣቢልካ፣ ብጥበብ ብቅንብር መሕትት ኣቢልካ ዓንቀፅ ብምምስራትን ዝማዕበለ መፅሓፍ ግቡእነቱን ዋሕዙን ሓልዩ ኣብ ምድላውን ውፅኢት ፍተሻ እዚ ሰነድ ኣዝዩ ትሑት(20%) ዝብል ውፅኢት ዝዓረፎ እዩ ኮይኑ ተረኺቡ። ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ጥማር ውፅኢት ገምጋም ሕቶ መፅናዕቲ ትሕዝቶኣዊ ግቡእነት(ሰደቓ ሰለስተ) 12(26.67%) ኣብ ዘዕግብ ፣ ብተመሳሳሊ ውፅኢት 8(17.78%) ኣብ ትሑት ብርኪ ኮይኑ፣ 1(2.22%) ድማ ኣብ ኣዝዩ ትሑት ብርኪ ምኳኑ እቲ ውፅኢት የሪኣና። ከም መጠቓለልን ከም ውፅኢት እዚ መፅናዕትን ትሕትኣዊ ግቡእነት እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ትሕቲ ፍርቂ/ዘዕግብ ውፅኢት ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

- ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ፉሉይ ድሌትን ከባብን ዘገናዘበ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእ ኣብ ምኳን ኣብ ዝብል መስፈሪ ዝተረኸበ ውፅኢት ሰነዳዊ ዳህሰሳን ውፅኢት ዘተን ተሳተፍቲ ናብ 2(40%) እትው ዝበለ እዩ። እዚ ማለት ድማ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ዝፈሪ ዜጋ፣ ትምህርቲ ፅንባረን ከባብያዊ ዓውድን ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእን ሚዛናውነት ሃልይዎ ክእለት ፅሒፈት ብዘማዕብል ኣብ ምቅራፁ ናብ ፍርቂ ዘይበፅሐን (40%) ሰፊሕ ክፍተት ከም ዘለዎን ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ የሪኣና። ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ርክብን ብቅዓት ትሕዝቶኣዊ ግቡእነትን ኣምርን እንትርአ ናብ 3(60%) ቀጥታዊ ርክብን ትሕቶኣዊ ግቡእነትን ከም ዘለዎ የሪኣና። ኮይኑ ግና እዚ ውፅኢት ናብ 40% ዝኸውን ክምላእ ዘለዎ ውስንነታት ከም ዘለውዎ ክዝንጋዕ ዘየብሉ ምኳኑ እዩ። ሓደ ትሕዝቶ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ዘለዎ ርክብ (Consistency) እንትርአ ንክእለት ፅሒፈት ዘማዕብል ኮይኑ ኣብ ምቅራቡ ጉድለት ኣለዎ ዝብል ግብረ- መልሲ ተሳተፍቲ ልዕልነት ከም ዘለዎ የንፀባርቕ። ካብ ቀረባ ናብ ርሑቕ ፣ካብ ዝፍለጥ ናብ ዘይፍለጥ ዘሎ ፍሰት ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ዘለው ሕቶታት፣ መልመዲታትን መምርሒታትን ክእለት ፅሒፈት ዘማዕብሉ ኣብ ምኳን ካብ ዘተ፣ቃለ መሕትትን ገምጋምን እዚ ሰነድ

ብዝተኣከበ መረዳእታ ካብ ቀረባ ናብ ርሑቕ ዘሎ ዋሕዚ ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ኣብዚ ሰነድ ዘለው ዕዮታትን መምርሒታትን ንውሕሉል ክእለት ፅሒፈት ዝምጥን ኣቀራርባ ግቡእነት እዚ ደረጃ ክፍሊ ኣብ ምምላእ ኣብ ትሑት ናይ ሚዛን ብርኪ እዚ ድማ 2(40%) ኮይኑ ይርከብ። እዚ ውፅኢት ዝማዕበለ ክእለት ፅሒፈት ንምህላው ኣብ ዝተሓተ ውፅኢት ዘሎ ምኽኑ እዩ። ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ዘለዎ ድጋፍን ደረጃ ክብደት ግቡእነት ኣቀራርባ ትሕዝቶ ቋንቋን ምስ ቅደም ሰዓቦም ኣቀራርባን ክእለት ፅሒፈት ዘለዎ ፍሰት ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምኽን ኣብ ዝብል መመዘኒ ነጥቢ እስካብ ሐዚ ካብ ዝተሰፈሩ ረቛሒታት እቲ ዝሓሸ ውፅኢት ገምጋም 4(80%) ዝተመዝገበሉ እዩ። እዚ ውፅኢት ገምጋም ድማ ብቅዓት ናይቲ ሰነድ ኣብ ምዕባይ ጥበባዊ ክእለት ፅሒፈት ተመዙኑ ዘይኮነስ ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ሰነድ ዘሎ ዋሕዚ ካብ ዝቀለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምኽንን ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ብዘለዎ ምትእስሳርን እዩ ዝብል ካብቲ ዘተን ቃለ መሕትት ተሳተፍቲ ንምግንዛብ ተኻኢሉ እዩ። ብድምር ኣብ ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሒፈት ዝተረኸበ ውፅኢት እዚ ፍትሻ ሰነድ 20% ኣብ ልዑል፣ 22.5% ኣብ ዘዕግብ ብተመሳሳሊ 15% ኣብ ትሑት የርኢ። ኣብ መወዳእታ፣ ኣብ ሰለስቲኦም መሰረታውያን ሕቶታት ዝተመዝገበ መጠቃለሊ ውፅኢት እንትንትረአ፣ ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ክእለት ፅሒፈት ንምዕባይ ተኣሳሲሩ ዝተውሃበ ጠመተ፣ ንትሕቶኣዊ ግቢእነት፣ ግቡእነት ኣቀራርባን ኣደላልዋን ብድምር በቶም ዝተወሰዱ መስፈሪ ነጥብታት ዝተመዝገበ ውፅኢት ኣብ ትሑትን ኣዝዩ ትሑትን ፀፍሒ ውፅኢት 17-ሚኢታዊ እዩ። ብኣንፃሩ ብመሰረታዊ ርድኢቱ ትሕቲ ፍርቂ እኳ እንተኾነ፣በቲ መስፈሪ መሰረት ግና ኣብ ዘዕግብ ብርኪ ድማ 27-ሚኢታዊ ጥራሕ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ 8-ሚኢታዊ ድማ ኣብ ልዑል ብርኪ ግብረ-መልሲ ዝተመዝገበሉ ውፅኢት ፅንዓት እዩ። ካብዚ ምርዳእ ከም ዝካኣል ንኣደላልዋን ግቢእነት ኣቀራርባን፣ ትሕዝቶዊ ግቡእነትን ዝተውሃበ ትኹረትን ንምምዕባል ውሕሉል ስነ-ፅሒፈት ልዑልን እዋናውን ምምሕያሽ ዝጠልብ ምኽኑ እዩ።

## 5.2. መደምደምታ

- ብድምር ኣብ ሰደቓ ክልተ በቶም መፈተሺ ሰነዳት ዝተኣከበ መረዳእታን ውፅኢት ገምጋምን ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘሎ ኣብ ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ፣ ኣቀራርባ ክእለት ፅሒፈትን ዝተውሃቦ ጠመተን እንትጥርነፍ ካብ 6(40%)ኣብ ዘዕግብ ብርክን ክሳብ 2(13.33%) ትሑት ንፃፍ ገምጋምን ዝሸፈነ ኮይኑ እዩ ተረኺቡ። እዚ ዘመላኽተና እዚ ሰነድ በቶም ዝተቐመጡ መመዘኒታት እንትንወስድ ክእለት ፅሒፈት ንምዕባይን ንምምሕያሽን ልዑል ጠመተ ወይ ትኹረት ዝስሕቡ ዘይተዓበሱ ክፍተታት ኣለውዎ ። ብቅዓት ትሕዝቶ ወይ ኣምር እቶም ትሕዝቶታት ኣብ ክንዲ ልዑል ጠመተ ንክእለት ፅሒፈት ምሃብ፣ ኣብ ዝርርብን ምድማፅን ስዋስውን ዘድሃቡን ዘዘንበሉን ምኳኖም የንፀባርቕ።

- ተፀንዓይ መፅሓፍ በዞም ትሽዓተ ረቋሒታት መመዘኒ/መምረፂ ትሕዝቶ ትምህርትን ብመንፅር ተረኺቡ ዘሎ ውፅኢትን እንትርአ ኣብ ረብሓ፣ ግቡእነት/ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ፣ ማሕበራዊ ቅቡልነት፣ጠቓምነት፣ ናይ ምምሃር ዓቅሚ ዘገናዝበ፣ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ ትምህርቲ፣ ክእለት ዕምቆት ምርዳእ፣ ዝተፈላለዩ ዝተኣደኑ ዕላማታት ከዕውት ዝኽእል፣ ዘላቕነት እቲ ትሕዝቶን ዝብሉ መስፈሪታት 60% ኣየማልአን ዝብል ግበረ-መልሲ ተረኺቡ ኣሎ። በዞም መሰረታውያን መለክዒታት ትሕቲ ፍርቂ(40%) ሒዝካ ድማ ዝተኸሸነ ክእለት ፅሒፈት ዘማዕበለ በዓል ሞያ ንምፍራይ ድማ ድሩትነት ዘለዎን ዘየተኣማምንን ናይ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ግቡእነትን ክፍተት ዘለዎ ሰነድ እዩ። ብድምር ኣብዚ ውፅኢት መፅናዕቲ ካብ እዞም ትሽዓተ- መመዘኒታት ትሕዝቶ ትምህርቲ እቶም ክልተ፣ ሳልሳይን ታሽዓይን መነፅራት ዝሓሸ ሚዛን ዝረኸቡ ኮይኖም እቶም ዝተረፉ ሽዱሽተ ረቋሒታት ሓዊሱ ትሕቲ ፍርቂ (40%) ውፅኢት ስለ ዘመላክት ኣብ ምዕንታር ክእለት ፅሒፈት ልዑል ትኹረት ዝስሕቡ መመዘኒታት ይገብሮም። ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ጥማር ውፅኢት ገምጋም ሕቶ መፅናዕቲ ትሕዝቶኣዊ ግቡእነት(ሰደቃ ሰለስተ) 12(26.67%) ኣብ ዘዕግብ ፣ ብኣንፃሩ ውፅኢት መፅናዕቲ እዚ ትሕዝቶዊ ኣቀራርባ/ግቡእነት 9(20%) ካብ ትሑት ክሳብ ኣዝዩ ትሑት ብርኪ ምኳኑ እቲ ውፅኢት የሪኢና። ከም መጠቓለልን ከም ውፅኢት እዚ መፅናዕትን ትሕትኣዊ ግቡእነት እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ትሕቲ ፍርቂ/ዘዕግብ ውፅኢት ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ።

- ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ፉሉይ ድሌትን ከባብን ዘገናዘበ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእ ኣብ ምኳን ኣብ ዝብል መስፈሪ ዝተረኸበ ውፅኢት

ሰነዳዊ ዳህሰሳን ውፅኢት ዘተን ተሳተፍቲ ናብ 2(40%) ለጠቕ ዝበለ እዩ። እዚ ማለት ድማ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ዝፈሪ ዜጋ፣ ትምህርቲ ፅንባረን ከባብያዊ ዓውድን ኣብ ግምት ብምእታው ዝተዳለወ ኣቀራርባ ትሕዝቶ ግቡእን ሚዛናውነት ሃልይዎ ክእለት ፅሕፈት ብዘማዕብል ኣብ ምቅራፀ ናብ ፍርቂ ዘይበፅሐን ሰፊሕ ክፍተት ከም ዘለዎን ውፅኢት እዚ መፅናዕቲ የሪኣና። ሓደ ትሕዝቶ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ዘለዎ ርክብ እንትርአ ንክእለት ፅሕፈት ዘማዕብል ኮይኑ ኣብ ምቅራቡ ጉድለት ኣለዎ ዝብል ግብረ- መልሲ ተሳተፍቲ ልዕልነት ከም ዘለዎ የንፀባርቕ። ካብ ቀረባ ናብ ርሑቅ ፣ካብ ዝፍለጥ ናብ ዘይፍለጥ ዘሎ ፍሰት ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ዘለው ሕቶታት፣ መልመዲታትን መምርሒታትን ክእለት ፅሕፈት ዘማዕብሉ ኣብ ምኳን ካብ ዘተ፣ቃለ መሕትትን ገምጋምን እዚ ሰነድ ብዝተኣከበ መረዳእታ ግቡእነት ኣቀራርባን ግልፅነትን ኣብዚ ሰነድ ዘለው ዕዮታትን መምርሒታትን ንውሕሉል ክእለት ፅሕፈት ዝምጥን ኣቀራርባ ግቡእነት እዚ ደረጃ ክፍሊ ኣብ ምምላእ ኣብ ትሑት ናይ ሚዛን ብርኪ እዚ ድማ (40%) ኮይኑ ይርከብ። እዚ ውፅኢት ዝማዕበለ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ዝተሓተ ህርመት ዘሎ ምኳኑ የደምድመና። ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ዘለዎ ድጋፍን ደረጃ ክብደት ግቡእነት ኣቀራርባ ትሕዝቶ ቋንቋን ምስ ቅደም ሰዓቦም ኣቀራርባን ክእለት ፅሕፈት ዘለዎ ፍሰት ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምኳን ኣብ ዝብል መመዘኒ ነጥቢ እስካብ ሐዚ ካብ ዝተሰፈሩ ረቛሒታት እቲ ዝሓሸ ውፅኢት እንትርአ (80%) ዝተመዝገበሉ እዩ። እዚ ውፅኢት ገምጋም ድማ ብቅዓት ናይቲ ሰነድ ኣብ ምዕባይ ጥበባዊ ክእለት ፅሕፈት ተመዚኑ ዘይኮነስ ኣብቲ ቀሪቡ ዘሎ ሰነድ ዘሎ ዋሕዚ ካብ ዝቀለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምኳንን ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ብዘለዎ ምትእስሳርን እዩ። ኣብ መወዳእታ፣ ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ክእለት ፅሕፈት ንምዕባይ ተኣሳሲሩ ዝተውሃቦ ጠመተ፣ ንትሕቶኣዊ ግቢእነት፣ ግቡእነት ኣቀራርባን ኣደላልዋን ብድምር በቶም ዝተወሰዱ መስፈሪ ነጥብታት ዝተመዝገበ ውፅኢት ኣብ ትሑትን ኣዝዩ ትሑትን ናይ ውፅኢት ፀፍሒ (17)-ሚኢታዊ እዩ። ብኣንፃሩ ብመሰረታዊ ርድኢቱ ትሕቲ ፍርቂ እኳ እንተኾነ፣በቲ መስፈሪ መሰረት ግና ኣብ ዘዕግብ ብርኪ ድማ 27-ሚኢታዊ ጥራሕ እዩ። ካብዚ ምርዳእ ከም ዝካኣል ንኣደላልዋን ግቡኡነት ኣቀራርባን፣ ትሕዝቶዊ ግቡእነትን ዝተውሃቦ ትኹረትን ንምምዕባል ውሕሉል ስነ-ፅሕፈት ልዑልን እዋናውን ምምሕያሽ ዝጠልብ ምኳኑ እዩ።

## 5.3. ለበዋ

- ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ተረኺቦም ዘለው ርካቦታት መፅናዕቲ ናብ ግብሪ ንምውዓል ብፍላይ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ሰብሞያ ቋንቋ ትግሪኛ፣ በቢ ብርኩ ዘለው ምድላውን ትግበራን ስርዓተ- ትምህርቲ፣ኮሌጃትን ዩንቨርስቲታትን፣ ሰብ ሞያ ስነ-ፅሑፍ ቋንቋ ፣ ቢሮ ትምህርቲ ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ትካላትን ከም ዘይመንግስታዊ ትካላትን ኣብ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ፣ ኣቀራርባ ግቡእነትን ብድምር ዝተውሃቦም ጠመተን ኣድሂቦም ናይ ስልጠና፣ ዓቅሚ መዕበዪ ኮርስ፣ ልምዲ ልውውጥን ክለሳ መፅሓፍን ብምግባር ኣብ ምዕባይ ጥበባዊ ክእለት ፅሕፈት እጃሞም ክዋፅኡ ይላቦ።

- በቢ ሓሙሽተ ዓመቱ ኣብ ዝግበር ምቕያር መፅሓፍ ኣብ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ግቡእነትን ዘለው ሰፋሕቲ ክፍተታት ልዑል ጠመተ ብምሃብ ክእለት ፅሕፈት ብዘገውድ መዳዩ ፣ ዝሳለጡ ዝነበሩ ሓበሬታ ኣብ ግምት ብምእታውን ፅቡቕ ስራሕ ክስራሕ ናይ በቢ ብርኩ ዘሎ መሓውር ትምህርቲ ሓላፍነት ወሲዱ እንተሰሪሑሉ ውፅኢታዊ ክኸውን ይክእል። ኣደላልዋን ምምሕያሽን እዚ መፅሓፍ ንምህዞን ፈጠራን ክኣለት ፅሕፈት፣ክየና፣ ማሕበራዊ ትውፊታት/ባህሊ እቲ ተጠቃሚ ሕብረተ ሰብ ንምግላፅ ብዘክእልን ንምርምርን ተወሳኺ ተውህቦ ጥበባዊ ስነ-ፅሕፈት ዝዕድምን ኮይኑ ክቕረፅ ልዑል ናይ ሰብ ሞያ ተሳትፎን ጠመተን ይስሕብ።

- ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ግቡእነትን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ውፅኢታዊ ንምግባር በቶም ትሸዓተ መለክዒታት ስርዓተ ትምህርቲ ኪኢላታት ትምህርቲ ተሓንፂዖም እንትወፁ ክእለት ፅሕፈት ልዑል ተራ ኣለዎ ዝብል ማዕዳ ኣለኒ።

- ዝዳሎ መፅሓፍ ንድሌት ምምሃር ተምሃሮ፣ ትምህርቲ ስርዓት ፅንባረ፣ኣፈላላይ ቅበላ ትምህርቲ ተምሃሮ ካብ ኣብ ሰለስተ ብርኪ መዲብካ ክትትልን ድጋፍን ምግባር በቶም ብሰብ ሞያ ናይዚ ዘርፊ ኣብ ዝተመመዩ ትሸዓተ ዓይነታት ድሌት፣ ተውህቦን ባህግን መሰረት ዝገበሩ መፅቀኒታት ብምትእትታው እንተተሰሪሑሉ ኣብዚ መፅሓፍ ዝዳሎ ንክእለት ፅሕፈት መሰረት ዝገበሩ ዕዮታትን ንጥፈታትን፣ ከምኡ እውን ዕላማታት ሽትኡ ክወቅዕ ዝሕግዝ እዩ ዝብል ለበዋ ኣለኒ።

- ዝዳሎ መፅሓፍን ዘለዎ ግቡእነትን ትሕዝቶን እንትምዘን ብፍላይ ኣብ ውሕሉል ክእለት ስነ-ፅሕፈት ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ዝምጥን ኮይኑ ንምርካብ ብፍላይ ምስ ቅበላ ትምህርቲ ንክእለት ፅሕፈትን ሰለስቲኦም ዓበይቲ ርእሰ ጉዳያት/Domains/—

ነቲ ብርኪ ትምህርቲ ታሽዓይ ክፍሊ ዝጠልቦ ፍልጠት፣ክእለት ፅሕፈትን ባህርን ብዝመዝን ክኸውን ይግባእ። ምስ ክእለትን ባህርን ምምዕባልን ምጭባጥን ዘሎ ክፍተት ክዕበስ ይምከር። “ንኢሲኒ እንተበልኹስ ተቖሪስኒ” ኣብዚ ሐዚ እዋን ድማ ዝተመደበ ሓንቲ ክፍለ ግዜ ትምህርቲ ስለዝኾነ መፅናዕቲ ዝተሓንፀፀ ክእለት ፅሕፈት ንምምዕባል ብጣዕሚ ይውሕድ እዩ ዝብል ረእይቶ እዚ መፅናዕቲ እዩ ዘሎ፡፡

## ዊኺሰት ድርሳናት


1. ሚኒስተር ትምህርቲ (2007)። ሜላታት መስተምሃሪ ክእለታት ፅሕፈት።
2. ደባሱ(2007)። ረቛሒታት መምረፂ ስርዓተ ትምህርቲ።
3. በድሉ ዋቅጅራ በስነ-ፅሑፍ ቋንቋ ማስተማርያ፡፡ ኣዲስ ኣበባ ፣ፍርኢስት ትሪዲንግ ኃላ.የተ.የግ.ማ፡፡ (2007ዓ.ም) ፡፡
4. ተስፋዬ ሸዋዬ። (1981)። የቋንቋና ስነ-ልሳን መግብያ። አዲስ አበባ ዩኒቨርስቲ።(ያልታተመ)
5. ዳኒኤል ተኹሉ፡፡ሜላታት ኣመሃህራን ኣፈታትናን ክእለታት ቋንቋ፡፡መቐለ፣ ቤት ሕትመት ሜጋ፡፡(1998ዓ.ም) ፡፡
6. ያለው እንዳወቀ፡፡የምርምር መሰረታዊ መርሆዎች ኣተገባበር፡፡ ባህርዳር የኒቨርስቲ Tefere seyom printing press፡፡ (2007ዓ.ም)
7. ጌታሁን መሰለ፡፡ታሪኽን ፅሕፈትን ፅሑፍን ትግርኛ፡፡ከይዲ መበል 2ይዋዕላን መፅናዕትን ቋንቋታት ትግራይ፡፡ መቐለ፣ ማሕበር ባህሊ ትግራይ፣፡፡ (1999ዓ.ም)
8. Allan A.Glatthron Developing a Quality Curriculum. North Caroline Printed. In the United States of America. (1994).
9. Byren D.(1988). Teaching and writing skills. London፡ long man group LTD.
10. Cunnings Worth. Choose your cours book Hominine, oxford.Fountas, (1995).
    I.C., & Pinnell, G.SGuided reading: Good first teaching for all.
11. Children.portsmouth, NH: Heinemann (1996).
12. Graham, S., & Perin, D. writing next: Effective Strategies to Impove Writing of Adolescents in middle and high schools.Carnegie (2007), Corporation: N.Y.
13. John, l. English skills with reading (5th edtion). NewYork: Mc Graw Hill. (2002).
14. John,L. College Writing skills with readings(6th edtion).NewYork: Mc Graw Hill. (2005).
15. Mc Debauch and Shaw. Materials and Method in FLT: A Teachers guide. Oxford; Black Will publishers. (1993).
16. Raims, A. Techniques in Teaching Writing.Oxford; Oxford Universty Press..
    Tyler, Ralph N. G.E. Basicprinciplesof (1943).
17. Raimes, A. (1983). Techniques in the teaching writing. Oxford፡ oxford University press.
18. TABA (1962, 313) TABACurriculum Development; Theory and Practice. Newyork, Harcourt Braco and world. (1962).
19. Tompkins, G.E Literacy in the early grades.Newyork, NY: Pearson (2003).
20. Tompkins, G.E Teaching Writing: Balancing Process and product Upper. (2004).
    Curriculum Instruction Chicago: University of Chicago press.
21. Troyka, L.Q. (1990). Hand book for writers. Eagle wood cliffs, New Jersey፡ Printice Hall Inc.
22. White, R (1980). Teaching Written English. London፡ by Hazel waston and uney LTD. AY Lesbury Bucks.
23. Widdowson, H.G. (1978). Teaching Language as communication. Oxford University press.

## ልጋብ

### ዩኒቨርስቲ መቐለ

### ኮለጅ ማሕበራዊ ሳይንስን ቋንቋታትን ክፍሊ ትምህርቲ ትግርኛ

እዚ ብዛዕባ መፅሓፍ ቋንቋ ትግርኛ ን 9ይ ክፍሊ ናይ ተምሃራይ መፅሓፍ ኮይኑ ምስ ርእሲ መፅናዕተይ ዓሊሙ ዝተዳለወ እዩ፡፡ ርእሲ መፅናዕቲ ፅሑፈይ "ምትእስሳር ዕላማን ትሕዝቶን መርሃ ትምህርቲ 9ይ ክፍሊ መፅሓፍ ትግርኛ ብመንፅር ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት" ዝብል ከይኑ፣ ዋና ዕላምኡ ኣብ ኣደላልዋ፣ ኣቀራርባን ትሕዝቶ መፅሓፍ ትግርኛ ን 9ይ ክፍሊ ማእኸል ጌሩ ዝተማልአ ሓበሬታ ንምእካብ ዝተዳለወ እዩ፡፡ ፈተሻ ሰነደ፣ ጉጅለ ዘተ ምስ መምህራንን ቃለ መሕትትን ኮይኖም ሕድሕዶም ድማ ዝተፈላለዩ ሕቶታት ዝሓዙ እዩም ፡፡

ሕቶታት ዝምልሱ መምህራን

ስም ቤት ትምህርቲ ___________

1. ፆታ________________
2. ዕድመ ሀ.20-30 ለ.31-50 ሐ. ልዕሊ 50
3. ብርኪ ትም/ቲ ሀ.ሰርትፊኬት ለ.ዲፕሎም ሐ. ዲግሪ መ. 2ይ ዲግሪ/ማስተርስ/
4. ልምዲ ስራሕ /ግልጋሎት/ብዓመት/

ሀ. 1-3 ለ. 4-7 ሐ.8-11 መ. 12ን ልዕሊኡን

**ክፍሊ ሓደ፣ ኣብጉጅላዊ ዘተ መምህራን ቋንቋ ትግርኛ 9ይክፍሊ ዝቀረቡ ሕቶታት**

1. ኣብ ግቡእነት ኣቀራርባ ፍሰት ክእለት ፅሕፈት መምህሪ መፅሓፍ ን 9ይ ክፍሊ ትግርኛ ዘለኩም/ክን ርእይቶ ኣብ ፅሟቕ ምይይጥኩም ኣቕምጡ፡፡
2. ኣብ መፅሓፍ ን9ይ ክፍሊ ትግርኛ ንምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ዝተዉሃበ ከመይ ትረእይዎ? ድሕሪ ዕምቆት ዘሎ ምይይጥ ውፅኢት ምይይጥኩም ብፅሑፍ ኣቕምጡ፡፡
3. ክእለት ፅሕፈት ንምዕባይ እዚ መፅሓፍ ዘለዎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ምውዳድ ፅሕፈትን ከመይ ትገልፅዎ?ሓበራዊ ዕልባት ንዝሃብኩምሎም ርእይቶኹም ብፅሑፍ ኣቅምጡ፡፡
4. ተፀናዓይ መፅሓፍ መትከላት ምምዕባል ክእለት ፅሕፈት ፣ ሜላታት መስተምህሪ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ምምላእ ዘለኩም ሪእይቶ ኣቅምጡ ፡፡
5. ተፀናዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ንምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ረብሓ፣ ግቡእነት ነቲ ደረጃ ክፍሊ ዝምጥን ፣ ድሌትን ባህግን ተምሃሮ ፣ ስፍሓት ትሕዝቶ ዕምቆት ምርዳእ ፣ ዕላማታት ትሕዝቶ ዘዕውትን ዘላቅነት ትሕዝቶን ኣብ ምምላእ ዘለዎ ኣቀራርባን ዝተወሃበ ትኹረት ብዕምቆት ድሕሪ ምምይያጥ ርእይቶኹም ኣቅምጡ

ንተሳትፎኹም ኣዝየ የመስግን!!

2017 ዓ.ም

ክፍሊ ክልተ፣ ቃለ-መሕትትን መምህራን ታሽዓይ ክፍሊ ትግርኛ

1. ክእለት ፅሕፈት ኣብ ምምሕያሽ ታሽዓይ ክፍሊ ትግርኛ ዘለዎ ግቡእነት ከመይ ትርእዮ/ኢዮ?
2. ክእለት ፅሕፈት ንምህላው እዚ መፅሓፍ ንታሽዓይ ክፍሊ ትግርኛ ዝተወሃበ ጠመተ ዘለካ/ኪ ርእይቶ እንታይ እዩ? ልዑል ወይ ትሑት እዩ ንዝብል ሪኢ'ኻ/'ኺ ብኣብነት ግለፅ/ፂ?
3. መርኣያታት ግቡእነት እዚ መፅሓፍ ብኣብነት ኣድኒፍኩም እስቲ ግለፀለይ/ፅለይ?
4. ትሕዝቶ ግቡእነት መፅሓፍ ታሽዓይ ክፍሊ ብመንፅር ምስትምሃር ክእለት ፅሕፈት ዘለኩም ሪእይቶን እንታይ ይመስል? ልዑል ወይ ትሑት ትሕዝቶኣዊ ግቡእነት ኣለዎ እትብልዎ ሓሳብኩም ብኣብነት ኣደኒፍኪ/ካ ግለፅ/ፂ?

ንተሳትፎኻ/ኺ ኣዝየ የመስግን!!

**ክፍሊ ሰለስተ፣ ፍተሻ ሰነድ**

ስዒቦም ዘለው ሕቶታት/ሓሳባት ኣብ ግቡእነት ክእለት ፅሕፈት፣ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ፍሰትን ክእለት ፅሕፈት ምምሕያሽ ተፀንዓይ መፅሓፍ ቋንቋ ትግሪኛ ንታሽዓይ ክፍሊ ንክእለት ፅሕፈት ዝተውሃቦ ጠመተን ዳህሰሳን መለክዕታት ኮይኖም ካብ ኣዝዩ ልዑል ክሳብ ትሑት ማለት እውን ካብ ሓደ ክሳብ ሓሙሽተ ዝሓዙ ኮይኖም ዝተዳለው እዮም ኔሮም። ውፅኢቶም ድማ ከም ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ ንኡስ ድምር ሓደ፣ ንኡስ ድምር ክልተን ንኡስ ድምር ሰለስተን ዘለው ሕቶታት ብቕደም ሰዓብ ምስ ሕቶታት መፅናዕቲ ሓደ፣ክልተን ሰለስተን ተዛሚዶም ንምፍታሽ መፅንዒት ዝተጠቐመትሎም መመዘኒታት እዮም። ኣብዚ መስፈሪ 5=ን ኣዝዩ ልዑል፣4=ንልዑል፣ 3=ንዘዕግብ፣2=ንትሑት፣ 1=ንኣዝዩ ትሑት ይውክል።

| ሪጋ | ዝርዝር ናይዚ ሰነድ መፈተሺ/መመዘኒ ነጥብታት/ረቛሒታት | ኣዝዩ ልዕል | ልዑል | ዘዕግብ | ትሑት | ኣዝዩ ትሑት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| | | 5 | 4 | 3 | 2 | 1 |
| ሰደቓ ሓደ፣ኣብቲ ተፀንዓይ መፅሓፍ ንክእለት ፅሕፈት ዝተወሃቦ ጠመተ ክንደየናይ እዩ? | | | | | | |
| 1.1 | ደጋዊ ክፍሊ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣቀራርባን ሰሓባይነትን፣ ዝሓዞ ሓበሬታ፣ ግልፅነት ሓበሬታ ሕብሪ መፅሓፍ እንትርአ፣ | | | | | |
| 1.2 | ንግቡእነት አቀራርባ ቃላትን ንውሓትን ፍሰትን ምሉእ ሓሳባትን ዝተውሃቦ ጠመተ፣ | | | | | |
| 1.3. | ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ሜላ ኣቀራርባ ትምህርትን ኣሳታፋይነትን ትሕዝቶ ዘተውሃቦ ተኹረትን እንትምዘን፣ | | | | | |
| ሰደቓ ክልተ፣ትሕዝቶዊ ግቡኡነት ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ይመስል? | | | ---- | | | ---- |
| 2.1 | እዚ መፅሓፍ ብመሰረት ስለበስን ኣዕጋቢ ብቅዓት ምምህርን እንትርአ፣ | | | | | |
| 2.2 | ኣብዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለው ንጥፈታት፣ኣብነታትን መምርሒታትን ትሕዝቶታት ባህሊ፣ እምነት፣ ኢኮኖሚያዊ ባይታ ዘገናዘቡ ኣብ ምኳን ዘሎ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባን ቅድን፣ | | | | | |
| 2.3 | ዕላማ ምስ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ምትእስሳርን ክእለት ፅሕፈት ንምዕባይ ዘለዎ ግቡእነትን እንትድህሰስ፣ | | | | | |
| 2.4 | ተፀናዓይ መፅሓፍ ምስቲ ደረጃ ክፍልን ኣዕጋቢ ብቅዓት ምምሃር ንምምላእ ዘለዎ ምትእስሳርን ምዕሩይነትን እንትፍተሽ ዘለዎ ግቡእነት፣ | | | | | |
| 2.5 | ትሕዝቶታት መምርሒ ንመምህርን ሲለበስን እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ዝምድና ኣብ ዝተመረፁ ርእሲታት/ትሕዝቶታት ቅድመ-መብርሂ ኣብ ምሃብን ኣቀራርባ ትሕዝቶ ማሕበራዊ ክእለትን ጋንታዊ ስራሕን ኣብ ምንፅብራቅን ዘለዎ ግቡእነት፣ | | | | | |
| 2.6 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ከም ብዕላማ ምፅሓፍ፣ ንልምምድ በሪ ዝኸፈተ፣ ደጋፊ ግብረ-መልሲ ምምላእን ተቖራሪብካ ምስራሕን ዝብሉ መትከላት ክእለት ፅሕፈት ዘማልአ ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ኣብ ምህላው፣ | | | | | |
| 2.7 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ካብ ምትላም ዕላማ ጀሚሩ ትርጉም ዘለዎ መረዳእታታት ብምእካብ በቢ መርሃ ግብሩን በቢ ግዚኡን ከይዳዊ ትንተናን ገምጋምን ስርዓተ ትምህርትን ካብ ቤት ትምህርቲ ክሳብ ላዕለዋይ ብርኪ/ሚኒስተር ትምህርቲ ይሳለጥን ኣብ ግብሪ ይውዕልን ኣብ ምኳን፣ | | | | | |
| 2.8 | ትሕቶኣዊ ኣቀራርባ እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ብመንፅር ረብሓ፣ ግቡእነት፣ ማሕበራዊ ተቀባልነት፣ጠቓምነት፣ ናይ ምምሃር ዓቅሚ ዘገናዘበ፣ድሌት ምምሃር ተምሃሮ፣ ምምጥጣን ስፍሓት ትሕዝቶ፣ ዕምቆት ምርዳእ፣ ዕላማታት ዘዕውትን ዘላቅነት ትሕዝቶን እንትርአ፣ | | | | | |
| 2.9 | ተፀናዓይ መፅሓፍ ሜላታት መስተምሃሪ ክእለት ፅሕፈት ከም ምውዳድ ፅሕፈት፣ምሕሳብን ምፅማድን፣ ተሓጋጊዝካ ምፅሓፍ ሰሰጊርካ ምፅሓፍ፣ ክፍቲ ብምግባር ምፅሓፍ፣ ቅንብር መሕትት፣ መሰረት ዝገበረ ዓንቀፅ ምምስራትን ዘማልአ ኮይኑ ኣብ ምድላው ዘለዎ ግቡእነትን ፍሰትን እንትምዘን፣ | | | | | |
| ሰደቓ ሰለስተ፣ ግቡእነት ኣቀራርባ ክእለት ፅሕፈት ኣብ ተፀናዓይ መፅሓፍ ታይ ይመስል? | | | | | | |
| 3.1. | ንኣፈላላይ ድሕረ-ባይታን ቅበላ ትምህርትን ፉሉይ ድሌትን ከባብን ዘገናዘበ አቀራርባ ትሕዝቶ ኣብ ምኳን፣ | | | | | |
| 3.2 | ሓደ ትሕዝቶ ትምህርቲ ምስቲ ዝሓለፈ ትሕዝቶ ትምህርቲ ዘለዎ ርክብን ብቅዓት ትሕዝቶኣዊ ግቡእነትን ኣምርን እንትርአ፣ | | | | | |
| 3.3 | ማሕበራዊ ህይወት ንምዕባይ ዘለዎ ድጋፍን ደረጃ ክብደት ትሕዝቶኣዊ ኣቀራርባ ቋንቋን ምስ ቅደም ሰዓቦም ኣቀራርባን ክእለት ፅሕፈት ዘለዎ ፍሰት ካብ ዝቐለለ ናብ ዝኸበደ ኣብ ምኳን፣ | | | | | |
| 3.4 | ምዕሩይነት እዚ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣመራርፃን ኣቀራርባን ቃላት፣ ቅለትን ክብደትን ሙሉአ ሓሳባትን፣ ፍሰት ሙሉእ ሓሳባትን ንጥፈታትን እትርአ፣ | | | | | |
| 3.5 | ካብ ቐረባ ናብ ርሑቕ ዘሎ ፍሰት ኣቀራርባን ግልፅነትን ዘለው ሕቶታት፣ መልመዲታትን መምርሒታትን ክእለት ፅሕፈት ዘማዕብሉ ኣብ ምኳን፣ | | | | | |
| 3.6 | ኣጠቓቕማ መሰጋገሪ ቃላት፣ ሙሉእ ሓሳባትን ዓንቀፅን ነቲ ርእሲ/ትሕዝቶ ዝገለፅ ናይ ኣቀራርባ ብቅዓት ኣብ ምህላው፣ | | | | | |
| 3.7 | መምሃሪ ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ኣደላልዋን ኣቀራርባን፣ ተኸታታልነት፣ትሕዝቶ ትክክለኛነት፣ ግልፅን ግቡእነትን ትሕዝቶ መገምገሚ ስርዓተ ትምህርቲ ጌሮም ይወስዱ ምኳኖም፣ | | | | | |
| 3.8 | ተፀንዓይ መፅሓፍ ዘለዎ ዓምዳውን ጎናውን ምትእስሳር፣ | | | | | |